ትግርኛ

መፅሓፍ ተምሃራይ
3ይ ክፍሊ

ገድስ መዳስውቲ

ተኽሉ ዕቋር
ትርሃስ መዝገበ
ጥሩወርቅ ኣስፋው

ምርግጋፅ ፅርየት

ተኽለሃይማኖት ገ/ዓዲቅ

መተሓባበሪ

ኣሰፋ በላይ

ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ
ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ

እዚ መፅሓፍ ብዓለም ለኻ ትካል ልምዓት ኣሜሪካ (United States Agency for International Development (USAID) ኣቢሉ ካብ ህዝቢ ኣሜሪካ ብዝተረኽበ ገንዘባውን ቴክኒካውን ሓገዝ፣ ብሚኒስቴር ትምህርቲ፣ ብቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይን ፕሮጀክት READ TAን ተዳሊዉ። ወፃኢ ሕትመት ድማ ብፕሮግራም ምርግጋፅ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ 2 (General Education Quality Improvement Program (GEQIOP II) ተሸፊኑ።

ሕጋዊ በዓል መሰል ቅዳሕ እዚ መፅሓፍ © 2006 ዓ.ም ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዲሪኢን ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይን እዮም።

ISBN: 978-99944-2-313-2

ሰደቓ ትሕዝቶ

1ይ መንፈቕ ዓመት

አርእስቲ		ገፅ
ሰሙን 1	----------	1
ሰሙን 2	----------	6
ሰሙን 3	----------	11
ሰሙን 4	----------	16
ሰሙን 5	----------	21
ሰሙን 6	----------	26
ሰሙን 7	----------	32
ሰሙን 8	----------	38
ሰሙን 9	----------	43
ሰሙን 10	----------	48
ሰሙን 11	----------	53
ሰሙን 12	----------	58
ሰሙን 13	----------	63
ሰሙን 14	----------	68
ሰሙን 15	----------	73

2ይ መንፈቕ ዓመት

ሰሙን 16	----------	79
ሰሙን 17	----------	84
ሰሙን 18	----------	89
ሰሙን 19	----------	94
ሰሙን 20	----------	99
ሰሙን 21	----------	104
ሰሙን 22	----------	109
ሰሙን 23	----------	113
ሰሙን 24	----------	118
ሰሙን 25	----------	123
ሰሙን 26	----------	128
ሰሙን 27	----------	133
ሰሙን 28	----------	138
ሰሙን 29	----------	142
ሰሙን 30	----------	148

ሓበሬታ ንወለዲ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ እዚ መፅሓፍ

መእተዊ

እዚ ን3ይ ክፍሊ ዝተዳለወ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣካል እቲ ህፃናት ደቅና ኣፍም ብዝኸፈቱሉ ቋንቋ ብዝግባእ ምንባብ፣ ምፅሓፍ፣ ምድማፅን ምዝራብን ንምብቃዕ ዝተዳለወ ስርዓተ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ እዩ። እዚ መፅሓፍ ዝተዳለወ፣ ህፃናት ንባብን ፅሕፈትን ከመይ ከምዝመልኩ ከርእዩ ዝኽእሉ መፅናዕቲታትን ባህሪያት ቋንቋ ትግርኛን መሰረት ብምግባር እዩ።

መሰረታዊ ሓሳባት እዚ ስርዓተ ትምህርቲ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. ተምሃሮ ድምፂ ኣብ ውሽጢ ቃላት ዘለዉ ፊደላት ፈልዮም ንኽፀርሑን ዘይልሙዳት ቃላት ብዝግባእ ንኽንብቡን፤ ድምፂታት ዝተፈላለዩ ፊደላት እቲ ቋንቋ ክመሃሩ ይግባእ።
2. ተምሃሮ ፊደላት ምንባብ ምስጀመሩ ሽዑ ንሽዑ በቶም ዝተምሃሩዎም ፊደላት ዝተመስረቱ ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ምንባብ ክጅምሩ ኣለዎም።
3. ተምሃሮ ክእለት ምድማፅ፣ ምዝራብ፣ ምንባብን ምፅሓፍን ንምምላኽ ዘኽእሉ ብዙሓትን ተደጋገምቲን መልመዲታት ክቐርቡሎምን ክለማመዱሎምን ኣለዎም። ፅዑቕ ልምምድ እንተኣካዪዶም ብዓርሰ እምነት፣ ብትኽክልን ብናህሪን ከንብቡ ይኽእሉ። ብዝርርብ ኮነ ብፅሑፍ ብትኽክልን ብግልፂን ሓሳቦም ክገልፁ ይኽእሉ።
4. ተምሃሮ ሓደስቲ ቃላት እንተንብቡን እንተዳምፁን ፍታሕ እዞም ቃላት እውን ክመሃሩ ኣለዎም። ፍታሕ ቃላት እንተፈሊጦም ብዛዕባ እንታይ ከም ዘንበቡ ይግንዘቡ፤ ነቲ ቋንቋኦም ብዝርርብ ኮነ ብፅሑፍ ብዝግባእ ይጥቀሙሉ።
5. ተምሃሮ ዘዳምፁዎምን ዘንብቡዎምን ዛንታታትን ነበረያ ነበረታትን ብዝግባእ ምእንቲ ክርድኡዎም ዝተፈላለዩ ክእለታት ኣንቢብካ ምግንዛብ ከምዘማዕብሉ ይእመን።

ግደ ወለዲ ኣብ ገዛ

ብሓፈሻ ወለዲ ንደቅኹም፤ ምንባብን ምዕሓፍን በቱ ቋንቋ ምጥቃምን ንኽመልኩ ክትሕግዙዎም ሓላፍነት ኣለኩም።

1. ዛንታታትን ነበረያ ነበረን ኣዘንትዉሎም።
2. ደቅኹም ነበረያ ነበረ ንክቕርቡ ሕተቱዎም።
3. እቶም ቀልዑ እቲ ዝተነበበሎም ወይ ዝተነገሮም ወግዒ ዝፈጠረሎም ስምዒት መሰረት ገይሮም ሓሳቦም ንኽገልፁ ምትብባዕ ይግባእ። እዚ፤ ህፃናት ኣዳሚዕካ ወይ ኣንቢብካ ናይ ምግንዛብ ተኽእሎኦምን ልሳነ ርቱእነቶምን ንኽምዕብል ስለዝሕግዝ እዩ።
4. ዛንታታት ሰሓባይ ብዝኾነ መንገዲ ኣንብቡሎም፤ ወይ ንኽንበበሎም ምግባር የድሊ። እዚ ክልተ ረብሓታት ኣለዉዎ። እቲ ሓደ፡ ንባብ እንታይ ዓይነት ድምፀት ክህልዎ ከምዝግባእ ንምፍላጥ፣ እቲ ካሊእ ንምንባብ ዘለዎም ድልየት ንኽለዓዓል ይሕግዝ። ብምኾቓል እቲ ዘንበብኩምዎ ዛንታ ብዛዕባ እንታይ ከምዘውግዕ ነቶም ህፃናት ክግለፀሎም ይግባእ።
5. እቶም ቀልዑ ምንባብ እንትጅምሩ ኣብዚ መፅሓፍ ዘለዉ ምንባባት ወይ ካልኦት መጠንቲ ፅሑፋት ብምሃብ ንኽንብቡ የተባብዑ/ዓ።ሓድሓደ ቃላት ንምንባብ ኣብ ዝፅገሙሉ እዋን ግቡእ ሓገዝ የወፍዩ/ያሎም።
6. ህፃናት ርእሶም ክኢሎም ንኽንብቡ ኣተባብዑዎም/ ኣለማምዱዎም።
7. ህፃናት ንመሓዙቶም ወይ ከዓ ንስድራኦም ሎሚ መዓልቲ ዝረአዩዎ ፍፃመን እቲ ፍፃመ ዝፈጠረሎም ስምዒትን ዝገልፁ ሓፀርቲ ደብዳበታት ንኽፅሕፉ ኣተባብዑዎም፤ ተኽታተሉዎም።

ትሕዝቶ መፅሓፍ ተምሃራይ

ንኡሳን ክፋላት እዚ ትምህርቲ

ኣብዚ መፅሓፍ ዘለዉ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ብሓበርቲ ምስሊታት /Icons/ ዝተወከሉ ንኡሳን ክፋላት ዝሓዙ እዮም። መብዛሕትኦም ንኡሳን ክፋላት ምስ ሕድሕድ ትምህርቲ ይኣተዉ። ሓድሓደ ንኡሳን ክፋላት ግን ምስ ውሑዳት ትምህርቲታት ጥራሕ ይመፁ።



ኣዳማዊ ምርዳእ

እዚ ክፋል ትምህርቲ ኣብ ኣዳማዊ ምግንዛብ ዘድሃበ እዩ።

ህፃናት ኣብ እዋን ትምህርቲ ምድማፅ፡

- ብመምህር ዝቐርብ ነበረያ ነበረ ወይ ሓበሬታ የዳምፁ፤
- ብዛዕባ ምስ እቲ ምንባብ ዝቐረበ ርእሲን ስእሊን የስተንትኑ፤
- ካብቱ ዘዳመፁዎ ዛንታ ወይ ፅሑፍ ንዝወፀ ሕቶታት ምላሽ ይህቡ።
- ኣብ እቲ ዛንታ ዘለዎም ኣረኣእያ ብቃል ወይ ብፅሑፍ ንመሓዙቶም ይነግሩ።

ግደ ወለዲ ኣብ ገዛ፡-

- ካብቱ ዘዳመፁዎ ዛንታ ወይ ነበረያ ነበረ እንታይ ከምዝዝክሩ ሕተቱዎም።
- ካብቱ ዘዳመፁዎ ዛንታ ወይ ነበረያ ነበረ ሓድሓደ ሓሳባት ወይ ዝዝክሩዎም የመና ጠቐምቲ ዝብሉዎም ቃላት ንኽፅሕፉ ግበሩ።
- ነቲ ዛንታ ወይ ፅሑፍ መሊሶም ንኽዘንትዉ ይግበሩ። እዚ ነቱ ህፃን ኣዝዩ ሓጋዚ ተግባር እዩ።



ምጥማርን ምንባልን

ትኹረት እዚ ንኡስ ክፋል፤ ኣብ ምንባብ ቃላትን ኣብ ውሽጢ ቃል ዘለዉ ፊደላት ወይ ምእላዳት ብምንባል ፊደላትን ምእላዳትን ንኽፀርሑ ብምግባር ክእለት ንባብ ምዕባይ እዩ። ተምሃሮ 3ይ ክፍሊ ከድህቡ ዝግባእ ኣብ ፍታሕ ዘለዎም ጥብቆታትን/ ምእላዳትን/ እዩ።

ህፃናት ኣብ እዋን ትምህርቲ ምጥማር ምንባል፡-

- ቃላት ይጠምሩ። ድምፂ ሕድሕድ ፊደል ነፂሎም ይፀርሑ፤ ነቶም ፊደላት ጠሚሮም የንብቡ፤
- ቃላት ይንፅሉ። ዝቐረቡሎም ቃላት የንብቡ፤ ነቱ ቃል ናብ ብርኪ ፊደል ወይ ምእላድ ይንፅሉ፤
- ኣብ ውሽጢ ቃል ዘለዉን ፍታሕ ሓዘል ዝኾኑን ጥብቆታት ይፈልዩን የንብቡን።

ግደ ወለዲ ኣብ ገዛ፡-

- ፈደላትን ጥብቆታት ከመይ ከም ዝጠምሩን ከም ዝንዕሉን ንኽርእዩኹም ሕተቱዎም። እዚ፣ ህፃናት ነቱ ክይዲ ምጥማር ምንፃል ብዝግባእ ንኽመልኩዎ ዝሕግዝ ልምምድ እዩ።



ዓርሰ ንባብ

ትኹረት እዚ ንኡስ ክፋል፤ ተምሃሮ ብደረጃኦም ክግንዘቡዎም ዝኽእሉ ሓፀርቲ ዛንታታትን /ነበረያ ነበረታት/ ሓበርቲ ፅሑፋትን ንኽንብቡ ኣብ ምልምማድ እዩ።

ህፃናት ኣብ እዋን ትምህርቲ ምጥማር ምንፃል፡-

- ዝቐረበሎም ፅሑፍ የንብቡ፤
- ካብቱ ምንባብ ንዝወፀ ሕቶታት ምላሽ ይህቡ፤
- ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ኣመልኪቶም ይመያየጡ፤
- ኣብቱ ምንባብ ዘለዎም ግንዛበ ብፅሑፍ ይገልፁ።

ግደ ወለዲ ኣብ ገዛ፡-

- ኣብቲ ዕለት ዝመሃሩዎ ዓርሰ ንባብ ብምርኣይ ንኽንብቡልኩም ኣተባብዑዎም፤
- ኣብ ሕሉፍ ግዘ ዘንበቡዎ ዛንታ /ዓርሰ ንባብ/ ምስረኣኹም ደጊሞም ንኽንብቡልኩም ግበሩ።
- ኣብ እዋን ንባብ ብዝግባእ ንምንባብ ዘፀግሙሎም ቃላት እንተሃሊዮም ብኽመይ ከንብቡዎም ከምዘለዎም ብምሕባር ብትኽክል ንኽፀርሑ ኣተባብዑዎም።
- ደቅኹም ነቱ ዛንታ ዝፈተዉዎ ምኂኖምን ንምንታይ ከምዝፈተዉዎን / ከምዘይፈተዉዎ/ ንኽረድኡኹም ግበሩ።



ቃላት

እዚ ንኡስ ክፋል ትምህርቲ፣ ኣብ ምምሃርን ምጥቃምን ሓደስቲ ቃላት ዘድሃበ እዩ።

ህፃናት ኣብ እዋን ትምህርቲ ቃላት፡-

- ካብ መምህር ብዝቐርብ ገለፃ ወይ ካብ ዘንብቡዎ ዕሑፍ ሓደስቲ ቃላት ይመሃሩ፤
- ቃላት ምስ ስእሊታት ወይ ምስ መግለፂኦም ዝኾኑ ሓሳባት የዛምዱ፤
- ምስቱ ዝተምሃሩዎ ቃል ዝመሳሰል ወይ ዝፃረር ቃል ይፀርሑ።
- ዝተምሃሩዎም ሓደስቲ ቃላት ኣብ ምሉእ ሓሳብ ምእታው ይለማመዱ።
- ዝኣተዉሉ ምሉእ ሓሳብ ወይ ዕሑፍ ብምርኣይ ፍታሕ ቃላት ምውሳን ይለማመዱ።

ግደ ወለዲ ኣብ ገዛ፡-

- ብዛዕባ ኣብ እዚ ዕለት ዝተምሃሩዎም ቃላት ንኽዛረቡ ሕተቱዎም።



ፅሕፈት

ትኹረት እዚ ንኡስ ክፋል፡ ኣብ ምፅሓፍ ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ዓንቀፅን ዘድሃበ እዩ።

ህፃናት ኣብ እዋን ትምህርቲ ፅሕፈት፡-

- ኣብ ውሽጢ ቃላት ዘለዉ ፊደላት ምንባብን ቃላት ምዕሓፍን ይለማመዱ።
- ብቃል ዝንገርዎም ሓሳብ ብምዕሓፍ ፊደላት ፈልዮም ምዕሓፍ ምኽኣሎም የመልክቱ።
- ሓሳቦምን እምነቶምን ንምምሕላፍ /ንካልኦት ንምክፋል/ ሓረጋት ምሉእ ሐሳባትን ሓፀርቲ ዓንቀፃትን ይፅሕፉ።

ግደ ወለዲ ኣብ ገዛ፡-

- ዕቡኞ ዝበሃል ኣወዳድቓ ብርዒ ንኽህልዎም ዝርእዩዎም ቃላት ኣምሲሎም ኣብ ደብተሮም ንኽፅሕፉ ሕተቱ።
- ኣብ ውሽጢ ቃል ዘለዉ ፊደላት ፈልዮም ንኽፀርሑ ግበሩ።

- ኣብ እዋን ፅሕፈት ዝፍፅሙዎም ጌጋታት ኣሪሞም ንክፅሕፉ ሓግዙዎም፤ ኣተባብዑዎም።
- ኣብ ዝተልዓለ ርእሰ ጉዳይ ዘለዎም ግንዛበ ንምግላፅ ሓፀርቲ ዛንታታትን ዓንቀፃትን ንክፅሕፉ ኣተባብዑዎም።

ምድማፅ

ተላበድቲ ሕማማት



ሀ. ካብዞም ዝተዘርዘሩ ሕማማት ኣብቲ ምንባብ ንዘዳመፅኩምዎም ጥራይ ምልክት “X” ኣቕምጡ።

ዓይነታት ሕማም					
ዓሶ	ብልሃርዝያ	ውፅኣት	ቀሓር	ሰዓል	ጎንፊ
ኣሜባ	ዓበቕ	ቁርፀት	ለምሲ	መርዘን	ሓቢ

ለ. እዞም ዝስዕቡ ሕማማት ዝመሓላለፉሉ መንገዲ ሓብሩ።

ዓይነታት ሕማም		ዓሶ	ብልሃ ርዝያ	ውፅኣት	ጎንደራ	ሰዓል	ዓይኒ ሓሰኻ	ኣሜባ	ዓበቕ	ሓቢ
ዝመሓላለፉሉ መንገዲ	ትንፋስ									
	ምትንኻፍ									
	ዋሕዲ ፅርየት									

ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. እናጠመርኩም ኣንብቡ።

ኣብነት 1. 1+8= <u>ሕቶታት</u> 2. 3+7= 3. 5+4= 4. 6+7=

1. ሕቶ	2. ኮበርታ	4. -ኣት	6. መድሓኒት
8. -ታት	3. ከንፈር	5. ኣካል	7. -ኦም

ለ. ጥብቆታትን ቃላትን ነዚልኩም ኣንብቡ።

ኣፀቢቹ	ብረስኒ	እናወረሰ	ብኽልተ	ዝረኣያ	ተሓዚባ



ዓርሰ ንባብ

ተንንፎ ዘምዘም



ተምሃሪት ዘምዘም ካብ ትሓምም ነዊሕ እያ ገይራ። ሎሚ መዓልቲ ግና ኣብ መምሃሪ ክፍላ ኣትያ ርእሳ ኣብ ጣውላ ደፊኣ። ኣካላታ ብርሃፅ ተሓዚቡ። ነብሳ ብረስኒ ተቓዚሉ። ንብዓታ ብኽልተ ኣንፈት ምዕጉርታ እናወረደ መላእ ኣካላታ ኣንቀጥቀጠ።

ካብተን መሓዙታ ሓንቲ ረኣየታ። ካብ ክፍሊ ኣውሊኣ ድማ ናብ ሓላፊ ክፍለን ዛታ ከደት። ሓላፊ ክፍሊ ናብ ገዘኣ ክትወስዳ ሓቢርዋ። መሓዝኣ ስላስ ከምቲ ዝተብሃለቶ ናብ ኣዲኣ ወሲዳ ኣረከበታ።

ሓደ መዓልቲ ኣዲኣ ዝሓመሙ ጎረቤተን ክርእያ ናብ እንዳ ኣቦይ ፍቓዱ ኣግለሳ። ኣቦይ ፍቓዱ ኣብ ዓራት ደቂሶም፣ ብኾቦርታታት ተደብዲቦም ረኸባኦም። ንኣደይ ስዓዳ ምስ ረኣዩ፣ ካብ ዓራቶም ተልዓሉ። ዘንቀጥቀጥ ነብሶምን ርሃያምን ርእየን ሕማሞም ምስ ሕማም ጓለን ኣዛመድኦ። ካብቲ ሓኪም ዝኣዘዘሎም መድሓኒት ዓሶ ንጓለን ዝኸውን መቐሎም ክህብወን እውን ተማሕፀንኦም። ኣቦይ ፍቓዱ ግና ኣብ ሕክምና ከመርምርኣን ናይ ባዕላ መድሓኒት ክህባኣን ኣትሪሮም ነገርወን።

ሀ. እናንበብኩም መልሱ።

1. ዘምዘም ኣብ መምሃሪ ክፍላ እንታይ ኣጋጢሙዋ?
2. መሓዛ ዘምዘም መን ትብሃል?
3. ሕማም ኣቦይ ፍቓዱ እንታይ ነይሩ?

ለ. ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ኣቦይ ፍቓዱ ንኣደይ ሰዓዳ እንታይ ኢሎምወን?
2. ኣደይ ሰዓዳ ሕማም ዘምዘምን ኣቦይ ፍቓዱን ዘመሳሰለኦ ንምንታይ እዩ?
3. ኣብ ክፍሊ ሓደ ሰብ ከም ዘምዘም እንተዝሓምም እንታይ ምገበርኩም?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንባልን

1. ቃላትን ጥብቆታትን እናጠመርኩም ኣንብቡ።

ጥብቆታት	ኣ-	ብ-	እና -	ብ -	ዝ -	ተ -
ቃላት	ፀቢቐ	ረስኒ	ወረዳ	ክልተ	ረኣያ	ሓዚባ

2. ቃላትን ጥብቆታትን ነዚልኩም ኣንብቡ።

መድሓኒታት	ኣካላት	ኮበርታታት	ኩነታት	ሰባት	ዓመታት

ዓርሰ ንባብ

ተጓንፎ ዘምዘም

1. ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት እናንበብኩም መልሱ።

1. ምዕጉርታ 2. ኣግለሳ 3. ተደብዲቦም 4. ተማሕፀንኦም 5. ኣትሪሮም

2. ዋና ዋና ሓሳባት እቲ ምንባብ ፀሓፉ።

ቃላት

ኣብ ጉጅለ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ቃላት ኣብ ጉጅለ "ለ" ምስ እተዘርዘሩ ቃላት ብተመሳሳሊ ፍታሕ ኣዛምዱ።

ሀ	1. መድሓኒት	2. መሓዛ	3. መቐሉ	4. ኣትሪራ	5. ተማሕፂኖም
ለ	ሀ. ዓርኪ	ለ. ኣፅኒዓ	ሐ. ለሚኖም	መ. ፈውሲ	ረ. ከፊሉ

ፅሕፈት

ዘረባ ሕድሕድ ሰብ ፀሓፉ።






3ይ መዓልቲ



ምድማዕ

ተላበድቲ ሕማማት

ሀ. ነቲ ምንባብ እናዳመዕኩም ነቶም ባዶ ቦታታት ቅኑዕ ብዝኾነ መልሲ ኣማልኡ።

1. _____ ዓቕሚ የስእን።
2. ዘይበሰለ ምግቢ ምብላዕ ሕማም_____ የስዕብ።
3. ዋሕዲ _____ ቀንዲ መንቀሊ ተመሓላለፍቲ ሕማማት እዩ።

ለ. ኣዳሚዕኩም መልሱ።

1. ክልተ ተላበድቲ ሕማማት ግለፁ።
2. ካብቲ ምንባብ እንታይ ተማሂርና?
3. ውልቀን ከባቢያዊን ዕርየት እንትንብል እንተለና እንታይ ማለትና እዩ?



ዓርሰ ንባብ



ዘምዘም ኣብ ሕክምና

ኣደይ ሰዓዳ ንዘምዘም ሒዘን ኣብ ቀረባአን ናብ ዝርከብ ሕክምና ከዳ። ኣብኡ ምስ በዕሓ ኣዝዩ ስለዝደኸመን ተቐዳዲመን ኣብቲ መንበር ተቐመጣ። ነቲ ሓኪም፣ “ናይ ዓሶ መድሓኒት ዶ ኣለኩም?” በልኡ። እቲ ሓኪም ፍዑም ብምግራም “እንዳ ድኳን ኣይኮነን ማማ” በለን። “ኣነ እውን እኮ ድኳን ኢለ ኣይመሳእኩን!” በልኡ እናንፀርፀራ።

“እዛ ጓለይ ኩሉ ግዘ ‘ነብሰይ ይቐራጥመኒ፣ የንቀጥቅጠኒ፣ ምሉእ ኣካላተይ ድማ ብረሃፅ ይሕፀብ’ እያ ትብል። እዚ ካብ ጎንፊ ወይ ዓሶ ሓሊፉ እንታይ ክኸውን ይኽእል?” በልኡ። እቲ ሓኪም እናሰሓቐ “ቅድሚ ምርመራ ዝኾነ ይኹን ሕማም ምፍላጥ ከቢድ እዩ፤ ስለዚ ክንምርምራ” በለን።

ኣደይ ሰዓዳ ብሓሳቡ ተሰማምዓ። ዘምዘም ተመርሚራ። ሕማማ ግና ከምቲ ዝበልኡ ጎንፊ ወይ ዓሶ ዘይኮነስ ሕማም ሸሮኽ ምኺኑ ነገረን። መድሓኒት እውን ኣዘዘላ። ኣብ እዋኑ ክህብኣ ገሊፁ ድማ ኣሰናበተን።

ሀ. እናንበብኩም መልሱ::

1. ኣደይ ሰዓዳ ነቲ ሓኪም እንታይ ኢለን ሓቲተንኦ? ንሱኸ እንታይ ኢሉ መለሰለን?
2. ድሕሪ ምርመራ ሕማም ዘምዘም እንታይ ኮይኑ ተረኺቡ?

ለ. ኣንቢብኩም መልሱ::

1. ምልክታት ሕማም ዘምዘም እንታይን እንታይን ነይሮም?
2. እቲ ሓኪም ንኣደይ ሰዓዳ "እንዳ ድኳን ኣይኮነን ማማ" ዝበለን ንምንታይ እዩ?

ቃላት

ኣብ ሞንጎ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ዘሎ ኣፈላላይ ግለፁ::

ሀ. ሕቶ/ሕቶታት	ለ. ኣካል/ኣካላት	ሐ. ከንፈር/ከናፍር	መ. መሓዛ/መሓዙት

4ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ጠሚርኩም ፀሓፉ::				
ቃል	ኣካል	ኮቦርታ	ከንፈር	መድሓኒት
ጥብቆ	- ኣት	- ታት	- ኦም	- ኣት

ለ. ነዚልኩም ፀሓፉ::			
ኣካላት	ኮቦርታታት	ከንፈሮም	መድሓኒታት

ዓርሰ ንባብ

ዘምዘም ኣብ ሕክምና

ካብቲ ምንባብ ሰለስተ ቀንዲ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ::

ፅሕፈት

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳብ ህንፁ::

1. ተላበድቲ 2. ትንፋስ 3. ምትንኻፍ 4. ምልክት 5. ረሳሕ 6. ፅርየት

ሰሙን 2

ምድማፅ

ክንክን ዝሓመመ ሰብ



ሀ. እናዳመፅኩም መልሱ።

1. ሓደ ሰብ ሓሚሙ እንብሎ እንታይ ክኸውን እንተሎ እዩ?
2. ከባቢያዊ ዕርየት እንታይ የጠቓልል?

ለ. ኣዳሚፅኩም መልሱ።

1. ውልቀ ዕርየት እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣብ ገዛኹም ሓደ ሰብ እንተሓሚሙ ከመይ ትከናኸኑዎ?

ምጥማርን ምንባልን

ሀ. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

1. በዕሐ + ት
2. ተ + ዓዕዩ
3. ብ + ርሑቕ
4. ዝ + ሓዘ
5. ጀመረ + ት

ለ. ነዚልኩም ኣንብቡ።

ተዓዕዩ	ብርሑቕ	ጀመረት	በዕሐት	ወዓለት	ዝሓዘ

ዓርሰ ንባብ



ኣባዲ ናበይ ከይዱ?

ኣባዲን ስንዳዮን ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብሩ ተምሃሮ ሳልሳይ ክፍሊ እዮም። ሓደ መዓልቲ ስንዳዮ ኣብታ ኩሉ ግዘ ዝራኸቡላ እግሪ ዓባይ ዳዕሮ ደው

ኢላ ተፀበየቶ። ኣባዲ ግና ኣይመፀን። ሰዓት መእተዊ ቤት ትምህርቲ ምስ ኣኽለ ንበይና ከደት። ፋዱስ ምስ ኮነ ድማ ገዝኣ ገዲፉ እንዳ ኣባዲ በፅሐት። እንዳ ኣባዲ ግና ተዓፅዩ ረኸበቶ። ንገዝኣ ገፅ መንገዲ ምስ ጀመረት፣ ኣደ ኣባዲ ብርሑቕ ክመፃ ረኣየተን። ኣብ ኢደን በራድ፣ ፍረምረ ዝሓዘ ፌስታልን ኮቦርታን ምንጥልጣለን ኣስተውዓለት። ቀስ ኢላ ናብአን ብምቕራብ፣ ኩነታት ኣባዲ ሓተተተን። ንሰን ድማ ፣ “ኣባዲ ሓሚሙ ስለዝሓደረ ፈለማ ናብ ናቕኣጣ ጥዕና ወሲደዮ። ቀሊለ ናብ ጣብያ ጥዕና፣ መወዳእታ ድማ ናብ ሆስፒታል ኣብዚሐዮ” ኢለን ገለፃላ። ሃንደበታዊ ሕማም ኣባዲ ንስንዳዮ ኣሰንበዳ።

ሀ. እናንበብኩም መልሱ።

1. ኣባዲን ስንዳዮን ተምሃሮ ክንደይ ክፍሊ እዮም?
2. ኣባዲ ምስ ሓመመ ኣዲኡ እንታይ ገይረን?

ለ. ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ኣብ ሆስፒታል ዝደቀሰ መን እዩ?
2. ገዛ ኣባዲ ተዓፅዩ ምስ ፀንሐ ስንዳዮ እንታይ ተሰሚዑዋ?

2ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንፃልን

1. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

ሀ. ቤት ትምህርቲ

ለ. ጣብያ ጥዕና

ሐ. ሕጊ መንግስቲ

መ. ሕብረተ ሰብ

ረ. ፍረ ምረ

2. ነዞም ዝስዕቡ ጥማር ቃላት ነፂልኩም ኣንብቡ።

ሀ. ፍረምረ	ሐ. ጣብያጥዕና	ረ. ሕብረተሰብ
ለ. ቤትትምህርቲ	መ. ሕገመንግስቲ	



ዓርሰ ንባብ

ኣባዲ ናበይ ከይዱ?

1. እናንበብኩም ፍታሕ ድለዩ። (ፈለማ፣ ፋዱስ፣ ሰንበደ፣ ሃንደበታዊ ፣ኣኸለ)
2. “ኣባዲ ናበይ ከይዱ” ንዝብል ፅሑፍ ኣሕዊርኩም ኣዘንትዉ።



ቃላት

ፍታሕ ሕድ ሕድ ፅምዲ ቃላት እናነፃፀርኩም ግለፁ።

1. መዊኡ/መዊአ
2. ኣስተውዓለት/ኣስተውዓለ
3. ኣንጠልጢላ/ኣንጠልጢለን
4. ርእየ/ርእየን



ፅሕፈት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብምግጥጣም ሰለስተ ምሉእ ሓሳብ ህነፁ።

ሰብ	ሕማም	ናብ	የስዕብ	ክንክን	ፅርየት
ንወስዶ	ናቕጣ	ዋሕዲ	ንዝሓመመ	ጥዕና	የድልዮ

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ክንክን ዝሓመመ ሰብ

ሀ. ነቲ ፅሑፍ እናዳመፅኩም ቀጢሉ ኣብ ዝመፅእ ሓሳብ ዘለኩም ግምት ተዛረቡ።

ሀ. ሓደ ሰብ ምሕማሙ ምስፈለጥና ዝብላፅ ምግብን _____ ነቕርበሉ።

ለ. ፅርየት ክበሃል እንከሎ ውልቃዊ ወይ ድማ _____ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ለ. “ክንክን ዝሓመመ ሰብ” ካብ ዝብል ምንባብ ቀንዲ ሓሳባት ዘመላኽቱ ሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።



ዓርሰ ንባብ

ሓልዮት ስንዳዮ



ስንዳዮ ንኣባዲ ኣዝያ እያ ናፊቓቶ። ካብ ቤት ትምህርቲ ተሪፉ ስለዘይፈልጥ ሓዱሽ ነገር እዩ ኮይኑዋ። ኣባዲ ካብ ሆስፒታል ተመሊሱ። ስንዳዮ ካብ ትምህርታ ናብ ገዝኡ እናኸደት ክትመሃሮ ዝወዓለት ተንብበሉ። ንሱ ድማ ኣብ ዓራቱ ኮይኑ ይሰምዓ።

ኣባዲ ካብቲ ዝነበሮ ሐዚ ሒሽዎ እዩ፤ ኮይኑ ግና ካብ ዓራቱ ክለዓል ኣይከኣለን። ስንዳዮ ካብ ቤት ትምህርቲ ምስተመለሰት ክሳዱ ኣቕኒዓ ማይ ተስትዮ። ኮቦርታኡ ትነግፈሉ፤ ዓራቱ ተናፍሰሉ። ገዝኡ ወልዊላ ተዕርየሉ። ፍረምረ ፀሚቓ ብምሃብ ድማ ተስትዮ።

ኣደ ኣባዲ ሓልዮት ስንዳዮ ርእየን ኣዝየን ተገረማ። ስንዳዮ ቆልዓ ትኹን ደኣ እምበር ለባምን መስተውዓሊትን ምኺና ተዓዘባ። ኣብ ገዛ ሓጋዚ ሰብ ዘይብለን ምኺነን ርእያ፤ ካብኡን ኣይተፈልየትን። ንኣባዲ ተርእዮ ዝነበረት ክንክን ብልበን እናድነቓ ኣዝየን ፈተዋኣ።

ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ስንዳዮ ንመን ናፊቓ?
2. ሓደ ተምሃራይ ኣብ ክፍሊ እንተዝሓምም እንታይ ምገበርኩም?



ቃላት

ኣብ “ሀ” ዘለዉ ቃላት ኣብ “ለ” ምስ ዘለዉ ቃላት ብተግራሪ ኣዛምዱ።

ሀ	1. ለባም	2. ሕማም	3. ዕረፍቲ	4. ዕርየት	5. ሓዱሽ
ለ	ሀ. ድኻም	ለ. ርስሓት	ሐ. ሃሳስ	መ. ብላይ	ረ. ጥዕና



ፅሕፈት

ንዝንበቡልኩም ቃላት እናዳመፅኩም ፀሓፉ።

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንዛልን

ሀ. ቃላትን ጥብቆታትን እናጣመርኩም ፀሓፉ።

ውልቀ -ኣዊ	ዓራት -ኡ	ኣይ- ከኣለ -ን
እና- ኸደ -ት	ዝ- ወዓለ -ት	ዝ- ነበረ -ት

ለ. ቃላትን ጥብቆታትን ነዚልኩም ፀሓፉ።

ውልቃዊ	ዓራቱ	ኣይከኣለን	እናኸደት	ዝወዓለት	ዝነበረት



ዓርሰ ንባብ

ሓልዮት ስንዳዮ

ኣንቢብኩም መልሱ።

ሀ. ኣባዲ ምስ ሓመመ ትከናኸኖ ዝነበረት መን እያ?

ለ. ኣደ ኣባዲ ብስንዳዮ ዝተደነቓሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?



ቃላት

ኣፈላላይ ፍታሕ ሕድ ሕድ ፅምዲ ቃላት ግለፁ።

ሀ. ናፊቑዋ/ናፊቓቶ	ሐ. ከዲኑዋ/ከዲናቶ	ረ. ተምሂሩ/ተምሂራ
ለ. ከይዳ/ከይዱ	መ. ገዚኣ/ገዚኡ	



ምድማፅ
ምክል'ካል ሕማም







ሀ. እናዳመፅኩም መልሱ::

1. ዝተመጣጠነ ምግቢ እንታይ እንታይ የጠቓልል?
2. ረብሓ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ግለፁ::

ለ. ኣዳሚፅኩም መልሱ::

1. ኣብ ገዛና ዝተኣከበ ጕሓፍ እንታይ ክንገብሮ ይግባእ?
2. ዘይበሰለ ስጋ ምብላዕ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ?



ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ጠሚርኩም ኣንብቡ::

1.	ምስ	ወግሐ		2.	ዝ	ለመሰ		3.	ከም	ዘሎ		4.	ዘይ	ጥዑም

ለ. ነዚልኩም ኣንብቡ::

1. እናፀመቐ	3. ብሕማም	5. ከምዘሎ
2. ዝለመሰ	4. ምስወግሐ	6. ዘይጥዑም



ዓርሰ ንባብ

ሳዕቤን ሳእኒ ዘይምግባር



ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ብሕማም ኣልምሲ (ፖ'ልዮ) ኣካሉ ዝተጎድአ ሳሚ ዝበሃል ቆልዓ ነበረ። ኣዲኡ ሳእኒ ንኽገብር ኩልግዘ እንተነገረኡ እውን ክሰምዕ ኣይከኣለን።

ምስ መሓዙቱ ዕርየት ኣብ ዘይብሉ ቦታ ክፃወት ይውዕል። ሓደ ምሸት ውዕኣት ሓሚሙ ሓደረ። ኣዲኡ ካብ ነብሱ ብመልክዕ ውዕኣት ንዝወዕእ ፈሳሲ መተካእታ ዝኾነ ዝተፈላለዩ ፍረምረ እናፀመቖ ኣስተየኡ።

መሬት ምስ ወግሐ ግና ኣብ ቀረብኣን ናብ ዝርከብ ናቑጣ ጥዕና ወሰድኡ። ሓኪም፣ ንሳሚ መርሚሩ መድሓኒት ኣዚዙሉ። ድሕሪ እዚ፣ ዕርየት ኣብ ዘይብሉ ቦታ ጥራይ እግሩ ክፃወት ከም ዘይብሉ ነገሮ። ጥዕንኡ ንምሕላው ክገብሮ ዝግብኡ ጥንቃቐ ድማ ኣስተምህሮ ሂቡ ንገዝኡ ሰነዮ።

ሀ. እናንበብኩም መልሱ።

1. ሳሚ ካብ ነብሱ ዝወፀ ፈሳሲ ንምትካእ እንታይ ሰትዩ?
2. ሳሚ ንምንታይ ሓሚሙ?

ለ. ኣንቢብኩም መልሱ።

1. እቲ ሓኪም ንሳሚ እንታይ ኢሉ መኺርዎ?
2. ጉዱእ ኣካል እንታይ ማለት እዩ?

2ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንዛልን

1. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

ሀ. ብ ውዕኣት

ለ. ን ገዛ

ሐ. ን ምሸቱ

መ. ምስ ሓመመ

ረ. እንተይ ወግሐ

2. ነዚልኩም ኣንብቡ።





ዓርሰ ንባብ

1. እናንበብኩም ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላትን ሓረጋትን ድለዩ።

ሀ. ሕማም ኣልምሲ ለ. ክወሳወስ ሐ. ውዕኣት መ. ዝተጠቐዐ

2. “ሳዕቤን ሳእኒ ዘይምግባር” ካብ ዝብል ምንባብ 3 ቀንዲ ሓሳባት ፀሓፉ።



ቃላት

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ናብ ብዙሕ ቁፅሪ ቀይሩ።

ኣብነት፡- እግሪ = ኣእጋር

1. ዓይኒ	2. ከልቢ	3. እኽሊ	4. ኢድ	5. ፈረስ	6. ኣድጊ

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ናብ ንፅል ቁፅሪ ቀይሩ።

1. ኣእዛን	2. ኣሕምልቲ	3. ኣጣል	4. ኣባጊዕ	5. ኣጭርቐቲ	6. ኣካላት



ፅሕፈት

ነዞም ዝተዛብዐ ሓሳባት ብቐድም ሰዓብ ሰሪዕኩም ዓንቀፅ ፀሓፉ።

1. ናብ ናቐጣ ጥዕና ከይዱ።
2. ውዕኣት ሒዙዎ።
3. ዕርየት ኣብ ዘይብሉ ቦታ ተፃዊቱ።
4. ሳሚ ጥራይ እግሩ ከይዱ።
5. መተካእታ ፈሳሲ ተዋሂቡዎ።
6. ጥንቃቐ ክገብር ኣስተምህሮ ተዋሂቡዎ።

3ይ መዓልቲ



ምድማዕ

ምክልኻል ሕማም

ሀ. እናዳመዕኩም መዘክር ሓዙ።

ለ. ነቲ ዝሓዝኩሙዎ መዘክር ዕሑፍ ብቓልኩም ኣቕርቡ።



ዓርሰ ንባብ

“መምህር ሳሚ”



ሳሚ፣ ከም ልቡ ከይጎይይን ከይወሳወስን ኣእጋሩ የሸግሩሉ ነበሩ። ጉዱእ ኣካል ምኺኑ ዝረኣዩ ተምሃሮ ድማ ዋላ ሓንቲ ከምዘይክእል ይሓስብዎ ነበሩ።

ሓደ መዓልቲ፣ ኣብ ክፍለ ግዘ ጥንካረ ኣካል ክንቀሳቐስ ጀመረ። በቲ ዘርኣዮ ንጥፈትን ምንቅስቓስን መማህርቱ ኣዝዮም ተገረሙ።

ሓድሓደ ግዘ፣ ኣብ ክፍሉ ዝሓሙ ሰባት የጋጥምዎ። ኣብዚ ግዘ፣ ማይ ብምስታይን መስኮት ብምኽፋትን ዕሩይ ኣየር ንክረኽቡ ብምግባርን ሳሚ ይተሓባበሮም። ካብኡ ሓሊፉ ድማ ንመምህር ብምንጋር እኹል ዕረፍቲ ንክወሃቦም ይሕብር።

ኣብ ቤት ትምህርቶም ሕማም ዓይኒ ሓሰኻን ዓሶን ዘስዕቡ ዝረስሑ ቦታታት የጋጥምዎ። ሳሚ ከዓ ነቶም መማህርቱ ብምትሕብባር ሓቢሮም የዕርዩ። ዕርየት ኣብ ዘይብሉ ቦታ ምዕዋት ዘምዕኦ ሳዕቤን ይሕብረሎም። መማህርቱ ኣኪቡ ድማ ከምቲ ሓኪም ዝነገሮ ገይሩ፣ ኣስተምህሮ ይህቦም። ነዚ ዕቡኞ ስነ-ምግባሩ ዝርኣዩ ተምሃሮ “መምህር ሳሚ” ዝብል ሳጓ ኣውዕሉሉ።

ካብዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ቅኑዓት ንዝኾኑ “ሓቂ” ቅኑዓት ንዘይኮኑ ድማ “ጌጋ” እናበልኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ሳሚ ጉዱእ ኣካል ብምኺኑ ኣብ ክፍለ ግዘ ጥንካረ ኣካል ምንቅስቓስ ይሸገር ነበረ።
2. ሳሚ ንደቂ ክፍሉ ኣስተምህሮ ሂቡ።
3. ሳሚ ኣብ ክፍሉ ዝሓመሙ ተምሃሮ እንተጋጥሙዎ ኣይሕግዞምን።



ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብመሰረት እቲ ንባብ ተመሳሳሊ ፍታሕ ድለዩሎም።

1. ሳን	2. ተገረሙ	3. ሓቢሮም	4. ኣኪቡ	5. ዝነገሮ

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ጠሚርኩም ፀሓፉ።

ክፍሊ	ስነ	ጥንካረ
ግዘ	ምግባር	ኣካል

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ነዚልኩም ፀሓፉ።

ክፍለግዘ	ቤተንባብ	ዕዮገዛ	ደገሰላም



ዓርሰ ንባብ

መምህር ሳሚ

ብመሰረት እቲ ምንባብ ፍታሕ እዞም ሓረጋት ተዛረቡ።

ኣብነት፡- ዝተበከለ ኣየር፡- ንጥዕና ጠንቂ ዝኾነ ኣየር

1. ዝረስሑ ቦታታት
2. ፅቡቕ ስነምግባር
3. ከምልቡ ክይጎይይ
4. ወላ ሓንቲ ከም ዘይኽእል



ፅሕፈት

“ሳዕቤን ሳእኒ ዘይምግባርን መምህር ሳሚን” ዝብሉ ምንባባት ብምጥማር፣ ብዛዕባ ሓቅታት ሳሚ 4 ዝተፈላለዩ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።

ሰሙን 4

ምድማፅ

ማሕበራዊ ርክብ



ሀ. እናዳመፅኩም መልሱ::

1. ማሕበራዊ ርክብ እንታይ ማለት እዩ?
2. መፀውዒ ጥቓ ንጥቓ ዝነብሩ ሰባት እንታይ ይበሃል?

ለ. ኣዳሚፅኩም መልሱ::

1. ሰለስተ ረብሓታት ማሕበራዊ ርክብ ዘርዝሩ።
2. ጎረባብቲ ኣብ እዋን በዓል እንታይ ይበሃሃሉ?

ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. እናጠመርኩም ኣንብቡ።

መፃ-ና	ሓው-ኣ	ሓው-ኡ

ለ. ነፂልኩም ኣንብቡ።

መፃና	ሓዋ	ሓዉ

ዓርሰ ንባብ

እዋን ቁልዕነተይ (ቀዳማይ ክፋል)



ኣብ እዋን ቁልዕነተይ ሰለስተ ጎረባብቲ ነይርና። ሰለስቱና ኣብ ሓደ መረባ ኢና ንነብር ነይርና። መብዛሕትኡ ግዜ ንጉሆ እንዳ ኣቦይ ዓሊ ቀዲሞም ይትስኡ።

እንዳ ኣቦይ መሓሪን ገዛናን ድሒርና ንትስእ። ፈርኔሎና ሒዝና ካብ ማማ ሰዓዳ ሓዊ ንልምን። በቲ ዝሃባና ሓዊ ነቀፃዕል።

ቀዳመ ሰንበት ቀዲሙ ቡን ዝፍላሕ ኣብ ገዛና እዩ። ንማማ ሰዓዳን፣ ንማማ ሙሉን ንዕውዐን። ቡን ክሰትያ እንትመፃ፣ ንቁርሲ ቡን ዝኸውን ሕንባሻ ወይ ከዓ ብቁልቲ ይማልኣ። ሰለስቲኣን ቁርሲ ይበልዓ፣ ቡን ድማ ይሰትያ።

ኣዝየን ስለዝፋቐራ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት እንተተጓነፃ እኳ ተኽኣኢለን የሕልፍኡ። ስለዝተኣማመና ሓንቲ እንትትወፅእ መፍትሕ ገዛ ሓዲጋ እያ ትኽይድ። ስለዝተሓላለያ ካብኣተን ሓንቲ እንትትሓምም ክልቲኤን ከይደን ይጥይቕኣ። ተሓጋጊዘን ድማ ዝብላፅ ምግቢን ዝስተ ነገርን ሒዘን ብምኻድ ክሳብ እትሓዊ ይከናኸንኣ።

ሀ. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. በዝሒ እቶም ጎረባብቲ ብገዛ እንትቐፀሩ ክንደይ እዮም?
2. ኣብ እተን ጎረባብቲ ዝፍጠር ጐንዒ ብኽመይ ይፍታሕ?

ለ. ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ማሕበራዊ ርክብ እተን ጎረባብቲ ፅቡቐዶ ነይሩ?
2. እቲ ዛንታ ምስ ኣብ ከባቢኹምን ገዛኹምን ዝረአዩ ተግባራት ዘመሳስል ነገር ኣለዎ ዶ?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

1. እናጠመርኩም ኣንብቡ።

ሃቡ-ና	ክዳን-ኣ	ክዳን-ኡ

2. ነዚልኩም ኣንብቡ።

ሃበና	ክዳና	ክዳኑ

ዓርሰ ንባብ

እዋን ቁልዕነተይ (ቀዳማይ ክፋል)

1. ነዚ ዝስዕብ ስእሊ ኣስተውዕሉ። ብዛዕባ “እዋን ቁልዕነተይ (ቀዳማይ ክፋል) እትገልፁዎ ተዛረቡ።



2. ነቲ ምንባብ እናንበብኩም መዘክር ፀሓፉ።

3. ነቲ ምንባብ መሰረት ብምግባር ነዚ ጅሙር ምሉእ ሓሳብ ዛዝሙ።

እቲ ዛንታ ብዋናነት ብዛዕባ ___ ዘውግዕ እዩ። እዚ ዝበልኩሉ ምኽንያት እቲ ዛንታ መጀመሪያ ብዛዕባ_____፣ኣብ ማእኸል ብዛዕባ ___፣ ኣብ መወዳእታ ከዓ___ዘውግዕ ስለዝኾነ እዩ።



ቃላት

ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ተዛረቡ።

ኣብነት፡- ጎረባብቲ = ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብሩ ሰባት

1. እዋን	2. ጎንፂ	3. ቁልዕነት	4. ምክእኣል	5. መረባ



ፅሕፈት

"ቁልዕነት፣ ጎረቤት፣ መረባ፣ ብሓባር፣ ምብላዕ፣ ፀዋታ" ዝብሉ ቃላት ተጠቒምኩም ግቡእ ስርዓተ ነጥቢ ብምእታው ሓሙሽተ ምሉእ ሓሳብ ዝሓዘ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ማሕበራዊ ርክብ

ሀ. እናዳመፅኩም መልሱ።

1. ሓባራዊ ርክባት ስድራን ጎረባብትን እንታይ እዮም?

2. ጥዕና ዘለዎ ሰብ ንብሕቱ ክነብር ኣይክእልን። ንምንታይ?

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ብቑድም ሰዓብ ኣቑምጡዎም።

- ማሕበራዊ ርክብ - ዕለታዊ ርክብ - ፍቕሪ - ምትሕግጋዝ - ሰባት

ዓርሰ ንባብ

ቁልዕነተይ (ካልኣይ ክፋል)



ቁልዕነተይ ኩሉ ግዘ እየ ዝዝክሮ። እቲ ምስ ጎረባብቲና ዝነበረና ፍቕሪ ፣ ምትሕልላይ፣ ምክብባር፣ ምትሕግጋዝን ምትሕብባርን ኩሉ ይዝከረኒ። ሓቢርካ ምብላዕን ምስታይን ጎረባብትና እንትሓስቦ ሎሚ እንተዘኸውን እናበልኩ እምነዮ።

ኣብ እዋን ሮመዳን፣ ኣጋ ምሸት፣ ማማ ሰዓዳ ዘንቢል ሒዘን ናብ ገዛና ይመፃ። ኣብ ውሽጢ እቲ ዘንቢል ሾርባ፣ ሳንቡሳ፣ መቐሊልን ብርዚን ኣሎ።

ኣነ ነታ ዘንቢል ንክፍትሽ ክሳብ ዝኽዳ እሕልወን። ምስ ከዳለይ ክልተ ሳንቡሳ ሒዘ እወፅእ እሞ ምስ መሓመድ ተኻፊልና ንበልዕ። መሓመድ፣ ኣብ ገዝኡ እንተሃለዎ እኳ ምሳይ ምምንጣል እዩ ዝፈቱ። ኣነን መሓመድን ካብ ኣሕዋት ንላዕሊ ኢና እንፋተውን እንተሓላለን።

ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ተዘክሮታት እታ ተራኺት እንታይ እንታይ እዮም?
2. ጎረባብቲ እታ ተራኺት መን መን ይበሃሉ?
3. ክልቲኣም ሰባት ብጣዕሚ ዝፋተዉሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

ቃላት

እዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብቲ ምንባብ ዘለዎም ፍታሕ ግለፁ።

1. ዝናፍቕ	2. እምነዮ	3. እሕልወን	4. ንተሓላለ

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንዛልን

ሀ. እናጠመርኩም ፀሓፉ።።

እምነ - ዮ	እምነ - ያ	እምነ - የኩም	እምነ - ዮም	እምነ - የኪ

ለ. ነዚልኩም ፀሓፉ።።

እምነዮ	እምነያ	እምነየኩም	እምነዮም	እምነየኪ



ዓርሰ ንባብ

ቁልዕነተይ (ካልኣይ ክፋል)

እታ መዘንተዊት ካብ እትገክሮም ነገራት ሓደ፣ ምስ ጎረባብታ ዝነበረ ዕቡቐ ርክብ እዩ። ነዚ ኩነታት ምስ ጎረባብትኹም ዘለኩም ርክብ ኣተሓሒዝኩም ፀሓፉ።።



ፅሕፈት

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።።

1. ዝናፍቐ
2. እምነዮ
3. ሾርባ
4. ሓልየ

ምድማፅ

ቁልዕነተይ (ሳልሳይ ክፋል)



ሀ. እናዳመፅኩም መልሱ።

ንባብ 1፡-

1. ሰባት ድሕሪ ምልምማድ፣ ርክቦም ናብ ምንታይ ይቐየር?
2. ተራኺትን መሓመድን ንክተዓራረኹ መሰረት ዝኾኖም እንታይ እዩ?

ንባብ 2፡-

3. ተራኺትን መሓመድን ክበኣሱ ከለዉ ምክሪ ኣደታቶም እንታይ ዝብል ነይሩ?

ለ. ነዚ ዝስዕብ ዕሑፍ ዛዝሙዎ።

እቲ ዝተነበበ ዛንታ _____ዝብሉ ነገራት

ኣዘኻኺሩኒ። ምክንያቱ _____።

ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. እናጠመርኩም ኣንብቡ።

ኣይ -ነበረ - ን	ኣይ - ወለደ -ን	ኣይ - ደንጎየ- ን	ኣይ - ሰነፈ - ን

ለ. እናነፀልኩም ኣንብቡ።

ኣይነበረን	ኣይወለደን	ኣይደንጎየን	ኣይሰነፈን



ዓርሰ ንባብ

እዋን ቁልዕነተይ (ራብዓይ ክፋል)



ማማ ሙሉ መኻን ስለዝነበራ ኣነን መሓመድን ኢና እንሕግዘንን እንለኣኽንን። ንስሙ ኣይወለዳን እዩ ዝበሃል፤ ኮይኑ ግና ውላደን ክንዲ ዝገብረለን ንተሓባበረን፤ ንሰን ድማ መቕሹሽ ይህባና። ንስሙ ድኣ ገዛና ኣለና ንብል እንበር ኩሉ ገዛና እዩ። ሰለስተ ኣንስቲ ድኣ ይሃልዋ እንበር ኩለን ኣዴና ካብ እተማልኣልና ዝንእስ ኣይገብራልናን። ናተይን ናይ መሓመድን ድማ ኣሕዋት ካብ ዝህልዎም ምትሕስሳብ ዝነኣሰ ኣይኮነን። ብፍላይ ድማ ምስጢርና፣ ንኻልእ ኣሕሊፍና ሂብና ኣይንፈልጥን።

ሓደ ግዘ ሰለስቲኣን ኣንስቲ ናብ ምብፃሕ ከይደን። ኣነን መሓመድን ኩዕሾ እናተፃወትና መሓመድ ዝወቕዓ ኩዕሾ መስትያት ገዛና ሑፃ ገይራቶ። ኣዴታት ምስ ተመለሳ “መን ሰይርዎ?!” ኢለን ደንጊፀን። ከይንውቃዕ ፈሪሕና ክልቴና ብሓደ “ሓንቲ ዓባይ ርግቢት እያ ሰይራቶ!” ኢልና ሓሲና። ምስጢርና ድማ ክሳብ ሎሚ ኣብ ከብድና ቀቢርናዮ።

ሀ. እናንበብኩም መልሱ።

1. እቶም ሰባት ንማማ ሙሉ ንምንታይ ይሕግዙወን ነይሮም?
2. ርክብ እቶም ሰባት ከመይ ነይሩ?

ለ. ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ኑቲ መስኮት መን ሰቢሩዎ? ብምንታይ?
2. እቶም ሰባት ንምንታይ ሓሲዮም? ምሕሳዎም ትኽክል ድዩ?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

1. እናጠመርኩም ኣንብቡ።።

ምስ - ተመለሰ	ምስ -ተምሃረ	ምስ - ተደወለ	ምስ -ሓፀብኩ

2. እናነፀልኩም ኣንብቡ።።

ምስተመለሰ	ምስተምሃረ	ምስተደወለ	ምስሓፀብኩ



ዓርሰ ንባብ

እዋን ቁልዕነተይ (ራብዓይ ክፋል)

1. እናንበብኩም ተመሳሳሊ ፍታሕ እዞም ቃላት ፀሓፉ።።

1. መኻን
2. ሓሲና
3. መቕሹሽ
4. ዝወቕዓ
5. ንስሙ

2. “ቁልዕነተይ (ክፋል ኣርባዕተ)” ዝብል ምንባብ ብቓልኩም ኣዘንትዉ።።



ቃላት

ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ዕምዲ ቃላት ግለፁ።።

1. ተመለሰ / ምስተመለሰ	3. ነበረ / ኣይነበረን
2. ተደወለ / ምስተደወለ	4. ሰነፈ / ኣይሰነፈን



ፅሕፈት

“ቁልዕነተይ (ራብዓይ ክፋል)” ንዝብል ምንባብ ከይረአኹም ነቲ ትሕዝቶኡ ብሓሙሽተ ምሉእ ሓሳባት ኣሕዊርኩም ፀሓፉ።።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ቁልዕነተይ (ሳልሳይ ክፋል)

ሀ. እናዳመፅኩም መልሱ።

1. “ሓድሓደ ግዘ ይበኣሱ” ዝተበሃሉ መንን መንን እዮም?

2. እቶም ሰባት ካብ ስድሮኦም እንታይ እናረኣዩ ዓብዮም?

ለ. “ቁልዕነተይ (ሳልሳይ ክፋል)” ንዝብል ምንባብ ብሓሙሽተ ምሉእ ሓሳባት ኣሕዊርኩም ፀሓፉ።



ዓርሰ ንባብ

ጉርብትና ኣንጭዋን ዒፍን





ሓደ እዋን ኣንጭዋን ዒፍን ፍቑራት ጎረባብቲ ነበራ። ኣብ ሓዘነን ኮነ ሓጐሰን እናተሓጋገዛ ብእምነት ነዊሕ ፀንሓ። ሓደ መዓልቲ ዒፍ ክትገይሽ ደለየት። ኣራሪያ ዝኣከቡዶ ጥረምረ ብሕድሪ ንኣንጭዋ ሃበታ። ኣንጭዋ እውን ተቐበለታ።

ዒፍ ካብቲ ዝገሸትሉ ቦታ ተመሊሳ ፣ እቲ ንኣንጭዋ ዝሃበታ ክትመልሰላ ሓተተታ። ኣንጭዋ ግና “በሊዐዮ” በለታ። በዚ ዝሓረቐት ዒፍ፣ ናብ ዳይና ከደት። ኣብቲ ሽዑ እዋን ፍርዲ ዝህብ ዝነበረ ዳይና ጠበቐ እዮ። ዒፍ ናብ ጠበቐ ብምኻድ “ጠበቐ!” ኢላ ጥርዓና ትጅምር። ብኣንደበት እታ ዒፍ ዘይተሓሳሰ ጠበቐ “እኖኺ እባ ትጣበቐ!” ኢሉ ብኹራ መለሰላ። ኣንጭዋ ብግዲኣ “ ጐይታይ ሹም እምባ” ኢላ እናሰገደት ቐረበት። “ እንበይተይ እባ” ኢሉ ብኽብሪ መለሰላ። ኣንጭዋ፦

“ዒፍ ቀለብ ኣቐምጥለይ” በለትኒ።

“ኣሚናትኪ” በላ ጠበቐ።

“በላዕኸዎ” ቀፀለት።

“ ጠምዩኪ!” በላ።

“ዕደዱ በለትኒ” ደገመት።

“ኽሪምኪ” ኢሉ ንዓዓ ብዝጥዕም መልክዕ ፈረደ።

ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ሕድሪ ዝጠለመት መን እያ?
2. ፍርዲ እቲ ዳይና ትኽክል ድዩ? ንምንታይ?
3. መልእኽቲ እቲ ምንባብ እንታይ እዩ?

ቃላት

ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ካብቲ ንባብ ድለዩ።

1. ዝገሸትሉ	2. ዳይና	3. ኣገዩ	4. ሰገደት	5. ፈለማ

4ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንባልን

ሀ. እናጠመርኩም ፀሓፉ።

በሊዐ - ዮ	ነይረ - ን	ፈቐደ - ላ	ጀመረ - ት

ለ. ነዚልኩም ፀሓፉ።

በሊዐዮ	ነይረን	ፈቐደላ	ጀመረት

ዓርሰ ንባብ

ጉርብትና ኣንጭዋን ዒፍን

ዓውዳዊ ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ብሓረግ ግለፁ።

1. እምነት 2. ፈረደላ 3. ኣንደበት 4. መለሰላ 5. ፈቐደላ 6. ዝሓረቐት

ቃላት

ተፃራሪ ፍታሕ ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።

1. ዝናፍቐ	2. እምነዮ	3. ኣራርያ	4. ፈለማ

ሰሙን 6

ምድማፅ

ማህሌታይ ያሬድ



ሀ. እናዳመፅኩም መልሱ።

1. ያሬድ ብትምህርቱ ከመይ ነይሩ?
2. ያሬድ ንምንታይ ካብ ገዝኡ ጠፊኡ?
3. ያሬድ ድቃስ ዝወሰዶ ኣበይ እዩ?

ለ. ኣዳሚፅኩም መልሱ።

1. ያሬድ ብትምህርቱ ንክነፍዕ ዘተባብዖ ነገር እንታይ እዩ?
2. ካብዚ ዛንታ እንታይ ተምሂርኩም?

ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

1	ነገረ	-ኦም	3	ዝ	መፀ	5	ተ	ምሃረ
2	ተ	ገበረ	4	ኣኮ	ኡ	6	ይ	ድይብ

ለ. ነፂልኩም ኣንብቡ።

ነገሮም	ተገበረ	ዝመፀ	ኣኩኡ	ተምሃረ

ዓርሰ ንባብ

ገለበዳ

ኣብ ሓደ ቦታ፣ ሓደ ገበል ንጉስ ኮይኑ ይነብር ነበረ። ቀለብ እዚ ገበል ካብቲ ህዝቢ ንመዓልቲ ሓንቲ በኽሪ ጓል ይዋፀኣሉ ነበረ።እቲ ህዝቢ በዚ ኣዝዩ እዩ ኣስካሕኺሑ። ነቲ ገበል ከይቑትሉ ድማ ኣይከኣለን።

ሓደ እዋን ሓደ ጋሻ ሰብ ናብቲ ቦታ መፀ። ሽግሮም ምስፈለጠ፣ “ነዚ ገበል እንተቑተልኩልኩም እንታይ ትህቡኒ?” ኢሉ ሓተተ። እቲ ህዝቢ ንግስነት እቲ ገበል ከም ዝህቦ ቃል ኣተወሉ። እቲ ጋሻ ድማ “ ነቲ ገበል ብነዳዲ ዕንፀይቲ ኣኽብቡሉ። ኣብ ማእከል ገይርኩም

ነቲ ዕንፀይቲ ኣንድዱዎ (ለብዱዎ)” ኢሉ ነገሮም። ድሕሪ እዙይ እቲ ገበል ኣብ ማእከል ክሓርር ተገበረ። “ገበል ብለበዳ ዝተቓፀለሉ ቦታ” ንምባል ድማ ነቲ ቦታ “ገለበዳ” ኢሉ ሰየሞ። (ካብ ኣፈ ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ዝተረኽበ)



ሀ. እናንበብኩም መልሱ።

1. ገለበዳ እንታይ እዩ?
2. ቀለብ እቲ ገበል እንታይ ነይሩ።

ለ. ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ነቲ ቦታ “ገለበዳ” ዝብል ስም ብኸመይ ተዋሂብዎ?
2. እቲ ህዝቢ ገለበዳ፣ ነቲ ገበል በኹሪ ጓሉ ዝህብ ዝነበረ ንምንታይ እዩ?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንዛልን

1. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

ሀ. ተ - መለሰ	ለ. ምስ - መፀ	ሐ. እንተ - መፀ

2. ነዞም ዝስዕቡ ቃላትን ጥብቆታትን ነዚልኩም ኣንብቡ።

ተመለሰ	ምስመፀ	ተብሃለ	ዝመፀ	እንተመፀ	ተሓበረ



ዓርሰ ንባብ

ገለበዳ

1. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ወይ ሓረጋት እናንበብኩም ፍታሕ ድለዩሎም።

   (በኹሪ ጓል፣ ቃል ኣተወሉ፣ ንግስነት፣ ለብዱዎ፣ ተማረሩ)

2. ብዛዕባ ኣሰያይማ ገለበዳ ኣሕዚርኩም ፀሓፉ።



ቃላት

ኣብ “ሀ” ንዘለዉ ቃላት ኣብ “ለ” ምስ ዘለዉ ቃላት ብተመሳሳሊ ፍታሕ ኣዛምዱ።።

ሀ	1. ጋሻ	2. ግዘ	3. ኣሕረሮ	4. ኣኽበበ	5. በኽሪ
ለ	ሀ. ኣኹለለ	ለ. ኣንደዶ	ሐ. ሓዱሽ ሰብ	መ. ቀዳማይ ውሉድ	ረ. እዋን



ፅሕፈት

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።።

1. ገለበዳ
2. በኽሪ ጓል
3. ንጉስ
4. ቀለብ
5. ገበል

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ማህሌታይ ያሬድ

ሀ. እናዳመፅኩም ነቲ ባዶ ቦታ ኣማልኡ።።

1. ያሬድ ብትምህርቱ ንፉዕ ስለዘይነበረ _____
2. እቲ ሓሰኻ ሸውዓተ ግዘ ደዪቡ፤ ኮይኑ ግና _____
3. ኣብ መበል ሻምናይ ግዘ ናብ እታ ኦም ደየበ።። እዚ ዝተዓዘበ ያሬድ _____

ለ. ነቲ ዛንታ መሰረት ብምግባር ነዚ ዝስዕብ ጅሙር ሓሳብ ብናይ ባዕልኹም ሓሳብ ኣማልኡ።።

እዚ ዛንታ ብዛዕባ ማህሌታይ ያሬድ ዘውግዕ እንትኸውን፣ መጀመርታ ያሬድ _____ ድሓር _____ ቀፂሉ ድማ _____ ኣብ መወዳእታ _____።።



ዓርሰ ንባብ

ምሌኑ



ቀደም ኣብ ሓደ ቦታ ምሌኑ ትበሃል ቆልዓ ነበረት። ኣዝያ ፅቡቕቲ ብምኺና ንመርዓ ዝብህጉዋ ብዙሓት ነበሩ። ኣቦኣ ግና “ንሓዋ ትመርዖ” ይብሉ። ሚሌኑ ድማ ትኣብይ፤ ኮይኑ ግና ብግዲ ንመርዓ ዘኸውን እኽለ ማይ ኣዳለዉ።

ምሌኑ ኣብ ድሮ መርዓኣ ለይቲ ጠፊኣ ትሓድር። ናብ ዓባይ ዳዕሮ ከይዳ “ዳዕሮ ዓዲ ኣቦይ ዳዕሮ ዓዲ እነይ ትሕት በልለይ” ትብላ። እታ ዳዕሮ ትትሕት። ምሌኑ ናብቲ ዳዕሮ ትስቀል እሞ “ዳዕሮ ዓዲ ኣቦይ ዳዕሮ ዓዲ እኖይ ልዕል በልለይ” ትብላ። እታ ዳዕሮ ትልዕል። ኣብታ ዳዕሮ ድማ ትሕባእ።

ንእሽተይ ሓዋ “ሚሌኑ ሓፍተይ፣ ስዋና መዚፁ እንጀራና ነቒፁ ንዒ እባ ውረዲ!” እናበለ ክትወርድ ይልምና። ንሳ ግና “ኣቦይ ዝሓሞይ፣ ኣደይ ዝሓማተይ፣ ዓብዪ ሓወይ ዝሰብኣየይ፣ ከመይ ኢለ እየ እሞ ክወርድ” ትብሎ። ኣብ መወዳእታ እቲ መርዓ ተሪፉ ምስ ኣቦኣን ኩሎም ቤተሰባን ተዓሪቕ ሰላማዊ ናብራኣ ቀፀለት።

ሀ. ኣብ ታሕቲ ዝተቐመጠ ፒራሚድ መሰረት ብምግባር ነቶም ባዶ ቦታታት ምልኡዎም።



ቃላት

ብመሰረት እቲ ንባብ ኣብ “ሀ” ዝተዘርዘሩ ቃላት ኣብ “ለ” ምስ ዘለዉ ብተግራሪ ኣዛምድዎም።

“ሀ”	1. ዝብህጉ	2. ጠፊኣ	3. ትሕት ትሕት	4. መጊዑ
	5. ነቒዑ	6. ተዓሪቓ	7. ተፀንበረ	
“ለ”	ሀ. ልዕል ልዕል	ለ. ምዒሩ	ሐ. ተፈለየ	መ. ዝፀልኡ
	ረ. ተባኢሳ	ሰ. ተረኺባ	ሸ. ለምሊሙ	

ፅሕፈት

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ምስ ሃነፅኩም ንእሽተይ መፅሓፍ ኣዳልዉ።

(ኣቦሓጎ፣ እነሓጎ፣ እኖ፣ ኣቦ፣ ሓፍቲ፣ ሓው)

4ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ቃላትን ጥብቆታትን ጠሚርኩም ፀሓፉ።

1. ነበረ - ት	2. ፅቡቕ - ኣት	3. ኣቦ - ኣ	4. ብዙሕ - ኣት
5. ት - በልዑ	6. እንጀራ - ና	7. ተ - ዓሪቓ	

ለ. ቃላትን ጥብቆታትን ነፂልኩም ፀሓፉ።

ነበረት	ኣቦኣ	ፅቡቓት	ብዙሓት	ትበልዑ	ተዓሪቓ	እንጀራና

ዓርሰ ንባብ

ምሌኑ

ኣንቢብኩም መልሱ።

ሀ. ምሌኑ ምምርዓው ዝኣበየት ንምንታይ እዩ?

ለ. ብዙሓት ሰባት ንምሌኑ ክምርዐው ይብህጉ ዝነበሩሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

ሐ. ካብቲ ምሌኑ ዝደየበትሉ ዓብዩ ዳዕሮ ንኽትወርድ ዝልምና ዝነበረ መን እዩ?



ቃላት

ናይዞም ዝስዕቡ ቃላት ተመሳሳሊ ፍታሕ ድለዩ።

ሀ. ዝብህጉ	ለ. መፂዑ	ሐ. ነቒዑ	መ. ጠፊኣ	ረ. ተዓሪቓ	ሰ. ተፀምበረ



ፅሕፈት

ኣብ ከባቢኹም ካብ ዝንገሩ ነበረያ ነበረታት ምስ ምሌኑ ዝመሳሰል ሓደ ነበረያ ነበረ ፀሓፉ።

ሰሙን 7

ምድማፅ

ክናናን ምናናን



ሀ. እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. ክናናን ምናናን ከመይ ዝበሉ እዮም?
2. መንፀርፀሪን ጭኑኞን ዝነበረ መን እዩ?
3. ብዙሕ ከይሓመመ ዝሞተ መን እዩ?

ለ. ኣዳሚፅኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. ምኽንያት ባእሲ ክልቲኦም ኣሕዋት እንታይ እዩ?
2. ክናና ዘማርር ዝነበረ ንምንታይ እዩ ?
3. መልእኽቲ እቲ ዛንታ እንታይ እዩ?

ምጥማርን ምንዛልን

ሀ. ጠሚርኩም ኣንብቡ።።

ክዳን - ኡ	ይ-ቕበር	ሓው-ኡ	ገዛ-ይ	ዝ-ገለፀ	ረኣየ-ኒ

ለ. ነዚልኩም ኣንብቡ።።

ረኣየኒ	ዝገለፀ	ሓዉ	ይቕበር	ገዛይ	ክዳኑ

ዓርሰ ንባብ

መኒኡም ይፅሸዉ?

ክልተ ዓያሹ ሰራሕተኛታት ኣሕሉቕም የናድዱዎም ነበሩ። ሓደ እዋን እቶም ኣሕሉቕ ብዛፅባ እቶም ዓያሹ መገልገልቶም ክዛረቡ ጀመሩ።።

እቲ ሓደ ሓለቓ “ሰራሕተኛይ ካብ ናትካ ዝበለፀ ይፅሸ። ጨቓውቲ ከብቕ፡ ዓፅሚ ኣብ ሓመድ ይቕብሮ” በሎ። እቲ ካልኣይ “ናተይ እባ ይፅሸ ድምፂ ኣፅዋፍ ማይ ከውቅዐሉ ይፅበ” በሎ።።

በዚ ምስተኻትዑ ክፍትንምም ተሰማምዑ።





ነቲ ሓደ “ንገዛይ ኬድካ ኣብኡ እንተሃልየ ረአየኒ” በሎ። ነቲ ካልኣይ፣ ሓንቲ ቅርሺ ሂቡ “ፅብቕቲ መኪና ግዝአለይ” በሎ።

ድሕሪ እዚ ክልቲኦም ዓያሹ ኣብ መንገዲ ተራኸቡ።እቲ ሓደ “ጎይታይ ዓሻ እዩ። ሓንቲ ቅርሺ ሂቡስ መኪና ግዝአለይ ኢሉኒ። ሕብራ ስለዘይነገረኒ ግና ኣይገዛእኹሉን” በሎ። እቲ ካልኣይ “ጎይታይ ይገድድ። ኣብ ገዛይ እንተሃልየስ ረአየኒ ኢሉኒ፣ ከረጋግፅ እንተደልዩ ንምንታይ ስልኪ ዘይድውል?” በሎ። ስለዚ መኪኦም ይፅሸዉ ትብሉ?

(ፅውፅዋይ፣ እዮብ ተኽለ)

ሀ. እናንበብኩም መልሱ።

1. እቶም ክልተ ኣሕሉኞ ብዛዕባ እንታይ ተዘራሪቦም?
2. ብሓደ ቅርሺ ክግዛእ ዝተደለየ እንታይ እዩ? ንምንታይከ ዘይተገዝአ?

ለ. ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ነቶም ክልተ ሰባት ዓያሹ ዘበሎም ምኽንያት እንታይ እዩ?
2. ካብ ክልቲኦም መኪኦም ይፅሸዉ?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንባልን

1. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

ሀ. ረአየ-ት	ለ. ኢሉ-ኒ	ን-ገዛይ	ት-በለ-ኒ	እንተ-ደልዩ	ዘይ-ደወለ

2. ነዚልኩም ኣንብቡ።

ዘይደወለ	ትበለኒ	እንተደልዩ	ረአየት	ንገዛይ	ኢሉኒ



ዓርሰ ንባብ

መኒኣም ይፅሸዉ?

1. ትሕዝቶ “መኒኣም ይፅሸዉ” ዝብል ምንባብ እንታይ ነይሩ?
2. እናንበብኩም ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።

   ሀ. ኣሕሉኞ ለ. ኣዕዋፍ ሐ. የሕርቑዎም መ. ሓለኞ ረ. ምስተኻትዑ

3. ነቲ ዛንታ ብኞልኩም ኣኞርቡ።



ቃላት

ግቡእ ረባሕታ ፀሓፉ።

ኣብነት፡- ከልቢ ኢልና ኣኽላባት ንብል።

1. ዓሻ ኢልና _____ ንብል።
2. _____ ኢልና ጨኞውቲ ንብል።
3. _____ ኢልና ኣዕዋፍ ንብል።
4. ሓለኞ ኢልና _____ ንብል።
5. ኣንበሳ ኢልና _____ ንብል።



ፅሕፈት

“መኒኣም ይፅሸዉ” ምስ ዝብል ዛንታ ዝመሳሰል፣ ፅሽነት ወይ ከኣ ጉርሒ ዝገልፅ ነበረያ ነበረ ፀሓፉ።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ክናናን ምናናን

ሀ. እናዳመፅኩም ነዚ ክፍቲ ቦታ ምልኡ።

1. ክናና ዓይነ ስውር ኮይኑ ኣእጋር ግና _____
2. ቁሩብ ምስ ዓበዩ ግና ወለዶም _____
3. ምናና ኣዝዩ ሕያዋይ እዩ፣ክናና ግና _____ ነበረ።
4. ምናና ብዙሕ ከይሓመመ ሞተ። ንሱ ምስ ሞተ _____።

ለ. ምስ ኣዳመፅኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።

1. ናብ ገደል ኣትዩ ዝሞተ መን እዩ?
2. ካብዚ ዛንታ እንታይ ንመሃር?



ዓርሰ ንባብ

ብልሓት



ኣብ ሓደ ዓዲ ሓደ ንጉስ ነበረ። ንሓደ ሓረስታይ ፀዊዑ “ከዋኽብቲ ቆጺርካ በዝሑም፣ መሬት ዓቂንካ ማእከል መሬት፣ ኣበይ ምኺኑ ንገረኒ!” ክብል ኣዘዞ።

እቲ ሓረስታይ ኣዝዩ ተጨነቐ። ነዚ ዝተዓዘበት ሰበይቱ ፀገሙ ሓተተቶ። ንሱ ከዓ ትእዛዝ እቲ ንጉስ ነገራ። “እዚ እማ ቀሊል እዩ፣ ኣይትጨነቒ፣ ኣቦይ እዝጊ ይፈልጡ” በለቶ። ሓቢሮም ድራሮም በሊያም፣ ብሰላም ደቀሱ።

ብዕባሒቱ፣ “በሊ ንገርኒ እንታይ ክገብር?” ኢሉ ተጨኒቑ ሓተታ። ንሳ ከዓ ካብ እቲ ቆፎ ሓደ እንቅዓ ጣፍ፣ ካብ ጎረቤታ ሓደ ኩናት ኣምፂኣ ሃበቶ። “ናብ ንጉስ ኬድካ፣ ‘በዝሒ ከዋኽብቲ ሰማይ ክንዲ እዚ ጣፍ እዩ እንተሓስየ ይቐፀርዎ’ በሎም። ነቲ ኩናት ናብ መሬት ሸኺልካ ድማ ማእኸል መሬት ኣብዚኣ እያ። እንተተጋጊየ ዓቂኖም የረጋግፁ በሎም” ኢላ መኸረቶ። እቲ ሓረስታይ ከምቲ ዝበለቶ ገይሩ ካብ ጭንቀት ደሓነ ይበሃል።

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣንቢብኩም መልሱ።

1. እቲ ንጉስ ነቲ ሓረስታይ እንታይ ኢሉ ኣዚዙዎ?
2. እቲ ሓረስታይ ካብ ጭንቀቱ ከመይ ኢሉ ተገላጊሉ?
3. እቲ ሓረስታይ እንታይ ሒዙ ናብቲ ንጉስ ቀሪቡ?

ቃላት

ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።

1. ሰፊርካ 2. እንቅዓ 3. ኩናት 4. ሸኺልካ

4ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንባልን

ሀ. ጠሚርኩም ፀሓፉ።

1. ሰበረ - ቶ	2. መኸረ - ቶ	3. ነገረ - ቶ

ለ. ነዚልኩም ፀሓፉ።

ሰበረቶ	መኸረቶ	ሃበቶ	በለቶ	ነገረቶ

ዓርሰ ንባብ

ብልሓት

1. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣስተውዕሉ። ብምቕላል ብዛዕባ እቲ ምንባብ እትዝክርዎ በብጉጅለኹም ተዘራረቡ።

   (ብልሓት፣ እንቅዓ ጣፍ፣ኩናት፣ ምዕቃን ፣ ጭንቀት፣ ንጉስ)

2. ኣንቢብኩም መልሱ።

   ሀ. እታ ሰበይቲ ሓረስታይ ንሰብኣያ ካብ ጎረቤት ኣምጺኣ ዝሃበቶ እንታይ እዩ?

   ለ. እታ ሰበይቲ ሓረስታይ በቱ ጣፍ እንታይ እያ ክትገልፅ ደልያ?

ቃላት

ስማት እዞም ዝስዕቡ ስእሊታት ፀሓፉ።





ፅሕፈት

1. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብቶም ባዶ ቦታታት ብዝሰማማዕ መልክዕ ኣማልኡ።

ሀ. ሓቢሮም ለ. ኮናት ሐ. ንጉስ

1. ሳሮንን ሙሴን _____ናብ ቤት ትምህርቲ ከይዶም።

2. እቲ_____ ዘውዲ ኣብ ርእሱ ደፊኡ ኣብ ዙፋኑ ኮፍ ኢሉ ኣሎ።

3. እቲ ሃዳናይ _____ ሒዙ ናብ ዱር ከይዱ።

2. ብመሰረት እቲ “ብልሓት” ዝብል ምንባብ ነዚ ዝስዕብ ዓንቀፅ ኣማልኡ።

እዚ ዛንታ ብዛዕባ ብልሓት የዘንትው። መጀመሪያ _____ ዝብል፣ ድሓር _____ ብምቕላል _____ ዝብል፣ ስዒቡ _____ ዝብል፣ ኣብ መወዳእታ_____ ዝብሉ ሓሳባት ተልዒሎም ኣለዉ።

ሰሙን 8

ምድማፅ

ኣሸንዳ



ሀ. እናዳመፅኩም መልሱ።

1. ኣሸንዳ መዓዝ ወርሕን ዕለትን ይኽበር?
2. ዓል ኣሸንዳ ኣብ መዓንጣኣ እትኾነቶም ክልተ ነገራት እንታይን እንታይን እዮም?
3. ደቂ ኣሸንዳ ኣብ ክሳደን እንታይ ይገብራ?

ለ. ኣዳሚፅኩም መልሱ።

1. ኣብ በዓል ኣሸንዳ ንመጋየሚ ዝውዕሉ ነገራት ዘርዝሩ።
2. በቢክባቢኹም በዓል ኣሸንዳ ከመይ ይኽበር?

ምጥማርን ምንባልን

ጥብቆታትን ቃላትን ነሚልኩም ኣንብቡ።

ሀ. ብኺና= ☐ + ☐ ለ. እንተኣበየ = ☐ + ☐ ሐ. ይፅቀጦ= ☐ + ☐ መ. ከይትሓድር= ☐ + ☐

ረ. እዝኒኻ= ☐ + ☐

ዓርሰ ንባብ

ሕንቅል ሕንቅሊተይ

ሕንቅል ሕንቅሊተይ ኣብ ግዘ ዕረፍቲ ብመልክዕ ሕቶን መልሲን ይቑርብ። መንገዲ ኣቀራርባኡ ስለዘመራምር ክእለት ኣተሓሳስባ ንምስፋሕ ይሕግዝ። ንኣብነት፡-

ሓታቲ ፡- “ሕንቅል ሕንቅሊተይ“ ይብል።(መላሲ ፡- “ሰናቢተይ” ይብል።)

ሓታቲ፡- “ ገዛ ዓፅያ ትሰራሰር” ይብል።



መላሲ፡-- “ጥጥኞ፣ወይ ምሳ” ይብል። መልሳ ምፍላጥ እንተስኢንዋ ግን፡-

መላሲ፡- “ተደረር” ይብል። (ንገረኒ ንምባል) (ሓታቲ፡- ብምንታይ?)

መላሲ ፡- ብኺና (ሓታቲ፡- ኪና ዝበለ ኪና ይፅቀጦ፣ ከም ሰፍኢ ይገልብጦ፣ ከም ማዕዊድ የጕብጦ መልሳ “ጥጥኞ /ምሳ” እያ ኢሉ ይነግሮ።

ወይ ድማ እንተዘይፈሊጥዋ ሓታቲ፡- “ኣድርረኒ” ይብሎ እሞ

መላሲ፡- “ተደረር” (ሓታቲ፡- “ድራር ሓው ዶ ድራር ንና?”)

መላሲ፡- ድራር ሓው (ሓታቲ፡- ሓው ዝበለ ሓው ይሃቦ፣ ንና ዝበለ ንና ይሃቦ)

ካብቲ እዝንኻ ቆርሚምና ንኸልቢ ንሃቦ

እንተኣበየ ብእምኒ ፀዊጥና ንሕደጎ

እንታይ እያ እናበልካ ከይትሓድርሲ መልሳ “ጥጥኞ፣ ምሳ” እያ። ይብል።

ሀ. እናንበብኩም መልሱ።

1. ሕንቅል ሕንቅሊተይ መዓዝ ይዝረብ?
2. ሕንቅል ሕንቅሊተይ ብክንደይ ሰብ ይቖርብ?
3. ሓታቲ፣ መላሲ እንተዘይፈሊጥዋ ንገረኒ ንምባል እንታይ ይብል?

ለ. ተሓታቲ መልሲ ሕንቅል ሕንቅሊተይ እንተስኢንዋ ሓታቲን ተሓታቲን ዝገብርዎ ምልልስ ብቓልኩም ኣቕርቡ

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንባልን

እናጠመርኩም ኣንብቡ።

ይ - ገልብጦ	ዝ- በለ	ይ- ሃቦ	ብ- እምኒ	ን- ሕደጎ



ዓርሰ ንባብ

ሕንቅል ሕንቅሊተይ

1. ብዛዕባ እቲ ምንባብ ትገብሩዎ ተዛረቡ።።
2. ነቲ ምንባብ እናንበብኩም ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።።

(ድንኩል፣ ኪና፣ ማዕዲድ፣ ንና)

3. ኣብ ቅድሚት ብምውላእ ክልተ ብኽልተ ብምኺን ብመልክዕ ሕቶን መልስን ኣብ ክፍሊ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ኣቕርቡ።።



ቃላት

ኣብ “ሀ” ንዘለዉ ሕቶታት ሕንቅልሕንቅሊተይ ኣብ “ለ” ምስ ዘለዉ መልስታት ኣዛምዱ።።

ሀ	ለ
1. ስርሕ ውዒላ ዕፍዒት ድራራ	ሀ. በለስ
2. ክልተ ጎረባብቲ ዘይረኣኣያ	ለ. ዕንበባ ምሸላ
3. ላዕሊኣ ሕስምቲ ውሽጣ ጥዕምቲ	ሐ. ለቓታ
4. በሊዓ በሊዓ ትሕነቕ	መ. ክርቢት
5. እናሓረረት ትስሕቕ	ረ. ኣዒንቲ
6. ካብ ከብዲ ኣዲኣ ወዒኣ ከብዲ ኣዲኣ ትረግሕ	ሰ. ጥጥቆ
7. ገዛ ዓዒያ ትሰራሰር	ሸ. መንፈት



ፅሕፈት

• እትፈልጥዎ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ፀሓፉ።።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ኣሸንዳ

ሀ. እናዳመፅኩም መልሱ።።

1. በዓል ኣሸንዳ ንኽንደይ መዓልቲ ይኽበር?
2. ኣሸንዳ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

ለ. ኣዳሚፅኩም ነቲ ውጡን ፅሑፍ ዛዝሙዎ።

“ኣሸንዳ ኣብ በረኻ ዝበቁል ዓይነት ተኽሊ እዩ። ስም እዚ ተኽሊ መፀውዒ _____ ኮነ። ኣዋልድ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ንዝተወሰነ መዓልቲ ይፃወታ። ኣብዘን ንዝትወሰነ መዓልትታት ኣዋልድ _____ ።



ዓርሰ ንባብ

እንካ ኣዝግነኒ



“እንካ ኣዝግነኒ” ከም ሕንቅል ሕንቅሊቲይ ብሕቶን መልስን ይቐርብ፤ ኮይኑ ግና ንመላሲ ግዘ ከይሃብካ ግጥሚ ከም ዝገጥም ጌርካ ይፅወት። እዚ ኣብ ግዘ

ዕረፍቲ ወይ ምሸት ዝፅወት ፀወታ እዩ። ንኣብነት

ሓታቲ፡- እንካ ኣዝግነኒ (መላሲ፡- ብምንታይ)

ሓታቲ፡- ብነቐዝ (መላሲ፡- እንታይ ኣለካ ብዓል ነቐዝ)

ሓታቲ፡- ካብ ኩሎም ኣሕዋትካ ንስኻ ጎበዝ (መሊሱ እቲ ሓታቲ መላሲ፣እቲ መላሲ ድማ ሓታቲ ይኸውን።)

ሓታቲ፡- እንካ ኣዝግነኒ (መላሲ፡- ብምንታይ?)

ሓታቲ፡- ብድንኩል (መላሲ፡- እንታይ ኣለካ ብዓል ድንኩል)

ሓታቲ ፡- ኣቦኻ እንትረግፅ ምድሪ ይነኩል። (መሊሱ እቲ ሓታቲ መላሲ፣ እቲ መላሲ ድማ ሓታቲ ይኸውን።)

ሓታቲ፡- እንካ ኣዝግነኒ (መላሲ፡- ብምንታይ?)

ሓታቲ፡- ብኩትሻ (መላሲ፡- እንታይ ኣለካ ብዓል ኩትሻ)

ሓታቲ፡- ሰጥ ኢልካ ተምሃር ኣይትኹን ዓሻ፣ ይብል።

ሀ. ኣንቢብካ ምምላስ

1. እንካ ኣዝግነኒ ብኸመይ ይቐርብ?

2. እንካ ኣዝግነኒ ኣብ ከመይ ዝበለ ግዘ ይቐርብ?

3. ፍልልይ ሕንቅል ሕንቅሊቲይን እንካ ኣዝግነኒን ግለፁ።

ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት እንካ ኣዝግነኒ መልሱ።።

ሓታቲ፡- እንካ ኣዝግነኒ መላሲ፡- ብምንታይ?

ሓታቲ		መላሲ		
1. ብመኪና		ኣነን ንስኽን ሽኮሪና		
2. ብድንሽ	3. ብድስቲ	4. በቲኦም	5. ብሓሰር	6. ብኻሻ

ፅሕፈት

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ህነፁ። (ግጥሚ፣ ድንኩል፣ መልሲ፣ ፀወታ)

4ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

1. ጠሚርኩም ፀሓፉ።።

ብ - ሓርማዝ	ብ - ድንኩል	እንቲይ - ሃብካ	ት - ኹን	እንት - ሸጡ	ዝ - ገጠመ

2. ነዚልኩም ፀሓፉ።።

ብሓርማዝ	ብድንኩል	እንቲይሃብካ	ትኹን	እንትሸጡ	ዝገጠመ

ዓርሰ ንባብ

እንካ ኣዝግነኒ

1. ብዛዕባ እንካ ኣዝግነኒ ካብ ዝተመሃርኩምዎ እትፈልጥዎ ዘክሩ።።

2. ስርዓት ኣቀራርባ እንካ ኣዝግነኒ ሓሊኹም ብፅምዲ ብምኻን እትፈልጥዎ እንካ ኣዝግነኒ ኣቕርቡ።።

ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብተፃራሪ ካብ “ለ” ናብ “ሀ” ኣዛምዱ።።

ሀ	1. ዓሻ	2. መልሲ	3. ምድሪ	4. ምሸት	5. ዕረፍቲ
ለ	ሀ. ሰማይ	ለ. ስራሕ	ሐ. ለባም	መ. ሕቶ	ረ. ንጉሆ

ፅሕፈት

ንወለድኹም ወይ ካልኦት ዓበይቲ ወለዲ ብምጥያቕ ዝረኸብኩምዎም እንካ ኣዝግነኒ ፅሑፍኩም ምፁ።።

ሰሙን 9

ምድማፅ

ህድሞ ኣደይ ስላስ



ሀ. እናዳመፅኩም ነቶም ዘይተመልኡ ሓሳባት መሊእኹም ፀሓፉ።

1. ማማ ስላስ ብተፈጥሮአን መልከዐኛ እየን። ኣብ ርእሲ መልክዐን ድማ_____።

2. ኣቦይ ጉዕሽ ንማማ ስላስ ጥምት ኣበልወን። ደርፊ ቅድሚ ምጅማሮም___።

ለ. ኣዳሚፅኩም መልሱ።

1. መጋየሚታት ኣደይ ስላስ ዘርዝሩ።

2. ኣብ ህድሞ ኣደይ ስላስ ዝርከቡ ናውቲ እንታይን እንታይን እዮም?

3. ስራሕ ኣደይ ስላስ እንታይ እዩ?

ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

ብ-ስዋ	ባህሊ-ኣዊ	እና-በለ	ደርፊ - ታት	እንት- ቐፅል

ለ. ነፂልኩም ኣንብቡ

ብስዋ	እንትቐፅል	እናበለ	ደርፊታት	ባህላዊ

ዓርሰ ንባብ

መረባ ኣደይ ስላስ

ኣቦይ ጉዕሽ ብስዋ ኣደይ ስላስ ጉረሮኦም ኣርሓሱ። ናብቲ መረባ ወፂኦም፣ ጭራዋጥኦም ኣመዓራርዮም ድምፆም ምስቲ ድምፂ ጭራዋጣ ኣወሃሃዱ። ቀፂሎም መልክዕ ማማ ስላስ ዘድንቕ ደርፍታት ክደርፉ ጀመሩ። ንሶም ኣብ ህድሞ እንዳ እነይ ስላስ ኮይኖም እናዋጠዩ ይደርፉ። ሰባት ጎረቤት፣ ኣብ ደገ ኣእጋሮም ኣሳፊሖም ይፃወቱ።

ልዋም ንኹለን ኣእጋር በብሓደ ትትንክፈን። ብዜማ “....ኖራ መስቆራ መስቆር ጉንዶ፣ ጉንዶ ሰናዶ፣ ሰናይ ለሚ፣ ለሚ ክፍለሚ ክፍለ ሊቂ፣ ሊቂ ጭፍሊቂ ሰባር ዓይኒ ብርኪ ናዓ፣ ውፃእ፣ ወዲ ሓቂ...” ትብል። ነታ “ወዲ ሓቂ” ምስ በለት ዝተንክፈታ እግሪ ክትዕፀፍ ትገብር። ኣቦይ ጎዕሽ ናብ ደገ ጠመቱ። ድምፂ ልዋም ኣዝዩ ስሓቦም። መልክዕ ማማ ስላስ ምድናኞ ኣቋሪፆም ብሓሳብ ናብ ቑልዕነቶም ተመለሱ። ከምዚ እናበለ ፀወታ እቶም ሰባት እንትኞፅል ልዋም ተፀዊዓ ናብ ገዝኣ ኣተወት።



ሀ. እናንበብኩም መልሱ።

1. ኣቦይ ጉዕሽ ጐረሮኦም ዘርሓሱ ንምንታይ እዩ?

2. ልዋም ትፃወቶ ዝነበረት ፀወታ እንታይ እዩ?

ለ. ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ኣብ መረባ ኣደይ ስላስ እንታይ እንታይ ይግበር ነይሩ?

2. ኣብቲ ምንባብ ካብ ዝተገለፁ ባህላዊ ነገራት ዝተወሰኑ ዘርዝሩ?

2ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንባልን

1 ጠሚርኩም ኣንብቡ።

ባህሊ	ኣዊ	መልክዕ	ኣኛ	ፈጢሩ	ለን
መጋየዊ	ታት	መደብ	ኣን	ሓዙ	ዋ

2. ነዚልኩም ኣንብቡ።

ባህላዊ	መልክዐኛ	ፈጢሩለን	መጋየዊታት	መደበን	ሒዙዋ



ዓርሰ ንባብ

መረባ ኣደይ ስላስ

1. እናንበብኩም ፍታሕ እዞም ቃላትን ሓረጋትን ድለዩ?

(ጐረሮኦም ኣርሓሱ፣ ህድሞ፣ ዜማ፣ ኣወሃሃዱ፣ ዝተንከፈታ እግሪ፣ ኣእጋሮም ኣሳፊሖም)

2. ቀንዲ ቀንዲ ሓሳባት እቲ ምንባብ ብቃልኩም ኣቕርቡ።



ቃላት

ሀ. ኣብሞንጎ እዞም ዝስዕቡ ዕምዲ ቃላት ዘሎ ኣፈላላይ ፍታሕ ግለፁ።

1. ገዛኣ/ገዛ
2. መዚኦም/መዚአን
3. ጭራዋጣ/ጭራዋጥኦም
4. ደርፍታት/ደርፊ

ለ. በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት መስርቱ።(ህድሞ፣ ፀወታ፣ ዜማ፣ ስዋ)



ፅሕፈት

መረባ ኣደይ ስላስ ንዝብል ምንባብ ብ 5 ምሉእ ሓሳባት ኣሕዚርኩም ፀሓፉ።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ህድሞ ኣደይ ስላስ

“ማእሲ፣ ግልብጭ፣ መስቀል፣ ኣልቦ፣ ኩትሻ፣ ዕትሮ፣ ዋንጫ፣ ባርኔጣ፣ ሳሱላ፣ ሸክና፣ ዝብጦ፣ ገንኢ፣ ስቑሬን፣ ድኰት” ንዝብሉ ቃላት “መጋየሚ ኢድ፣ መጋየሚ እግሪ፣ መጋየሚ ርእሲ፣ ናውቲ ገዛ” እናበልኩም ፍለይዎም።



ዓርሰ ንባብ

ልዋምን ሕንጢትን

ልዋም ናብ ገዛኣ እንትትኣቱ ኣዲኣ ነታ ምንኣስ ሓፍታ እናሰራሰራ ፀንሓኣ። እታ ህፃን ሃናት ስለዝሓዘታ ኣብ መንበስበስታ፣ቆዕለመዕሊ ቀጥቂጠን ጠፍጢፈናላ። ኣብ ኢዳ ድማ ጨና ኣዳም ፣ፃዕዳ ሸጉርቲ ፣ ልሕቲት ሓዋዊሰን ብጨርቂ ኣሲረናላ። ኣብ ክሳዳ ጥርቀለም ብፈትሊ ገይረን ኣንጠልጢለናላ። እታ ቆልዓ ከይትብኽየን ከምዚ እናበላ የፃውታኣ ነበራ፡-



“ሕንጢት እባ ውኖ ሕንጢት ውኖ
ርእይ ውዒልካያ ዘይትምኖ
ዘይትዕገብ እንጀራ ልማኖ
ግምጃ ባሕሪ መረባዕ ድኾኖ
ንኣኺ ፈጢሩ ዘይኾኖ።”
(ደሃይ ባህሊ፣ ኣስረስ ተሰማ፣ 1992)

ኮይኑ ግና ኣብ ጥዕብናኣ ምምሕያሽ ኣይኣርኣየትን። ልዋም እናጎየየት ናብ ገዛኣ ኣተወት። ነታ ንእሽተይ ሓፍታ ካብ ኣዲኣ መንጢላ ክተዓውታ ጀመረት። ኣዲኣ ግና ከይተውድቓ ስለዝሰግኣ ብማሕዘል ኣሕዘላኣ። እታ ህፃን ካብ ኣዲኣ ብምፍላያ ኣብ ሕቓ ልዋም ኮይና ክትበኪ ጀመረት። ልዋም ግና እንተይሰልከየት ረርያን ጠቢራን ኣደቂሳታ።

ኣንቢብኩም መልሱ።

1. እታ ሕንጢት ሃናት ምስ ሓዘታ እንታይ ገይረናላ?
2. ሕንጢት ከይትበክይ ከመይ ጠቢረንኣ?
3. ሕንጢት ኣብ ኢዳ እንታይ ተኣሲሩላ?

ቃላት

ብመሰረት እቲ ንባብ ዝስዕቡ መድሓኒታት ኣበይ ከምዝግበሩ/መንበስበስታ፣ ኢድ፣ ክሳድ/ሓብሩ።

1. ልሕቲት
2. ጨና ኣዳም
3. ፃዕዳ ሽጉርቲ
4. ጥርቀለም
5. ቆዕለመዕሊ
6. ፈትሊ

ፅሕፈት

ኣደ፣ ንሕንጢት እናሰራሰራ እንታይ እናበላ ይጥብራኣ ነይረን?

4ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንባልን

ሀ. ቃላትን ጥብቆታትን ጠሚርኩም ፀሓፉ።

1. ፈጢሩ ላ
2. ኣሰረ ላ
3. ረርየ ን
4. ጠፍጢፈን ኣላ
5. ጠቢረ ን

ለ. ቃላትን ጥብቆታትን ነዚልኩም ፀሓፉ።

ፈጢሩላ	ኣሰረላ	ረርየን	ጠፍጢፈናላ	ጠቢረን

ዓርሰ ንባብ

ልዋምን ሕንጢትን

1. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣስተውዕሉ። ብምቕፃል ብዛዕባ እቲ ዛንታ ዘለኩም ግንዛበ ተዛረቡ።

(ሃናት፣ መንበስበስታ፣ ልሕቲት፣ ሕንጢት፣ ማሕዘል፣ ረርያ፣ ጥርቀለም፣ ልዋም)

2. ነዚ ዘንበብኩምዎ ዛንታ ብናታትኩም ኣበሃህላ ብሓሙሽተ ምሉእ ሓሳብ ኣሕዚርኩም ፀሓፉ።

ቃላት

ኣፈላላይ ፍታሕ ሕድሕድ ፅምዲ ቃላት ፀሓፉ።

ሀ. ጀመረ/ጀሚራ
ሐ. ገዝኣ /ገዝኡ
ለ. ጠቢራ/ጠቢሩ
መ. ገይረን/ገይሩ

ፅሕፈት

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳብ ህነፁ (መስርቱ)።

ሀ. ልሕቲት ለ. መንበስበስቲ ሐ. ፀወታ መ. ፃዕዳ ረ. ጠፍጢፉ

ሰሙን 10

ምድማዕ

እንታይነት ግዘ



ሀ. እናዳመዕኩም ኣብ “ሀ” ዝተዘርዘሩ ሓሳባት ኣብ “ለ” ምስ እተዘርዘሩ ሓሳባት ኣዛምዱ::

“ሀ”	“ለ”
1. ግዘ ዝሕዞም	ሀ. 24 ሰዓታት
2. ሰዓት	ለ. ወቕቲ
3. ሓደ መዓልቲ	ሐ. ንግዘ ዝነግረና
4. ሓጋይ	መ. ካብ ሰከንድ ክሳብ ወቕቲ

ለ. ኣዳሚዕኩም ምላሽ ሃቡ ::

1. ግዘ እንታይ ማለት እዩ?
2. ሐዚ ዘለናዮ ዕለት፣ መዓልቲ፣ ወርሕን ወቕትን ተዛረቡ::

ምጥማርን ምንዛልን

ሀ. ጠሚርኩም ኣንብቡ::

1. እንት - ኸዱ	3. እንት - ውዕል	5. እንተ - ፀሓፉ
2. እንት - ሰትዩ	4. እንተ - ጎየዩ	

ለ. ነዚልኩም ኣንብቡ::

እንተጎየዩ	እንትሰትዩ	እንትውዕል	እንትኸዱ	እንተፀሓፉ

ዓርሰ ንባብ

ጎንዚ ክልተ ኣሕዋት

ትዕግስቲን ኣታኽልቲን ኣብ ሓደ ክፍሊ ዝመሃሩ ኣሕዋት እዮም:: ናብ ቤት ትምህርቲ እንትኸዱ ኮነ እንትምለሱ ኣይፈላለዩን:: ክልቲኦም ኣሕዋት ወትሩ እዮም ዝበኣሱን

ዝጨቓጨቑን። ዝብላሱሉ ምኽንያት ድማ ምድንጓይ ኣታኽልቲ እዩ። ኣታኽልቲ ኣብ ዝሰርሖ ነገር ኩሉ ዝንጉዕ እዩ፤ ግዘኡ እውን ብግቡእ ኣይጥቀምን።



ትዕግስቲ ንጉሆ ተሲኣ፣ ገፃ ተሓጺባ፣ ቁርሳ እንትትበልዕ ኣታኽልቲ ካብ ድቃሱ ይልዓል። ቁርሲ ንምብላዕ ዘጥፍኦ ግዘ መፅሓፍ ከንብብ ካብ ዘጥፍኦ ግዘ ይነውሕ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ደወል ዕረፍቲ ድሕሪ ምድዋሉ፣ ቀልጢፉ ናብ ክፍሊ ኣይኣቱን። መምህር ኣትዩ ምምሃር እንትጅምር “ክሸን!” ኢሉ የፍቅድ። ተፈቒዱሉ ምስ ወፀ ግና ጎተት እናበለ እቲ ክፍለ ግዘ ክውዳእ ምስ በለ ይምለስ። ምስ ትዕግስቲ ወትሩ ዘጨቓጭቕም ድማ ግዘኡ ብግቡእ ክጥቀም ስለዘይኽእል እዩ።

ሀ. እናንበብኩም ካብ ሕድሕድ ዓንቀፅ መዘክር ሓዙ።

ለ. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ምኽንያት ባእሲ ክልቲኦም ኣሕዋት እንታይ እዩ?
2. ኣታኽልቲ ግዘኡ ብግቡእ ዘይጥቀም ንምንታይ እዩ?
3. ግዘኻ ብግቡእ ምጥቃም እንታይ ማለት እዩ?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንባልን

1. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

1. ድቃስ → ኡ
2. ሰዓት → ኡ
3. ትምህርት → ኡ
4. መሃር → ኡ
5. መልስ → ኡ

2. ነዚልኩም ኣንብቡ።

መሃሩ	መልሱ	ሰዓቱ	ትምህርቱ	ድቃሱ



ዓርሰ ንባብ

ጎንዚ ክልተ ኣሕዋት

1. ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት እናንበብኩም ፀሓፉ። (ወትሩ፣ ዝጨቓጨቕ፣ ዝንጉዕ፣ ብግቡእ)
2. ነቲ ምንባብ ምስ ኣንበብኩም ቀንዲ ሓሳባት ጥራሕ ፈሊኹም ፀሓፉ።



ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ናብ ኣንስታይ ፆታ ለውጡዎም።

ኣብነት:- መፅሓፉ = መፅሓፋ

1. ግዘኡ	2. ድቃሱ	3. ክፍሉ	4. ሰዓቱ	5. ትምህርቱ



ፅሕፈት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተጠቒምኩም ሓሙሽተ ምሉእ ሓሳባት ዝሓዘ ዓንቀፅ ፀሓፉ። (ግዘ፣ መዓልቲ፣ ዕለት፣ ሰሙን፣ ደቒቓ፣ ወቕቲ፣ ወርሒ)

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

እንታይነት ግዘ

ሀ. እናዳመፅኩም መልሱ።

ንባብ 1=1. ሰዓት እንታይ ማለት እዩ?

2. ስዒቡ ናይ ዝንበብ ፅሑፍ ሓሳብ እንታይ ይመስለኩም?

ንባብ 2=1. ግዘ ብምንታይን ብምንታይን ይከፋፈል?

2. ስዒቡ ናይ ዝንበብ ዓንቀፅ ሓሳብ እንታይ ይመስለኩም?

ለ. “እዋን፣ ሰከንድ፣ ደቒቓ ፣ መዓልቲ፣ ወርሒ፣ ሰዓት፣ ሰሙን፣ ወቕቲ” ዝብሉ ቃላት ተጠቒምኩም “እንታይነት ግዚ” ንዝብል ምንባብ ኣሕዊርኩም ተካፈቡ።



ዓርሰ ንባብ

ትልሚ ትዕግስቲ



መደባት ትዕግስቲ ነቲ ዘዳለወቶ ትልሚ መሰረት ዝገበረ እዩ። ብትልሚ ስለትሰርሕ፣ ከይተጨነቐት ዕዮታታ ኣብ እዋኑ ትውድኦ። እዚ ዝረኣየ ሓዋ ኣታኽልቲ ብትልሚ ትዕግስቲ ቀንኣ። ምስ ሓፍቱ ባእሲ ከም ዘይጠቕሞ እውን ተገንዘበ፤ ስለዝኾነ ድማ በቲ ትዕግስቲ ዘውዕኦቶ ትልሚ ክጥቀም ጀመረ። ኣታኽልቲን ትዕግስቲን ዝጥቀሙሉ ትልሚ ነዚ ዝስዕብ ይመስል።

እዋን	መዓልቲ		
	ሰኑይ-ዓርቢ	ቀዳም	ሰንበት
ንጉሆ	ውልቀ ዕርየት፣ ናውቲ ትምህርቲ ምቕራብ	መዕናዕቲ ፣ ብስራሕ ስድራ ምሕጋዝ	መዕናዕቲ፣ ፀወታ
ቀትሪ	እዋን ትምህርቲ	መዕናዕቲ ጉጅለ	ውልቀ ዕርየት፣ ዕረፍቲ
ኣጋምሽት	መዕናዕቲ	ዕዮ ገዛ ምስራሕ፣ ፀወታ	ዕዮ ገዛ ምስራሕ፣ ናውቲ ትምህርቲ ምቕራብ
ምሸት	ምስራሕ ዕዮ ገዛ	ቴሌቭዥን፣ሬድዮ ምክትታል፣	ቴሌቭዥን፣ሬድዮ ምክትታል፣

ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ትልሚ ንምንታይ ይጠቅም?
2. ሰሙናዊ ትልሚ ትምህርቲ እንታይን እንታይን ከጠቓልል ይግብኦ?

ቃላት

ተመሳሳሊ ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ግለፁ።

1. መደብ 2. ተሓጋጊዞም 3. ዕዮ 4. ባእሲ 5. ኣጋምሽት 6. ናውቲ

4ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንባልን

ሀ. ጠሚርኩም ፀሓፉ።

ዝ - ሰርሐ - ቶ	ዝ - ረአየ - ቶ	ዝ - ነገረ - ቶ	ዝ - ሰምዐ -ቶ

ለ. ነዚልኩም ፀሓፉ።

ዝሰርሐቶ	ዝረአየቶ	ዝነገረቶ	ዝሰምዐቶ



ዓርሰ ንባብ

ትልሚ ትዕግስቲ

"ትልሚ ትዕግስቲ" ኣብ ዝብል ምንባብ ዘሎ ሰደቓ ተጠቒምኩም ናይ ባዕልኹም ሰሙናዊ ትልሚ ኣዳልዉ።

ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ከማልኡ ዝኽእሉ ቃላት ምረፁ።

ሀ. ሃና ነቲ ዕዮ ገዛ ብእዋኑ _____ (ሰርሐ/ሰርሐቶ)

ለ. ንሓዋ ሙሴ ድማ ንክሰርሕ _____ (ነገረ/ነገረቶ)

ሐ. ቀሚላ ደብተርን ቢሮን _____ (ኣውጺኣ/ኣውዕኣቶ) ሃበቶ።

መ. ሙሴ ከዓ ዘረባ ሓፍቱ _____ (ሰሚዑ/ሰምዐቶ) ዕዮ ገዝኡ ሰርሐ።



ፅሕፈት

ኣብ ሰሙን እተፅንዑሉ ግዘ ዘመልክት ትልሚ ኣዳሊኹም ኣቕርቡ።



ምድማፅ

ኣጠቓቕማ ግዘ



ሀ. እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ግዘና ብግቡእ ንምጥቃም እንታይ ክንገብር ይግባእ?
2. ግዚኦም ብትልሚ ዘይጥቀሙ ተምሃሮ እንታይ ይኾኑ?

ለ. ኣዳሚፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ብመሰረት ትልሚ ዝምርሑ ተምሃሮ እንታይ ይኾኑ?
2. ኣጠቓቕማ ግዘ እንታይ ማለት እዩ?



ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ነቲ ቃል ዝሰማማዕ ጥብቆ ሓሪኹም ኣብቲ ክፍቲ ቦታ ኣእትዉ

1. ጳጉሜን መሰጋገሪ --- ወርሒ እያ (ት፣ ኡ፣ ኻ)
2. ብትምህርቲ --- ነፊያም (ታ ፣ኦም፣ ኡ)
3. ካብ ዕስራ ---ሕሰብ ፈተና ኣለና (ዝ፣ ን፣ ክ)
4. ኣቦይ --- ሕጎስ ሪኣዮ። (እንት፣ እንተ፣ እና)
5. ክልተ ደብተራት ኣለዋ ----። (ኒ፣ ኡ፣ ት)

ለ. ነዚልኩም ኣንብቡ።

ሰገረት	ትምህርቶም	መዓልትታት	ኣለዋና



ዓርሰ ንባብ

ዓሰርተ ሰለስተ ኣዋርሕ

ኣብ ዓመት ዓሰርተ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣለዋና። ጳጉሜን ኣብ ሞንጎ ነሓሰን መስከረምን እትርከብ መሰጋገሪት ዓመት እያ። እዛ ወርሒ ሓሙሽተ መዓልታት ትሕዝ። ኣብዛ ወርሒ ተምሃሮ ካብ ዕረፍቲ ናብ ቤት ትምህርቶም ንምእታው ይዳለው።

ጳጉሜን ሰዓብቲ ሃይማኖት ክርስትና ናብ ማይፀሎት ወይ ወሓዚ ሩባ ብምኻድ ዝሕፀቡላ ወርሒ እያ። ተሓጊቦም ኣብ ዝምለሱሉ እዋን "ጳጉሜኔ ማይ ጳጉሜንየ፣ ተሓጊብኩምዶ ማይ

ጳጉሜንየ፣ ጥዕና ኣለዎ።" እናበሉ ንዘይተሓፀቡ የዘኻኽሩ።



ካብ መስከረም ክሳብ ነሓሰ ዘለዋ ዓሰርተ ክልተ ኣዋርሕ ሰለሳ መዓልቲታት ይሕሳ። እዘን ኣዋርሕ፣ ካብ መስከረም ክሳብ ሰነ፣ እዋን ትምህርቲ እየን። ሓምለን ነሓሰን ግና እዋን ዕረፍቲ እየን።

ሀ. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. መበል 13 ወርሒ መን ተባሂላ ትፅዋዕ?
2. ሓንቲ ወርሒ ክንደይ መዓልቲታት ዝሓዘት እያ?

ለ. ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ነቶም ዓሰርተ ሰለስተ ኣዋርሕ ብቐድም ስዓብ ፀውዑዎም።

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

1. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

ሀ. ወሰደ - ቶ	ለ. ሰ - ሰላሳ	ሐ. ዝ - ሕሰብ	መ. ሓዝ-ኡ

2. ነፂልኩም ኣንብቡ።

ሀ. ወሰደቶ	ለ. ሰሰላሳ	ሐ. ዝሕሰብ	መ. ሓዙ

ዓርሰ ንባብ

ዓሰርተ ሰለስተ ኣዋርሕ

1. እናንበብኩም ፀሓፉ።

1. በዝሒ ኣዋርሕ ኣብ ዓመት፡- ——
2. ኣዋርሕ ትምህርቲ፡- ——
3. ኣዋርሕ ዕረፍቲ፡- ——
4. መሰጋገሪት ዓመት፡- ——

2. ዓሰርተ ሰለስተ ኣዋርሕ ንዝብል ምንባብ ብቓልኩም ኣሕዊርኩም ተዛረቡ።



ቃላት

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳብ ህነፁ።(ትልሚ፣ ዓመት፣ ወርሒ፣ መዓልቲ)



ፅሕፈት

ነዚ ዝስዕብ ዓንቀፅ ኣማሊእኹም ፀሓፉ።

ኣብ ዓመት _____ ኣዋርሕ ኣለዋና። ጳጉሜን _____

ትርከብ መሰጋገሪት _____ ወርሒ እያ። እዛ ወርሒ _____ ትሕዝ።

ኣብዛ ወርሒ ተምሃሮ _____ ይዳለዉ። ካብ _____ ዘለዉ ዓሰርተ ክልተ ኣዋርሕ _____ መዓልትታት ይሕዙ። ካብ _____ እዋን ትምህርቲ እዮም። _____ ግና እዋን ዕረፍቲ እዮም።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ኣጠቓቕማ ግዘ

ሀ. እናዳመፅኩም ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ልክዕ እንተኾይኖም “ሓቂ” እንተዘይኮይኖም ድማ “ጌጋ” ብምባል መልሱ።

1. ግዘና ብኽንቱ ጠፊኡ ዝበሃል ኣብ እዋኑ እንተዘይተጠቒምናሉ እዩ።
2. ግዘ ዕረፍቲ ፣ግዘ ስራሕ ፣ ግዘ መዘናግዒ ኢልካ ምምዳብ ትልሚ ይበሃል።
3. ብትልሚ ዝምርሑ ተምሃሮ ዕዮታቶም ብእዋኑ ኣይውድኡን።

ለ. ኣዳሚፅኩም መልሱ።

1. ግዘና ኣብ እዋኑ ክንጥቀመሉ ይግባእ። እዚ እንተይገበርና እንተተረፍና ግን_____
2. ግዘና ብግቡእ ንምጥቃም _____
3. ግዘኡም ብትልሚ ዝጥቀሙ ተምሃሮ _____
4. ቅድሚ ትልሚ ግዘ ምውፃእና _____



ዓርሰ ንባብ

ማሙሽ



ማሙሽ ኣብ ከተማ መቐለ ዝነብር ተምሃራይ እዩ። ኣብ መዓልቲ እቲ ዝነውሐ ግዘ ቴሌቪዥን ኣብ ምርኣይ የሕልፎ። በዚ ምኽንያት ኩሉ ግዘ ኣዲኡ ትኹርየሉ።

ኣዲኡ መዓልታዊ ሰዓታቱ ብግቡእ ክጥቀመሉ ትደልይ። ሰዓታቱ ኣብ መዕናዕቲ ፣ ምስራሕ ዕዮ ገዛ፣ ፀወታ መዲቡ ክሰርሕ እውን ትመኽሮ።

ማሙሽ ኣዲኡ ትመኽሮ ምኽሪ ኩሉ ይሰምዕ፤ ግና ኣይትግብሮን። ንሳ ካብ ገዛ እንትትወፅእ ንሱ ቴሌቪዥን ይኸፍት። ሽዑ ምሉእ መዓልቲ “ፊልም” ክርኢ ይውዕል። ኣይኮነንዶ ሰዓቱ መቓቒሉ ስራሕቱ ከሳልጥስ ፣ ነቲ ዝበልያ ምግቢ እውን ግዘ ኣይረኽበሉን።

ኣዲኡ መዚኣ ንክበልዕ እንተዘይነጊራቶ ምስሉ ኮነ ጠዓሞቱ ከይበልዐ እዩ ዝውዕል። ኣብ ክፍሊ ኣትዩ ተምሃሮ ዝዛረብዎ ኩሉ ሓድሽ እዩ ዝኾኖ፤ መምህር ዘረድኦ እውን ከምኡ። ኣብ መወዳእታ፣ ብትምህርቱ ወዲቑ ካብ መሓዙቱ። ድማ ንድሕሪት ተረፈ።

ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ማሙሽ ዝበዝሕ ግዚኡ ዘሕልፎ ዝነበረ ኣብ ምንታይ እዩ?
2. ኣዶ ማሙሽ ንወዳ እንታይ ትብሎ ነይራ?
3. ማሙሽ ብትምህርቱ ንፉዕ ንክኸውን እንታይ ትመኽሩዎ?

ቃላት

ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።

1. መዲቡ	2. ማዕዳ	3. ወዲቑ	4. ሓዱሽ	5. ደለየት

4ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ጠሚርኩም ፀሓፉ።

ሀ. ኣይ - ረኸበ - ን	ለ. ኣይ - መሃረ - ን	ሐ. ኣይ - ሰኣለ - ን

ለ. ነዚልኩም ፀሓፉ።

ሀ. ኣይመሃረን	ሐ. ኣይነበረን	ሰ. ኣይበሰለን
ለ. ኣይሰኣለን	መ. ኣይረኸበን	ረ. ኣይኮነን



ዓርሰ ንባብ

ማሙሽ

ብመሰረት እቲ ንባብ ነዞም ጅሙራት ሓሳባት ኣማልኡ።

ሀ. ማሙሽ ኣዲኡ እትመኽሮ ምኽሪ ኩሉ ይሰምዕ፣ ግና _____።

ለ. ማሙሽ ኣብ መወዳእታ ብትምህርቱ _____።

ሐ. በዚ ምኽንያት ነቲ ዝነበሮ ክፍሊ ደጊምዎ፣_____ ።



ቃላት

ብመሰረት ዝተወሃበኩም ኣብነት ነቶም ዝተረፉ ዕዮታት ስርሑ።

ኣብነት 1. ሰዓት ኢልና ሰዓታት ንብል

2. ኣደ ኢልና _____ ንብል

3. ንሱ ጠዓሞቱ በሊዑ ኢልና ንሳ _____ ንብል

4. መፅሓፉ ረኺባ ኢልና _____ ረኺቡ ንብል

5. ንሱ ተሪፉ ኢልና ንሳቶም_____ ንብል

6. ኣዲኡ ትኹርየሉ ኢልና ኣዴታትና_____ንብል



ፅሕፈት

ቴሌቭዥን ምርኣይ ትምህርትኻ የስንፍ ዶ ኣየስንፍን ዝብል ርእሲ ዘለዎን ብምኽንያት ዝተደገፈን ሓሙሽተ ምሉእ ሓሳብ ዝሓዘ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

ሰሙን 12

ምድማፅ

ያታታት ኣዋርሕ





ሀ. እናዳመፅኩም መልሱ::

1. ኣብ ወርሒ መስከረም ተዛራቢት ዝነበረት ኣፋ ዝእረም ንምንታይ እዩ?
2. ፍርቃ ጥዕሚቲ ፍርቃ ሕስምቲ እትበሃል ወርሒ መን እያ?
3. መግለሚ ወርሒ ታሕሳስ እንታይ እዩ?

ለ. ኣዳሚፅኩም መልሱ::

1. ወርሒ ታሕሳስ ካብ ወርሒ ሓምለ ብኽመይ ትፍለ?
2. ኣብዘን ዝስዕባ ኣዋርሕ ተምሃራይ እንታይ እንታይ ይሰርሕ?

(መስከረም፣ ሕዳር፣ ጥሪ፣ ሰነ)

ምጥማርን ምንባልን

ሀ. ጠሚርኩም ኣንብቡ::

ከ - ይብላዕ	ስራሕ- ቲ	እንተ - ወፈሩ	እና - ሰርሐ - ት

ለ. ነዚልኩም ኣንብቡ::

ከይብላዕ	ስራሕቲ	እንተወፈሩ	እናሰርሐት

ዓርሰ ንባብ

እታ ፃዕራም ለታይ

ለታይ ንል ዓሰርተ ክልተ ዓመት ቆልዓ ገፀር እያ። ንጉሆ ገስጊሳ ማይ ተምፅእ። ነቲ ዘምፅኦቶ ማይ ረብሪባ ምድሪ ቤት ትኹስትር። ዕንፀይቲ ኣርያ፣ እንጀራ ትስንክት። ፀብሒ እናሰርሐት ድማ ቡን ተፍልሕ።

ኣብ ገዛ ካሊእ ቆልዓ ስለዘየለ ለታይ ልዕሊ ዓቕማ እያ እትስርሕ። ካብቲ መዓልታዊ ስራሓ

ብተወሳኺ ኣትክልቲ ገደና ትኸስኩስ፣ ናብ መንሰ እውን ትወፍር።





ኣብ እዋን ክረምቲ ኣቦኣ ናብ ማሕረስ እንትወፍሩ ዝብላዕን ዝስተን ተብዕሕ። ኣብ እዋን ቀውዒ ዘራእቲ ብኣዕዋፍ ከይብላዕ ትሕሉ።

ኣብ እዋን ሓጋይ ምስ ኣዲኣ ናብ ከተማ ወሪዳ እኽሊ ተቐንዕ። ካብ ከተማ ድማ ክርቢት፣ ላምባ ፣ ሳሙና፣ ወዘተ ገዚኣ ትምለስ። ለታይ ነዚ ኩሉ ስራሕቲ ቀትሪ ተሳልጦ። ምሸት ምሸት ድማ ተዕንዕ። ግዘኣ ብግቡእ መቓቒላ ትጥቀም። ስለዚ ኣብ ገዛኣ ኮነ ኣብ ትምህርታ ዕዉት ስራሕ ትሰርሕ።

ሀ. እናንበብኩም መልሱ።

1. ለታይ ቅድሚ ናብ ትምህርታ ምኻዳ እንታይ ትሰርሕ?
2. ለታይ ክንደይ ኣሕዋት ኣለዉዋ?
3. ለታይ ትምህርታ መዓዝ መዓዝ ተዕንዕ?

ለ. ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ለታይ ብትምህርታ ንፍዕቲ ዶ ነይራ ድኽምቲ?
2. ንፉዓት ተምሃሮ ንክትኮኑ እንታይ ክትገብሩ ይግብኣኩም?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንባልን

1. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

ኣደ	ኣ
ግዘ	ኣ
ትምህርቲ	ኣ
ኣቦ	ኣ

2. ነዚልኩም ኣንብቡ።

ስራሕቲ =	ስራሕ +	___
ገዛኣ =	___+	ኣ
ተጠቐመ =	ተ +	___



ዓርሰ ንባብ

1. እናንበብኩም ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።።

(ረብሪባ፣ ተኽሊ ገደና፣ ቀውዒ፣ ሓጋይ፣ ዕዉት፣ ተሳልጦ)

2. "እታ ፃዕራም ለታይ" ንዝብል ዛንታ ኣሕዒርኩም ተዛረቡ።።



ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ናብ ብዙሕ ቁፅሪ ለውጡዎም።።

1. ተኽሊ	3. ቆልዓ	5. ዕንፀይቲ	7. ዒፍ
2. ገዛ	4. ከተማ	6. ዘርኢ	8. ጓሳ



ፅሕፈት

"እታ ፃዕራም ለታይ" ንዝብል ምንባብ ኣሕዒርኩም ፀሓፉ።።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ያታታት ኣዋርሕ

ሀ. እናዳመፅኩም ባዶ ቦታታት ኣማልኡ።።

1. ሕዳር ኣብ ዝደለኻዮ ___
2. መጋቢት ኣይትለግሲ በላ ___
3. ነሓሰ ክንደይ ኣሎ ብጥሜት ___

ለ. ተመሳሳሊ ባህርይ ዘለወን ኣዋርሕ (እኽሊ ዝውደአሉ፣ ፅጋብ ዝኾነሉ እዋን ብምባል) ጎጅልወን።።



ዓርሰ ንባብ

ለታይን ማሙሸን

ማሙሸን ለታይን ደቂ ክልተ ኣሕዋት እዮም።። ኣደ ለታይ ጥዕና ስለዘይረኸበት ለታይ ምስ ሓትኖኣ ክትመሃር ናብ ከተማ ኣተወት።። ማሙሸ ኣብ ዝመሃረሉ ቤት ትምህርቲ ተመዝጊባ

ድማ ትምህርቲ ጀመረት።።



ለታይ ናብ ከተማ ምስመፀት ሓገዝ ሓፍቲ እኖኣ ስለዝረኸበት ኣብ ገፀር ዝነበራ ፃዕቒ ስራሕ ተቓሊሉላ እዩ። ምሸት ምሸት ዝነበረ ግዘ መፅናዕታ ተቐይሩ። ቀትሪ እውን ክተፅንዕ ጀመረት። ኣብ ገፀር እናሃለወት ዝነበራ ትልሚ ኩሉ ምስናብራ ከተማ ኣመዓራረየቶ። ንፀወታታት ሸውላለ፣ ኣሸንዳን ዲቦን ሂባቶ ዝነበረት ውሱን ግዘ እውን ወሲኻ ንመፅናዕቲ ብዙሕ ግዘ መደበት።።

ለታይ፤ ትልሚ ኩሉ መደባታ ሓንቂፃ ምስ ወድኣት ምስ ማሙሽ እናተማኸሩ ደጋጊሞም ኣስተኻኽሉዎ። ማሙሽ ትልሚ ለታይ ኣዝዩ ፈተዎ። ምሉእ መዓልቲ “ፊልም” ምርኣይ ገዲፉ ብመሰረት እቲ ትልሚ ዕዮታቱ ክሳልጥ ጀመረ።።

ለታይ ስራሕ ስለዝተቓለለላ ተሓጉሳ፣ ማሙሽ ብትልሚ እናሰርሐን እናፅንዐን ስለዝነፍዐ ተሓጉሰ፣ ኣደ ማሙሽ እውን ትምኒታ ስለዝሰመረላ ተሓጎሰት። ድሕሪኡ እቲ ገዛ፣ ገዛ ሓጐስ ኮነ።።

ብመሰረት እቲ ምንባብን ኣብነትን ናይ ባዕልኹም 3 ሕቶን መልሲን ፀሓፉ።።

ሕቶ፡- ማሙሽ ንምንታይ ተሓጉሱ?

መልሲ፡- ምክንያቱ ብትምህርቱ ስለዝነፍዐ።።

ሕቶ፡- ማሙሽ ንምንታይ ነፊዐ?

መልሲ፡- ምክንያቱ ብትልሚ ክሰርሕን ከፅንዕን ስለዝጀመረ።።

ቃላት

ኣብዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ዝርከቡ ዝተሰመረሎም ‘ቃላት’ ብመሰረት’ቲ ዘንበብኩምዎ ፅሑፍ ቅኑዕ ፍታሕ ሕረዩሎም።።

1. ማሙሽ ብትልሚ እናሰርሐን <u>እናፅንዐን</u> ስለዝነፍዐ ተሓጉሱ።።

   ሀ. ብሓይሊ እናኣሰረ ለ. እናንበበ ሐ. እናስጠመ

2. ለታይ ኣብ ሃገረሰብ ዝነበራ <u>ፃዕቒ</u> ስራሕ ናብ ከተማ ምስ መፀት ተቓሊሉላ።።

   ሀ. በዝሒ ለ. ጭቕጭቕ ሐ. ትልሚ

3. ማሙሽ ፊልሚ ምርኣይ ገዲፉ ብመሰረት እቲ ትልሚ ዕዮታቱ <u>ኣሳሊጡ</u>።።

   ሀ. መሊጡ ለ. ደኺሙ ሐ. ኣቀላጢፉ

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንባልን

. ግቡእ ጥብቆ እናመረፅኩም ጠሚርኩም ፀሓፉ።።

ፈትዩ	ሓትነ	መደበ	ዕዮ	ቃንያ
-ት	-ኣ	-ቶ	-ም	-ኡ

2. ነዚልኩም ፀሓፉ።።

ሓትነኣ	ንላ	ፈትዩም	ፀወታኣ	መዲበሉ



ዓርሰ ንባብ

ለታይን ማሙሽን

1. ብዛዕባ ምንባብ ለታይን ማሙሽን እትገልፁዎ ንጉጅለኹም ተዛረቡ።።

2. ኣንቢብኩም ውጥን ዛንታ ዛዘሙ።።

- ...ኣደ ለታይ ንላ ክተምህር ዓቕሚ ኣይረኸበትን፣ ስለዝኾነ _____
- ...ለታይ ኣብ ገፀር ዝነበራ ትልሚ ኩሉ _____
- ...ማሙሽ ምሉእ መዓልቲ “ ፊልሚ” ምርኣይ ገዲፉ _____



ቃላት

ኣብ ትሕቲ “ሀ” ንዘለዉ ቃላት ኣብ ትሕቲ “ለ” ምስ ዘለዉ ሓሳባት ብተግራሪ ፍታሕ ኣዛምዱ።።

“ሀ”	“ለ”
1. መፀት	ሀ. ሓዘና
2. ሰለጠ	ለ. ቀትሪ
3. ለይቲ	ሐ. ከተማ
4. ተሓጉሰ	መ. ከደት
5. ገፀር	ረ. ደንጎየ



ፅሕፈት

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት መስርቱ።።

(ገፀር፣ ከተማ፣ ፀወታ፣ ስራሕ፣ ትልሚ፣ መደብ)



ምድማፅ

ትራፊክ እንታይ ማለት እዩ?







ሀ. እናዳመፅኩም መልሱ።

1. ትራፊክ እንታይ ማለት እዩ?
2. እቲ ፈላሚ ሕጊ ትራፊክ እንታይ ዝብል ነይሩ?
3. እቲ ፈላሚ ሕጊ ትራፊክ ንምንታይ ተለዊጡ?

ለ. ኣዳሚፅኩም መልሱ።

1. ትራፊክ ኣብ ክንደይ ይምቀል?
2. ተሸከርከርቲ ብየማን፣ እግረኛታት ብፀጋም ክንዓዙ ዝተገበረሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?



ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

1. እና-ዘረገ	2. ዝ-ዓበዩ-ላ	3. ኣይ-ከኣለ-ን	4. ብ-የማን-ኣይ

ለ. ነዚልኩም ኣንብቡ።

1. እናዘረገ	2. ዝዓበዩላ	3. ኣይከኣለን	4. ብየማናይ



ዓርሰ ንባብ

ጉዕዞ ናብ ከተማ

ወልዳይ፣ በየነን ጊደናን ንደጎል ሒዞም እናተጓየዩ ጫው ጫው ይብሉ። ደጎል ድማ ጭርኡ እናዘረገ ደድሕሪኦም ይጎዩ። ፀወታ መቂሩዎም፣ ዝሕልዉወን ዝነበሩ ከፍቲ ረሲያም ነዊሕ

ተጓዓዙ። ኣብዚ ግዘ ፀሊም ጥውይዋይ ምንፃፍ ኣብቅድሚኦም ተዘርጊሑ ረኣዩ።



ካብ ርሑቕ ብጎማ ዝሽክርክር ዓብዩ ሓዊን መፀ። ደጎል ውሕ! ውሕ! እናበለ

ነቲ ብጎማ ዝሽክርክር ሓዊን ከፍርሑ ፈተነ። ክፈርሑሉ ግና ኣይካኣለን። እኳ ደኣስ ሓዲጉዎ ተጓዘረ። እቶም ህፃናት በቱ ዝርኣዩዎ ነገር ተገረሙ። መወዳእታ እቲ ፀሊም ምንፃፍ ንምርኣይ ስለዝተሃንጠዉ ንደጐል ኣስዒቦም ተጓዓዙ።

ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ እቲ ፀሊም ምንፃፍ ብፃዕዳን ፀሊምን ተሸሊሙ ረአዩዎ። ውርውራይ መሬት እናበሉን እናሰሓቑን ንገዛኦም ተመለሱ። ዝርአዩዎ ኩሉ ንመምህር ብርሃን ነገሩወን። መምህር ከኣ እቲ ሓዊን መኪና፣ እቲ ፀሊም ምንፃፍ መንገዲ ምኺኑ ነገረኦም። እቲ ውርዉራይ መሬት ከኣ ሰባት ዕርግያ ዝሰግሩሉ ምኺኑ ገለፃሎም።

ሀ. እናንበብኩም መልሱ።

1. ካብታ ዝተወለዱላ ገፀር ንኣንፈት ከተማ ዝኸዱ ሰባት እንመን እዮም?
2. ደጎል ንምንታይ ነቢሑ?
3. ሰባት ዝሰግሩሉ ዕርጊያ እንታይ ይበሃል?

ለ. ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ነቶም ህፃናት ዘገረሞም ነገር እንታይ እዩ ?
2. ካብዚ ምንባብ እንታይ ንመሃር?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

“ጉዕዞ ናብ ከተማ” ካብ ዝብል ምንባብ ‘-ኦም’ ዝብል ጥብቆ ዘለዎም ቃላት ፈሊኹም ኣንብቡ።



ዓርሰ ንባብ

ጉዕዞ ናብ ከተማ

1. ኣንቢብኩም ፍታሕ ቃላት ኣቐምጡ።

1. እናዘረገ 2. ምንፃፍ 3. መቂሩዎም 4. ስለዝተሃንጠዉ 5. ኣስዒቦም

2. ኣብቲ ምንባብ ዘለዉ ፍፃመታት ከምዝስዕብ ገርኩም ብቐድም ሰዓብ ፀሓፉዎም።

- **ወልዳይ፣ በየነን ጊደናን ፀወታ መቂሩዎም ነዊሕ ተጓዓዙ።**
- **ካብታ ተወሊዶም ዝዓበዩላ ገፀር ረሓቐ።**



ቃላት

ነዚ ዝስዕብ ሰደቓ ምልኡዎ።

ንሱ	ንሳ	ንሳቶም	ኣነ	ንሕና	ንስኻ	ንስኺ	ንስኻትኩም
		ሒዞም					
እናበለ							
				ስዒብና			



ፅሕፈት

“ጉዕዞ ናብ ከተማ” ንዝብል ምንባብ ብኣርባዕተ ምሉእ ሐሳባት ኣሕዊርኩም ፀሓፉዎ።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ትራፊክ እንታይ ማለት እዩ?

ሀ. ነቲ ንባብ እናዳመፅኩም ነዞም ዝስዕቡ ዘይተመልኡ ሐሳባት ኣማልኡ።

1. ትራፊክ ማለት _____ እዩ።
2. ...መካይን እናበዝሓ ምስመፅኣ ግና ኣብ ልዕሊ ሰባት _____
3. ...ድሕሪ እዚ እዩ ተሸከርከርቲ ብየማን እግረኛታት ድማ _____

ለ. ኣዳሚፅኩም መልሱ።።

ቀንዲ ቀንዲ ሓሳባት እዚ ምንባብ ብሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ግለፁ።።



ዓርሰ ንባብ

ኣብርሃን ተኽላይን ኣብ መቐለ



ኣብርሃን ተኽላይን ነበርቲ ወረዳ ኣፅቢ ወምበርታ እዮም። ኣቦኦምን ኣዲኦምን መምህራን እዮም። ቅያር ረኺቦም ክልተ ደቆም ሒዞም መቐለ ካብ ዝኣትዉ ኣርባዕተ ወርሒ ገይሮም።

ኣብ መቐለ ዝራኦዎ ኣጠቓቕማ መንገዲ ካብ ናይ ኣፅቢ ዝተፈለየ ምኺኑ ተዓዘቡ። ሰባትን መኪናን ዝኸዱሉ ኣንፈት ዝተፈላለየ እዩ። ሕልፍ ሕልፍ ኢሉ ዉርዉራይ መንገዲ ይረእ። ሰባት ነቲ ዉርዉራይ ረጊፆም ይሳገሩ።

ኣብርሃን ተኽላይን ኪሮስ እትብሃል ጎረቤት ረኸቡ። ፅቡቕ ምሕዝነት ፈጠሩ። ንሳ እውን ብዛዕባ እቲ ኣጠቓቕማ መንገዲ ትገልፀሎም ነበረት።

ኣብ ሞንጎ ወግዖም፦ ተኽላይ፤ “በብቦትኡ ዝርእ ዉርዉራይ ረብሓኡ እንታይ እዩ?” ኢሉ ሓተተ። ኣብርሃ “ገሊኡስ መልክዕ እዩ ዝመስል?” በለ። “ኣይኮነን” በለት ኪሮስ። ዕርግያ ንምስጋር በዚ ክንጥቀም ከምዘለና ዘመልክት እዩ። ዉርዉራይ መንገዲ ይበሃል” በለቶም።

ኣብ ማዕዶ እቲ ዝነበሩሉ ቦታ ከዓ ሰባት ተኣኪቦም በቱ ዉርዉራይ መንገዲ እንትሰግሩ ረእዩ። መኪና ከዓ ደዉ ኢላ እንትተሕልፎም ተዓዘቡ።

ኣንቢብኩም መልሱ

1. ኣብርሃን ተኽላይን ኣበይ ይነብሩ ነይሮም?
2. ካብቲ ንባብ ብዛዕባ ሕጊ ትራፊክ እንታይ ተማሂርኩም?



ቃላት

ብመሰረት እቲ ምንባብ ኣብ “ሀ” ዝተዘርዘሩ ቃላት ኣብ “ለ” ምስ እተዘርዘሩ ተመሳሰልቶም ኣዛምዱ።

ሀ	ለ
1. ምሕዝነት	ሀ. ኣሰናዲኣ
2. ኣፍልጦ	ለ. መእሰሪ
3. ኣዳልያ	ሐ. ድንገት
4. ተነዊሑ	መ. ዕርክነት
5. ሃንደበት	ረ. ተነቕ·ቱ
6. መዕጥቐ	ሰ. ግንዛበ



ፅሕፈት

“ኣብርሃን ተኽላይን ኣብ መቐለ” ኣብ ዝብል ምንባብ ዘለዉ ክልተ ቀንዲ ቀንዲ ሓሳባት ፀሓፉ።

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ጠሚርኩም ፀሓፉ።

ከም - ዘለና	ተ - ኣኪቦም	ዝ - ኸዱ - ሉ	ዝ - ተ - ፈለየ

ለ. ነዊልኩም ፀሓፉ።

ከምዘለና	ተኣኪቦም	ዝኸዱሉ	ዝተፈለየ



ዓርሰ ንባብ

ኣብርሃን ተኽላይን ኣብ መቐለ

ኣንቢብኩም መልሱ።

“ኣብርሃን ተኽላይን ኣብ መቐለ” ንዝብል ፅሑፍ ኣሕዊርኩም ፀሓፉ።

ሰሙን 14



ምድማዕ

ድሕንነት ትራፊክ



ሀ. እናዳመዕኩም ካብቲ ምንባብ መዘክር ሓዙ።

ለ. ኣዳሚዕኩም መልሲ ሃቡ።

1. ኣጋራት መንገዲ መኪና ቅድሚ ምስጋሮም እንታይ ክገብሩ ኣለዎም?

2. ምኽባር ሕጊ ትራፊክ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?



ምጥማርን ምንዛልን

ሀ. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

ዝ - መፀ - ና	ን - ኣጋር - ኣት	ን - ድሕንነት - ኡ
ዝ - ወዓሉ - ዎ	ዝ - ነገር - ኡ	ዝ - ገረመ - ኒ

ለ. ነዚልኩም ኣንብቡ።

ዝወዓሉዎ	ዝገረመኒ	ዝነገሩ	ንድሕንነቲ	ዝመፀና	ንኣጋራት



ዓርሰ ንባብ

ትራፊክ ኣብ ከተማ

ኣብርሃን ተኽላይን ናብ መቐለ ካብ ዝኣትዉ ሻድሻይ ወርሖም ገይሮም። ቀትሪ ኣብ ትምህርቲ ይውዕሉ። ድሕሪ ትምህርቲ ምስ ኪሮስ ይፃወቱ። ኪሮስ ኣብ ቤት ትምህርቲ መራሒት ክለብ ሚኒ ሚድያ እያ። ኩልግዘ ምስ ኣባላት ክለብ ድኽንነት ትራፊክ ኮይና መደብ ድሕንነት ትራፊክ ኣዳሊያ ትምህር።

ኣብ ድሕንነት ትራፊክ ዘለዋ ኣፍልጦ ንኣብርሃን ተኽላይን ትነግሮም። ንሳቶም እውን የዳምዑዋ። ሓደ መዓልቲ ኪሮስ ገለባኣ ጀመረት። “መዕጥቐ ድሕንነት” እንትትብል፣ ኣብርሃ “እንታይ እዩ መዕጥቐ ድሕንነት” ኢሉ ሓተታ።



ኪሮስ “መዕጥቐ ድሕንነት ዘዋሪ መኪና ኣብ ባዕሉ፣ ኣብ ሰባት ኮነ ኣብ ንብረት ሓደጋ ንኽይበፅሕ ዝከላኸለሉ እዩ። ንኣብነት ልጓም መኪና እንትሕዝ ኣካሉ ንቐድሚት ተነፂሑ ምስ ኣካል መኪና ንኽይላተምን ከይጉዳእን ይከላኸለሉ።

“ሰብ ወይ እንስሳ ሃንደበት ናብ ዕርማያ እንተኣትዩ ብቐልጡፍ ልጓም እንትሕዝ ባዕሉን ንብረቱን ካብ ሓደጋ ይድሕን። ህይወት ኣጋራት እውን የድሕን።”

ከምዚ እናውግዑ እናሃለዉ “ሕጭ-ጭ” ዝብል ድምፂ ሰሚዖም ኩሎም ናብኡ ኣቐለቡ።

ሀ. እናንበብኩም መልሱ።

ሀ. ዘዋሪ መኪና መዕጥቐ ዝኣስር ንምንታይ እዩ?

ለ. ካብዚ ምንባብ እንታይ ተምሂርኩም?

ለ. ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ኪሮስ ገለፃ ምስ ጀመረት ዘቋረፃ መን እዩ?
2. ወግዒ እቶም ቀልኡ ክቋረፅ ዝገበረ ድምፂ መኪና እንታይ የመልክት?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

1. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

ሀ. እንተ - ኣትዩ	ሐ. ገለፃ - ኣ
ለ. እና - ሃለዉ	መ. ሓተተ - ኣ

2. ነፂልኩም ኣንብቡ።

ሀ. እንተኣትዩ	ሐ. ገለፃኣ
ለ. እናሃለዉ	መ. ሓተተኣ



ዓርሰ ንባብ

ትራፊክ ኣብ ከተማ

1. እናንበብኩም ፍታሕ ቃላት ድለዩ። (መደብ፣ ልጓም መኪና፣ ክይላተም፣ ኣቕለቡ)

2. በቢጉጅለኹም ኰይንኩም ኪሮስ፣ኣብርሃን ተኽላይን ተኪእኹም ነቲ ምንባብ ብመልክዕ ተዋስኦ ብቓልኩም ኣቕርቡ።



ቃላት

ኣብ መንጎ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ዘሎ ፍልልይ ፍታሕ ግለፁ።

1. ድሕንነት/ጥዕና	3. ትራፊክ/ውርውራይ መንገዲ
2. ልጓም/ማዕጥቆ	4. ማእኸል/ፀግዒ



ፅሕፈት

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ሀነፁ።

(ናህሪ፣ መዕጥቐ፣ ድሕንነት፣ ትራፊክ፣ ውርውራይ መንገዲ)

3ይ መዓልቲ



ምድማዕ

ድሕንነት ትራፊክ



ሀ. ነዞም ስእሊታት ብምርኣይ ብዛዕባ ምንባብ ድሕንነት ትራፊክ እትዝክርዎ ምስ መቓምጥኹም ተዘራረቡሉ።

ለ. እናዳመዕኩም መልሱ

1. ---------- ክንገብሮ ዝግብኣናን ዘይግብኣናን የገንዝበና።
2. ዘወርቲ መኪና ቅድሚ ጉዕዞ ምጅማሮም ---------- ክኣስሩ ኣለዎም
3. መንገደኛታት ኣብ ውርውራይ መንገዲ ---------- ኣይብሉምን
4. ቀንዲ ምልክታት ትራፊክ ---------- ን -------- ን እዮም

ሐ. ሳዕቤን ምጥሓስ ሕጊታት ትራፊክ ኣመልኪትኩም ተመያየጡ።



ዓርሰ ንባብ

መንቀሊ ሓደጋ ትራፊክ



ተስፋይ፣ መዓዛን ንግስቲን መሓዙት እዮም። ናብ ቤት ትምህርቲ እንትኸዱ ኮነ ንገዛ እንትምለሱ ኣይፈላለዩን። ሓደ መዓልቲ ከምቱ ኩልግዚ ዝገብሩዎ ብሓደ ንገዛኡም ይምለሱ ነበሩ። ኣብ ሞንጎ እዚ ተስፋይ ብዛዕባ ዘወርቲ መኪና ወግዒ ጀመረ።

ተስፋይ፡- ንዓይ ዘግርሙለይ ማዕጥቆ ከይኣሰሩ ፀኒሖም ፖ'ሊስ ትራፊክ እንትሪኡ ተብተብ ኢሎም ዝኣሰሩ ዘወርቲ እዮም።

መኣዛ፡- እናነሃሩ ፀኒሖም ፖ'ሊስ ትራፊክ እንትርእዩ ቀስ ዝብሉ እውን ኣለዉ።

ተስፋይ፡- አረ ኣብ ዉርዉራይ መንገዲ ንኣጋራት እናረገፁ ዝሓልፉ እውን ብዙሓት እዮም።

መኣዛ፡- ካሊእ እውን ኣሎ። ቀይሕ መብራህቲ ትራፊክ እንትበርህ እውን ዝጥሕሱ ኣይሰኣኑን።

ንግስቲ፡- ንሱ ጥራሕ ዘይኮነ። መዘወሪ አፅኒፆም ከይሕዙ ብሞባይል እናተዛረቡ ዝዝውሩ ኣለዉ። ኣብ መንኩሉ ቀልቦምን ኣንፈቶምን ይስሕቱ።

ተስፋይ፡- ገለ ገሊኡም ድማ ብቕድሚቶም ዘላ መኪና ንምቕዳም ብየማን ገፅ ይሓልፉ። ክቕድሙ ዘለዎም ብፀጋም ጥራሕ እዩ። እቲ ቅድሚት ዘሎ ድማ ናብ የማን ይፅገዐሉ።

ንግስቲ፡- ስለዚ ዘወርቲ፣ ሕጊ ትራፊክ ክኽብሩ ይግባእ። ኣጋራት እውን የማን ፀጋም እናረኣዩ ክሰግሩ፣ ብዝተፈቐደ ኣንፈትን ቦታን ክጕዓዝኩ ኣለዎም።

ተስፋይ፡- ኣንቱም! ከይተፈለጠና እባ ገዛና በሊሕና! በሉ ብሩኽ ምሳሕ። በለ። ኩሎም ብሩኽ ምሳሕ፣ ደሓን ወዓሉ እናተበሃሃሉ ነናብ ገዛኡም ከዱ።

እናንበብኩም መልሱ።

"ቅኑዕን" "ጌጋን" ኣጠቓቕማ መንገዲ ዘርዝሩ።

ቅኑዕ ኣጠቓቕማ		ጌጋ ኣጠቓቕማ

ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተግራሪ ፍታሕ ድለዩሎም።

1. እናነሃረ	2. ተብተብ	3. ኣፅኒያም	4. ዝጥሕሱ	5. ብድሕሪት

4ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንባልን

1. ጥብቆታትን ቃላትን ብምጥማር ፀሓፉ።

1. እና - ነሃሩ	2. ኣንፈት - ኦም	3. ኣጋር - ኣት	4. ዝ - ጥሕስ - ኡ

2. ጥብቆታትን ቃላትን ብምንባል ፀሓፉ።

1. እናነሃሩ	2. ኣንፈቶም	3. ኣጋራት	4. ዝጥሕሱ

ዓርሰ ንባብ

መንቀሊ ሓደጋ ትራፊክ

“መንቀሊ ሓደጋ ትራፊክ” ዝብል ምንባብ ብመልክዕ ተዋስኦ ኣቕርቡ።

ቃላት

“ቀልቦም፣ ኣፅኒያም፣ ዝዝውሩ፣ ዝጥሕሱ” ንዝብሉ ቃላት ኣብ ግቡእ ቦትኦም ኣእትዉዎም።

1. መብራህቲ ትራፊክ _____ ኣለዉ።
2. መዘወሪ_____ ከይሕዙ
3. እናተዛረቡ _____ ብዙሓት እዮም።
4. _____ይሰሓብሞ ኣንፈቶም ይስሕቱ።

ፅሕፈት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብምጥቃም “ምጥሓስ ትራፊክ” ዝብል ርእሲ ዘለዎ ሓጺር ፅሑፍ ኣዳልዉ።

(መብራህቲ፣ ትራፊክ፣ የማን ፀጋም፣ ሞባይል፣ ቀልቢ፣ ምጥሓስ፣ ምዝዋር)

ምድማፅ

ሓደጋ ትራፊክ





ሀ. እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ቀንዲ መንቀሊ ሓደጋታት ዝተብሃሉ ክንደይ እዮም?
2. ቀንዲ ካብ ዝተብሃሉ መንቀሊ ሓደጋታት ቀዲሙ ዝተፀርሐ እንታይ እዩ?
3. ሰብ ካብ ዘምፅኦም ሓደጋታት ኣብ መወዳእታ ዝተፀረሐ መን እዩ?

ለ. ኣዳሚፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ቀንዲ መንቀሊ ሓደጋታት እንታይ እንታይ እዮም?
2. መወገዲ ወይ መቐነሲ ሓደጋታት ትራፊክ ዝተብሃሉ ነጥቢታት እንታይ እንታይ እዮም?

ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ብመሰረት ዝተውሃበኩም ኣብነት ነቶም ባዶ ቦታታት ኣማሊእኹም ኣንብቡ።

ኣብነት፡- በልዐ	እንተይ በልዐ	እንተበልዐ	እናበልዐ	ኣይበልዐን
	ረገፀ	ደለየ	ነሃረ	ተልዓለ

ለ. ነዞም ኣብ ትሕቲ ፊደል “ሀ” ዝተመስረቱ ቃላት ብመሰረት እቲ ኣብነት እናነፀልኩም ኣንብቡ።

እንተይበልዐ	እንተበልዐ	እናበልዐ	ኣይበልዐን



ዓርሰ ንባብ

ለይቲ ሰዓት ሓሙሽተ



እዋኑ ለይቲ ሰዓት ሓሙሽተ እዩ። ሓንቲ መኪና ካብ ዓቕን ንላዕሊ ትንሀር ነበረት። እቲ ዘዋሪ ኣብቲ እዋን ሰብ ኣይህልውን ዝብል እምነት ነበሮ። ይኹን እምበር ኣብ ማእኸል እቲ ዕርጊያ ከልቢ ጠጠዉ ኢሉ ረኣየ። እቲ ዘዋሪ መኪና ነቲ ከልቢ ክረግፆ ኣይደለየን። ይኹን እምበር እታ መኪና ናህሪ ስለዝነበራ እቲ ዘዋሪ መኪና ክቆፃፀራ ኣይከኣለን። ናብቲ መንገዲ ኣጋራት ድማ ኣለያ።

ኣብ ወሰን እቲ ዕርግያ ደቂሶም ዝነበሩ ሰባት ብድምፅን መብራህትን እታ መኪና ተበራበሩ። መብዛሕትኦም ካብቲ ዝደቀሱሉ እናነጠሩ ተበተኑ። ሓደ ሰብ ግና ድቃስ ፀጊጥዎ ስለዝነበረ ቀልጢፉ ክለዓል ኣይከኣለን። እቲ ኣዝዩ ዝንሀር ዝነበረ ዘዋሪ መኪና ነቲ ሰብ ረጊፁ ምስ መንደቕ ተጋጨዉ። እቲ ዘዋሪ መኪና፣ ካሊእ መኪና ብምፅዋዕ ነቲ ሰብ ናብ ሕክምና ሰደዱ።

ሀ እናንበብኩም መልሱ።

1. እቶም ሰባት ንምንታይ ሃዲሞሞ?
2. እቲ ሓደጋ ዝተፈፀመ እንታይ ግዘ እዩ?
3. እቲ ዝተገጨወ ሰብ ናበይ ከይዱ?

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ፍፃመታት ብቕድም ሰዓብ ስርዑዎም።

1. ሓደ ሰብ ደቂሱ ተረፈ።
2. እቶም ሰባት ሓቢሮም ደቀሱ።
3. ድምፂ መኪና ተሰምዐ።
4. እቶም ሰባት ሃደሙ።
5. እቲ ድቃስ ዝፀቕጦ ሰብ ሓደጋ መኪና ኣጋጢሙዎ።

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

1. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

ተ ረገፀ እና ተልዓለ ኣይ ነሃረ ን ዘይ ደለየ ኦ

2. ነፂልኩም ኣንብቡ።

ተረገፀ	እናተልዓለ	ኣይነሃረን	ዘይደለየኦ

ዓርሰ ንባብ

ለይቲ ሰዓት ሓሙሽተ

1. እናንበብኩም ተመሳሳሊ ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ድለዩ።

(ባዕዚዙ፣ ሃዲሙ፣ ምስተበራበሩ፣ ዓቑን፣ኣለያ)

2. ብመሰረት እቲ ዛንታ ዝኾደለ ሓሳብ መሊእኹም ፀሓፉ። “እዋኑ ለይቲ ሰዓት ሓሙሽተ እዩ። ሓንቲ መኪና ካብ ዓቑን ንላዕሊ ትንሀር ነበረት። _____።”

ቃላት

ኣብ ሞንጎ እቶም ብሓደ ዝተጠመሩ ቃላት ዘሎ ኣፈላላይ ፍታሕ ግለፁ።

1. ኣለየ/ዝኣለዩ/ትኣሊ
2. እምነት/እምነቲ/እምነተን
3. ሰደደ/ሰደዱ/ሰደድና

ፅሕፈት

ነዞም ብመምህር ዝንበቡልኩም ቃላት ኣዳሚፅኩም ፀሓፉዎም።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ሓደጋ ትራፊክ

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣስተውዕሉዎም። ካብቱ ሓደጋ ትራፊክ ዝብል ምንባብ እትዝክርዎ ተዛረቡ።

(ሓደጋ፣ መንቀሊ፣ ሰባት፣ ተሽከርከርቲ፣ ከባቢ፣ መስተ፣ፍሬን)

ለ. እናዳመፅኩም ነቶም ዝጐደሉ ሓሳባት ምልኡ።

1. ሓደጋ ትራፊክ ንምቕናስ _____ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።
2. ሓደ ዘዋሪ መኪና ኣልኮላዊ መስተ እንተሰትዩ _____።
3. ሓንቲ መኪና ኣቑሑታ እንተኣሪጉ _____ የድልያ።

ሐ. ካብዞም ክልተ ሓሰባት ነቲ ሓደ ብምድጋፍ ወይ ከዓ ብምፅራር ተኻትዑ።

1. ቀንዲ መንቀሊ ሓደጋ ኣጋራት እየም።
2. ቀንዲ መንቀሊ ሓደጋ ዘወርቲ መኪና እዮም።



ዓርሰ ንባብ

ህይወት ዘጥፈኣት ለይቲ

እታ ተፀዊዓ ዝመፀት መኪና፣ ነቲ ዝተገጨወ ሰብን ነቲ ዘዋሪ መኪናን ሒዛ እናበረረት ናብ ሕክምና ተዓዘረት። እቲ ሰብ ልቡ ጠፊኡዎ እዩ። መሓዙቱ ድማ ፈሪሖም ሃዲሞም እዮም።



ኣብ ሞንጎ፣ ሓያል ማይ ወቐዐ። ነቲ ሰብ ዝሓዘት መኪና ግና መፅረጊ ማይ የብላን። እቲ ዘዋሪ እናተሸገረ ሓደ ግዘ ብጨርቂ ሓደ ግዘ ብኢዱ ይፀራርግ ነበረ። ብቐልጡፍ ናብ ሕክምና በጺሑ ህይወት እቲ ዝተገጨወ ሰብ ንምትራፍ ናህሪ ወሲኹ ተወንጨፈ።

ኣብዚ ግዘ እዚ ስትይ ዘምሰየ ሰብኣይ ሰንከልከል እናበለ ናብቲ ማእኸል ፅርግያ ኣተወ።

መፅረጊ ማይ እታ መኪና ስለዘይሰርሕ፣ መስትያት መኪና ብማይ ተኽወለ፤ ነቲ ሰኽራም ሰብኣይ ክርእዮ ኣይከኣለን፤ ብምኺኑ እውን ነቲ ሰብኣይ ጨፍለቖ። ህይወት ከድሕን ዝውንጨፍ ዝነበረ ዘዋሪ መኪና፣ ነቲ ሰኽራም ለኪሙ ኩሎም ተተሓሒዞም ጠፍኡ።

እናንበብኩም መልሱ።

1. እቲ ዝሰኽረ ሰብኣይ ብኽመይ ሓደጋ በዚሕዎ?
2. ካብቲ ዝተፈጠረ ሓደጋ ትራፊክ ጌንኛ መን እዩ ትብሉ?

ቃላት

ምንቅስቓስ ዝገልፁ ቃላት ካብቲ ምንባብ ፈሊኹም ኣውፅኡ።

ኣብነት፣ እናበረረት፣ ዝመፀት

4ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ካብ ጉጅለ ሀ፣ ለ፣ ሐ ፍታሕ ክህቡ ዝኽእሉ ጥብቆታትን ቃላትን ብምጥማር ቃላት መስርቱ።

ሀ. እና-፣ ኣይ-፣ ተ-፣ ብ-፣ ስለዝ-
ለ. ከኣለ፣ ሓይሊ፣ ሰገር፣ በረረ፣ ከወለ፣ ደቀሰ
ሐ. -ታ፣ -ኣም፣ -ና፣ -ኒ፣ -ን

ለ. ነዚልኩም ፀሓፉ።

ስለዝደቀስና	እናተዓዘረት	ዝወሰደቶ	እንተበሉዋ

ዓርሰ ንባብ

ህይወት ዘጥፈኣት ለይቲ

ኣብቲ ምንባብ ዘለዉ ፍፃመታት ብቕደም ስዓብ ዘርዝሩ። ኣብነት፣

1. እታ መኪና ናብ ሕክምና ተዓዘረት።

ቃላት

“ዝ” ዝብልን “እና” ዝብልን ቅደመ ጥብቆ ዘለዎም ቃላት ካብቲ ፅሑፍ ፈሊኹም ፀሓፉ።



ፅሕፈት

ነዞም ተዛቢያም ዝተፀሓፉ ምሉእ ሓሳባት ኣስተኻኺልኩም ፀሓፉ።

1. ሃደሙ ሰባት እቶም።
2. ሓደጋ ትራፊክ ንጠንቀኞች ከይፍጠር።
3. ኣቐሑታ እንተኣሪጉ መኪና ክቕየር ኣለዎ።
4. መኪና ሰብ ዝዝውር ክኣስር ኣለዎ መፅጥቕ
5. እንትንሳገር የማነ ፀጋም ፅርጊያ ንበል ቁሊሕ።

ዓርሰ ንባብ

እቲ ሕንቁኞ ቆልዓ



ማማ ካሕሳ ንሃይለ ክትወልድ እያ ኣብ ሕርሲ ሞይታ። በዚ ምኽንያት ኣቡኡ ኣሕንቂቑ እዩ ኣዕቢዩዎ። ዘድልዮ ዘይኮነስ ዝደለዮ ኩሉ ብዘይወዓል ሕደር የማልኣሉ።

ሃይለ ምግቢ እንትበልዕ ክልተ ምዕጉርቱ ዝተነፍሐ ፍሕኛ ይመስል። ሰጕዱ ስለዝሓይኽ ብኽልተ ኩርናዕ ኣፉ እናመለኞ ይወድቆ።

ሃይለ፣ ስሪኡ ኣትሒቱ ይዕጠቕ፤ ስለዚ ክስጉም እንከሎ ኣእጋሩ ጋሕተን፣ ስሪኡ ድማ ጀልፈፍ ጀልፈፍ የብሎ። ኣዕሩኽቱ እዚ ዓይነት ኣተዓጥቓ፣ ፓሊስ ንእሱራት ብትእዛዝ ዘዕጥቕዎም ምኺኑ ይነግርዎ። ዕላማ እቶም ፓላይስ ድማ፣ እቶም እሱራት ከይሃድሙ ንምግባር እዩ። ኣብ ታሕቲ ዝተዓጠቐ ስረ ንጉያ ስለዘይጥዕም።

ሃይለ፣ እንትሓርቕ ናብ ፀርፍን ናብ ባእሲን እዩ ዝቀዳደም። ነዚ ባህሪኡ ከስተኻኽል ወላዲኡን ኣዕሩኽቱን መኺሮምዎ፤ ዕቡይ ስለዝነበረ ግና ንሓዲኦም እኳ ኣይሰምዐን። በዚ ድማ ኩሎም ኣዕሩኽቱ ራሓቑዎ።



ምድማፅ

ስነ ምግባር



1. ነቲ ስእሊን ርእሲን ብምርኣይ ብዛዕባ እቲ ምንባብ ግምትኩም ግለፁ።
2. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።

ሀ. ቀዳማይ ንባብ፡-

ስነ ምግባር ብኣከዳድናኻ ክግልፅ ይኽእል ዶ?

ለ. ካልኣይ ንባብ፡-

እንታይ ዓይነት ሓሳብ ዝስዕብ ይመስለኩም?

ሐ. ብመሰረት ዘዳመፅክምዎ ምንባብ መግለፅታት ፅቡቅን ሕማቕን ስነምግባር ዘርዝሩ።

መግለፅታት ፅቡቕ ስነምግባር	መግለፅታት ሕማቕ ስነ ምግባር



ዓርሰ ንባብ

እቲ ሕንቁቕ ቆልዓ

ሀ. ነቶም ኣብ ሰደቓ ዘለዉ ሓሳባት መንቀሊ ብምግባር ዝቕፅል ሓሳብ መሊእኹም መዘክር ፀሓፉ።

ኣተዓባብያ ሃይለ	
ኣበላልዓ ሃይለ	
ኣተዓጣጥቓ ስረ	
ባህሪ (ጠባይ) ሃይለ	

ለ. ብመሰረት እቲ ንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ምላሽ ሃቡ።

1. ሃይለ ንክሕንቅቕ ምክንያት ዝኾኖ እንታይ እዩ?

2. ጠባይ ሃይለ ቅቡል ድዩ? ንምንታይ?

2ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንባልን

1. ነዞም ዝስዕቡ ቃላትን ጥብቆታትን እናጠመርኩም ኣንብቡ።

ሀ. "እንተይ - ፀበቐ -ት"	ሐ. እንተ - ኮነ - ት	ረ. እንተ - ዘይ - መረቐ
ለ. እና - ተ - ሓገዘ	መ. ን - ወለድ - ና	

2. ነዞም ዝስዕቡ ቃላትን ጥብቆታትን ነዚልኩም ኣንብቡ።

ሀ. እንተይፀበቐት	ሐ. እናተሓገዘ	ረ. እንተኾነት
ለ. እንተዘይመረቐ	መ. ንወለድና	



ዓርሰ ንባብ

እቲ ሕንቁቐ ቆልዓ

1. ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላትን ሓረጋትን እናንበብኩም ፀሓፉ።

ሀ. ውዓል ሕደር ለ. ፍሕኛ ሐ. ኵርናዕ መ. ጀልፈፍ ጀልፈፍ ረ. ዕቡይ

2. ነዚ ውጥን ዛንታ ዛዝምዖ።

ሃይለ ኣዲኡ ስለዝሞተት ሓንቂቐ እዩ ዓብዩ። _____። ሃይለ ምግቢ _____። ስሪኡ _____። ሃይለ እንትሓርቐ _____



ቃላት

ነዞም ጥብቆታት ዝጐደሉዎም ቃላት ብግቡኣት ጥብቆታት መሊእኹም ፀሓፉ።

1. ኣቦ ሃይለ ንወዱ ኣሕንቂቐ ኣዕቢዩ _____።
2. ሰጕዱ _____ ሓይኽ ምግቢ ካብ ኣፉ ይወድቐ።
3. ስሪኡ ጀልፈፍ ጀልፈፍ _____ ብሎ።
4. ኣብ ታሕቲ _____ ዓጠቐ ስረ ንጉያ ኣይጥዕምን።
5. ሃይለ ዕቡይ ስለዝነበረ ንሓዲኡም እኳ _____ ሰምዐ _____።



ፅሕፈት

ነዞም ዝስዕቡ ቀድም ስዓቦም ዘይሓለዉ ቃላት ኣመዓራሪኹም ቅኑዕ ምሉእ ሓሳብ ፀሓፉ።

1. ለምለምን እዮብን እዮም ኣሕዋት።
2. ትሑት ኣሮን ሰብ እዩ።
3. ምሕረት ትፈቱ ምንባብ መፅሓፍ።
4. ጊደና ሰሪሑ ፀብሒ ጥዑም።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ስነ ምግባር

ሀ. “ፅቡቕ፣ ሕማቕ፣ ዘፀይፍ፣ ስርዓት፣ ጎንፂ፣ ባእሲ፣ ብሩክ፣ ርጉም”ን ዝብሉ ቃላት ረኣዩ። ብዛዕባ እቲ ምንባብ እትዝክርዎ ተዛረቡ።

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ፅቡቕ ስነምግባር ማሕበረሰብ ዝድግፎን ዝቕበሎን እዩ። ሕማቕ ስነምግባር ድማ _____።
2. ... ብኣንፃሩ ድማ _____ ።
3. ... ፅብቕ ስነ-ምግባር ካብ ዝዓበናሉ።
4. ... በዚ ምክንያት ፅቡቕ እንትንስርሕ _____ ።

ሐ. ካብቲ ዘዳመፅኩምዎ ምንባብ እትዝክርዎም ሓሙሽተ ቁምነገራት ፀሓፉ።

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንላልን

1. ጠሚርኩም ፀሓፉ

ሀ. ኣ - ትሒቱ	ለ. ስለ - ዝ-ሓየኸ	ሐ. ይ- መልኣ-ሉ	መ. ዘይ-ኩነ-ስ

2. ነዚልኩም ፀሓፉ።

ሀ. ኣትሒቱ	ለ. ስለዝሓየኸ	ሐ. ይመልኣሉ	መ. ዘይኮነስ



ዓርሰ ንባብ

እቲ ሕንቁኞ ቆልዓ

1. ብዛዕባ እቲ “ሕንቁኞ ቆልዓ” ዝብል ምንባብ እትዝክርዎም ቀንዲ ሓሳባት በብጉጀለኹም ተዛተዩሎም።

2. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዚ ዛንታ ዛዝምዎ።

“ማማ ካሕሳ ንሃይለ ክትወልድ ኣብ ሕርሲ እያ ሞይታ። በዚ ምኽንያት ኣቡኡ ኣሐንቂቑ እዩ ኣዕቢዩዎ። ዘድልዮ ዘይኮነስ ዝደልዮ ኩሉ ብዘይወዓል ሕደር የማልኣሉ። ሃይለ ምግቢ እንትበልዕ ክልተ ምዕጉርቱ ተነፊሑ ፍሕኛ ይመስል። ሰጉዱ ስለዝሓይኽ ብክልተ ኩርናዕ ኣፉ እናመለኞ ይወድቆ። _____።



ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብመሰረት እቲ ፅሑፍ ተመሳሳሊ ፍታሕ ሃቡ።

ኣብነት፡- ሰጉዱ = መሊኡ

1. ይዕጠኞ	2. ኣዕርኽቱ	3. ባእሲ	4. መኺሮም	5. ሓረቐ	6. ረሓቐ



ፅሕፈት

ነዞም ምሉእ ሓሳባት ብቐድም ሰዓብ ሰሪዕኹም ዝተማልኡ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

1. ፅቡቐ እንትንሰርሕ ብግሊ ንምረቐ።
2. ፅቡቐን ሕማቐን ስነምግባራት ኣለዉ።
3. ሕማቐ ስነ ምግባር ብማሕበረሰብና ፅዩፍ እዩ።
4. ብሩኻት ደቅቶም ብሩኻት እናተብሃልና ንምስገን።
5. ፅቡቐ ስነ ምግባር ድማ ብማሕበረሰብና ተቐባልነት ዘለዎ እዩ።

ሰሙን 17



ዓርሰ ንባብ

ብልሓተኛ ደራፊ



ኣብ ሓደ ዓዲ፣ ሰራቒ ጎረቤት ዝነበሮ ሓደ ደራፊ ነበረ። ለይቲ ድርፍ ሓዲሩ ዝኣከቦ ገንዘብን ወርቂን ኣብ እግሪ ኦም እዩ ዝቐብሮ። እዚ ዝርኣየ ጎረቤቱ ፍሒሩ ምስወሰደ ኣብቲ ሳንዱቕ እምኒ መሊኡ ኣቐመጠሉ። እቲ ደራፊ ገንዘቡ ምስ ሰኣኖ ኣዝዩ ሓረቐ። ካብ ጎረቤቱ ወፃኢ ካሊእ ሰብ ክወስደሉ ከም ዘይክእል ኣረጋገፀ።

እቲ ደራፊ ከመይ ገይሩ ገንዘቡ ከምልስ ከም ዝኽእል ሓሰበ። ናብቲ ጎረቤቱ ከይዱ ድማ፣ “ሎሚ ለይቲ ብዙሕ ወርቂን ገንዘብን ክረክብ እየ። ቅድሚ ሕዚ ኣብ እግሪ ኦም ዝቐበርክዎ ድማ ኣለኒ፤ ስለዚ ብሓደ ክኸነለይሲ ጠርኒፉ እንተቐመጥኩዎ እንታይ ይምስለካ?” በሎ። ንሱ ድማ ጠቕሊሉ ክወስደሉ ስለዝደለየ፣ “ፅቡቕ ሓሳብ እዩ። ከምኡ እንተገበርካ ይሕሸካ” በሎ።

ንገዛ ምስ ኣተወ ግን፣ እቲ ሰራቒ “እተን ቀዲመ ዝወሰድክወን እንተዘይኣቐሚጠየን ካልኣይ ግዘ ኣየቐምጠለይን እዩ።” ኢሉ ብምሕሳብ ፍሒሩ ከምታ ዝነበረታ ገይሩ ኣቐመጠሉ። እቲ ደራፊ ፍሒሩ እንተረኣየ ከምታ ዝሓሰባ እቲ ጎረቤት ኣቐሚጡሉ ፀንሐ። ንሱ ድማ ገንዘቡን ወርቁን ወሲዱ ኣብታ ሳንዱቕ እምኒ መሊኡ ሓደገሉ።



ምድማፅ

ስነ ምግባር ኣብ ትምህርቲ



ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ስነ ምግባር ተምሃሮ እንታይን እንታይን የጠቓልል?
2. ናብ ቤት ትምህርቲ ክንከይድ ከለና እንታይ ክነማልእ ይግብኣና?
3. ሰንደቕ ዕላማ እንትነድይብን እንትነውርድን እንታይ ንገብር?

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ባህርያት "ፅቡቕ ስነ ምግባር" ወይከኣ "ሕማቕ ስነምግባር" እናበልኩም ግለፁ።

ባህርያት	መግለፂ ስነ ምግባር
ንመምህርካ ምኽባር	
ብኩርሽ(ቾክ) ምውጋዕ	
ኣብ ክፍሊ ብስነስርዓት ኮፍ ምባል	
ደብተር ሰብ ኣልዒልካ ምንባብ	
ሕጊ ቤት ትምህርቲ ምኽባር	
ትምህርቲ ምስተጀመረ ኣቋሪፅካ ምውፃእ	



ዓርሰ ንባብ

ብልሓተኛ ደራፊ

ሀ. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ነቲ ደራፊ ይሰርቆ ዝነበረ መን እዩ?
2. እቲ ደራፊ ገንዘቡ ኣበይ ኣቕሚጡዎ?
3. እቲ ሰራቒ ነቲ ገንዘብ ወሲዱ ኣብቲ ሳንዱቕ እንታይ ኣቕሚጡ?

ለ. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ብልሓት እንታይ ማለት እዩ?
2. እቲ ደራፊ ገንዘቡ ንኽምልስ ዝመሃዞ ምህዞ እንታይ እዩ?
3. ካብቲ ምንባብ እንታይ ተማሂርኩም?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ደረጃ እናደየብኩም ኣንብቡ።

1.

እና	ሃበ	ቶ	ኦም
	እና	ሃበ	ት
		ሃበ	ት

2.

እና	ኸኣለ	ቶ	ኦም
		እና	ኸኣለ	ት
			ከኣለ	ት

3.

እና	ሓሰበ	ቶ	ኦም
		እና	ሓሰበ	ት
			ሓሰበ	ት

ለ. ነፂልኩም ኣንብቡ።

እናሃበቶም	እናኸኣለቶም	እናሓሰበቶም

ዓርሰ ንባብ

ብልሓተኛ ደራፊ

1. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብትኽክል ደጋጊምኩም ኣንብቡ።

(ዝወሰድኩወን፣ እንተዘይኣቑሚጠየን፣ ኣየቑምጠለይን፣ ሓደገሉ፣ ዝቑበርኩም)

2. “ብልሓት” ብዝብል ርእሲ ነናይ ውልቀኹም ሓደ ሓደ ምሉእ ሓሳብ መስርቱ፤ ቀፂልኩም ናይ ጉጀለኹም ጥማር ዓንቀፅ ፀሓፉ።

ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብተመሳሳሊ ፍታሕ ካብ “ለ” ናብ “ሀ” ኣዛምዱ።

ሀ	1. ቀበረ	2. ጠርኒፉ	3. ፍሒሩ	4. መሓዛ	5. ሓሪቑ
ለ	ሀ. ኩዒቱ	ለ. ጉህዩ	ሐ. ደፈነ	መ. ዓርኪ	ረ. ኣኪቡ

ፅሕፈት

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳብ ህነፁ። (ሓሪቑ፣ ፍሒሩ፣ ደርፊ፣ ኦም፣ ጠርኒፉ)

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ስነ ምግባር ኣብ ትምህርቲ

ሀ. ነቲ ንባብ እናዳመፅኩም ነቶም ሓረጋት ዝገልፁ ሓደ ሓደ ኣብነት ፀሓፉ።።

1. ካብ ናውቲ ትምህርቲ ___ 2. ካብ ፅቡቕ ስነምግባር ኣብ ትምህርቲ ___

ለ. ካብዞም ዝስዕቡ መማረፅታት ቅኑዕ ዝኾነ መልሲ ሕረዩ።።

1. ምኽባር ስነ ምግባር ቤት ትምህርቲ ካበይ ይጅመር?

   ሀ. ቅድሚ ምውላድና ለ. ካብ ክባቢና ሐ. ካብ ቤት ትምህርቲ

2. ኣብ ናውቲ ትምህርቲ ዘይምደብ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. መፅሓፍ ለ. ደወል ሐ. ኩርሽ

3. ናብ ክፍሊ ምስ ኣተና ክንገብሮ ዘይግባኣና እንታይ እዩ?

   ሀ. ቢሮ ምልማን ለ. መፅሓፍ ምሓዝ ሐ. ዕዮ ክፍሊ ምስራሕ

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቶም ቃላት መሊእኹም ፀሓፉ።።

1.

ሃበት	እና ሃበት	እና ሃበቶም

2.

ለኣኽት			

3.

ሓሰበት		

ለ. ነሚልኩም ፀሓፉ።።

ኣብነት፣



1.



2.





ዓርሰ ንባብ

ብልሓተኛ ደራፊ

ብመሰረት “ብልሓተኛ ደራፊ” ዝብል ምንባብ ነዚ ዝስዕብ ዘይትማልአ ዛንታ ዛዝመሩ።።

“ክልተ ጐረባብቲ ነበሩ። እቲ ሓደ ነቲ ካልኣይ ገንዘብ ሰረቖ። እቲ ዝተሰረቖ ሰብኣይ ገንዘቡ ከምልስ ደለየ። _____።

ብኽምዚ ሜላ ድማ ገንዘቡ መሊሱ ወሰደ።”



ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብ ቦትኦም ኣእትዉዎም።

(ክሰርቆ፣ ጠርኒፉ፣ ኣቖመጠሉ፣ ቖበሮ)

1. እቲ ደራፊ ዝኣከቦ ገንዘብን ወርቅን ኣብ እግሪ ኦም _____።
2. እቲ ደራፊ ካብ ጎረቤቱ ወፃኢ ካሊእ ሰብ _____ ከምዘይኽእል ኣረጋገፀ።
3. እቲ ደራፊ ንጎረቤቱ “ብሓደ ክኾነለይሲ _____ እንተ ኣቖመጥኩዋ እንታይ ይመስለካ?” በሎ።
4. እቲ ስራቖ ጎረቤት ገንዘብ ከምቲ ዝነበሮ ገይሩ _____።



ፅሕፈት

ኣብቶም ባዶ ቦታታት ግቡእ ስርዓተ ነጥቢ (። ፣ ?) ኣእትዉ።

1. ኣብ ሓደ ዓዲ ሓደ ደራፊ ነበረ _____
2. እቲ ጎረቤት ነቲ ደራፊ ንምንታይ ሰሪቖዎ _____
3. ስርቂ _____ ስስዐ _____ሓሶትን ባእሲን ኣብ ሕማቕ ስነ ምግባር ይምደቡ _____

ዓርሰ ንባብ

ፍረ ሰናይ ግብሪ



ኣደ ማርታ ኩሉ ግዘ ናብቲ መዓልታዊ ስራሕ ዕርየት ገስጊሰን ይኸዳ። ዕርግያ ኩስትር ኣርፊደን ድማ ናብ ገዝአን ይምለሳ። ነዚ ዝተዓዘቡ ሰባት ዓዕረን ብምድናቕ የተባብዑወን፤ ገሊኦም ክዳን ገለገሊኦም ቅርሺ ይህቡወን።

ንጉሆ ከም ልማደን ናብቲ ዘዕርያሉ ቦታ ከዳ። ማርታ፣ መረባ እናኾስተረት ደምፂ ሰሚዓ እናጎየየት እንተኸደት ጎረቤታ ክሳቐያ ረኸበተን። ደንጊፃ ካብቲ ዝወደቐኦ ምድሪ ኣልዒላ፣ ኣብ ዝባና ሓዚላተን ናብ ጣቢያ ጥዕና ምኻድ ጀመረት። ብመኪና ከይትወስደን ቅርሺ የብላን። ከይትገድፈን ድማ ኣየኽኣላን። ሓዚላተን ቁሩብ ምስ ተጓዓዘት ሓደ በዓል መኪና ኣብ መንገዲ ረአዩዋ። ብኹነታታ የመና ስለዝሓዘኑ ክተደይበን ነጊሮም ናብ ሕክምና ወሰዱወን። እተን ሰበይቲ ተሓኪመን ደሓና። ካብ ሕክምና ምስ ወፅኣ ዝነበረን ኩሉ ዕቑር ሃፍቲ ንዓኣ ብመልክዕ ህያብ ኣረከባኣ። በዚ ድማ ማርታ መነባበሮኣ ተለወጠ።



ምድማዕ

ደብዳበ ነስሓ



ሀ. ነስሓ፣ ተናሲሐ፣ ተናሲሓ ናይ ዝብሉ ቃላት ፍታሕ እንታይ እዩ? “ደብዳበ ነስሓ” ዝብል ምንባብ ብዛዕባ እንታይ ከምዘውግዕ ግምትኩም ፀሓፉ።

ለ. እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. እቲ ፀሓፊ ደብዳበ መጀመርታ እንታይ ባህሪ ነይሩዎ?
2. እቲ ፀሓፊ ደብዳበ እንታይ እንታይ ባህርያት ኣማሓዩሹ?
3. እቲ ፀሓፊ ደብዳበ ብኽመይ ኣኽባሪ ስርዓት ኮይኑ ክምረፅ ክኢሉ?

ሐ. ኣዳሚፅኩም መልሱ።

1. ደብዳበ ነስሓ ንመን እዩ ተፃሒፉ?
2. ካብዚ ምንባብ እዚ እንታይ ትመሃሩ?



ዓርሰ ንባብ

ፍረ ሰናይ ግብሪ

ሀ. 1. ፍታሕ “ ፍረ፣ ሰናይ፣ ግብሪ” ዝብሉ ቃላት እንታይ ማለት ከምዝኾኑ በብጉጅለኹም ተዘራረቡሉም።

2 “ፍረ ሰናይ ግብሪ” ዝብል ርእሲ ብዛዕባ እንታይ ዘዘንቱ ይመስለኩም?

ለ. ነዞም ዘይተማልኡ ሓሳባት እናንበብኩም ኣማልኡ።

1. ማርታ፣ መረባ እናኸስተረት ድምፂ ሰሚዓ _____ ።
2. ሰንቢዳ ካብቲ ዝወደቐኦ ምድሪ _____።

ሐ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ማርታ ኑቱን ሰበይቲ ናበይ ወሲዳቱን?
2. ንማርታ ዝነበረን ዕቋር ሃፍቲ ዝሃብኣ መን እየን?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንባልን

1. ቃላትን ጥብቆታትን ብምጥማር ኣንብቡ።

1.	ተ	ሓኪመ	ን	2.	ዝ	ነበረ	ን	3	እና	ኮስተረ	ት
4.	ዝ	ሓዘን	ኡ								

2. ነዚልኩም ኣንብቡ።

1. ተሓኪመን
2. እንተይሓሰበቶ
3. ዝሓዘኑ
4. ዝነበረን
5. እናኮስተረት

ዓርሰ ንባብ

ፍረ ሰናይ ግብሪ

1. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣስተውዕሉ። ብምቕላል ትሕዝቶ እቲ ንባብ ኣመልኪትኩም ተዛተዩ።

(ኣርፊደን፣ ሰንቢዳ፣ ክሳቐያ ፣ ዕቑር፣ ዘበን፣ ሃፍቲ፣ መረባ፣ ክተደይበን)

2. እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ፍታሕ ድለዩ።

1. ገስጊሰን
2. ኣርፊደን
3. ዕቑር
4. ሰናይ ግብሪ

3. “ፍረ ሰናይ ግብሪ” ዝብል ምንባብ ኣሕዚርኩም ብ“5” ምሉእ ሓሳብ ፀሓፉ።

ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተመሳሰልቶም ካብ “ለ” ናብ “ሀ” እናወሰድኩም ኣዛምዱ።

ሀ.	1. ተሲአን	2. ገስጊሳ	3. መረባ	4. ዝባን
	5. ሰንቢዳ	6. ዕቑር	7. ክሳቐያ	

ለ	ሀ. ውህሉል	ለ. ደንጊፃ	ሐ. ክቕንዘዋ	መ. ቀፅሪ ገዛ
	ረ. ሕቕ	ሰ. ኣንጊሃ	ሸ. ተልዒለን	



ፅሕፈት

“ዝተናሳሕኹሉ መዓልቲ” ብዝብል ርእሲ ካብ 3-5 ምሉእ ሓሳባት ዝሓዘ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ደብዳበ ነስሓ

ሀ. ብዛዕባ “ደብዳበ ነስሓ” እትዝክርዎ ተዛረቡ።

ለ. እናዳመፅኩም ስዒቦም ክመፅኡ ዝኽእሉ ሓሳባት ተዛረቡ።

1. ... ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ክፍሊ ወትሩ ወላዲ ክፅውዕ ይንገረኒ ነይሩ። ምኽንያቱ _____።

2. ኣዬብ ሓፍተይ ኣነ ሎሚ ዘበን ኩሉ ነገር እየ ኣመሓይሽ። ሐዚ እንተትርእይኒ _____።

3. ... ምምላስ እንተኣበዩ ግና ንመምህር እነግርሎም እንበር ኣይበኣሰን ኣይፃረፍን። በዚ ድማ _____

ሐ. “ቀደም ዝነበረኩም ጠባይ፣ ሐዚ ዘማሓየሽክምዎን ንሓዋሩ ክህልወኩም እትደልዩዎ ጠባይ” ኣመልኪትኩም ናብ መሓዛኹም ደብዳቤ ፀሓፉ።

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ነዞም ኣብ ሰደቓ ዘለዉ ቃላት ምስ ዝስማምዑዎም ጥብቆታት እናጠመርኩም ኣንብቡ።

ሰምዐ	እንተይ	ፀረፈ	ሓሰበ	ን
ት	ኣይ	ኣብዩ	እንተ	

ለ. ነዚልኩም ኣንብቡ።

1. እንተይሓሰበት 2. እናኾስተረት 3. ኣይሰምዐትን 4. ሓዚላታ



ዓርሰ ንባብ

ፍረ ሰናይ ግብሪ



ሀ. ነዚ ስእሊ ብምርኣይ ብዛዕባ “ፍረ ሰናይ ግብሪ” ካብ ዝብል ዛንታ ትዝክርዎ ተዛረቡ።

ለ. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ኣደ ማርታ ንጉሆ ገስጊሰን ዝኸዳ ዝነበራ ናበይ እዩ?
2. መነባብሮ ማርታ ብኸመይ ተመሓይሹ?



ቃላት

ካብቶም ኣብ ሓውር ዝተቐመጡ ቃላት ምስ እቶም ዝተሓንፀፀሎም ዝመሳሰል ሕረዩ።

1. ማርታ መነባብሮኣ <u>ተለዊጡ</u>። (ተተኪኡ፣ ተመሓይሹ)
2. ናብቲ ዘዕርያሉ ቦታ <u>ገስጊሰን</u> ይኸዳ። (ኣርፊደን፣ ኣንጊሀን)
3. እተን ሰበይቲ ኩሉ ዕቑር ሃብተን ንማርታ <u>ኣረከባኣ</u>። (ሂበንኣ፣ ሸይጠናላ)



ፅሕፈት

ርእሲ፡- ፍረ ሰናይ ግብሪ

ፈላሚ እቲ ዛንታ፡- ኣደ ማርታ ገስጊሰን ናብ ስራሕ ዕርየት ከይደን

ቀዚሉ _____

ማእኸል እቲ ዛንታ፡- መረባ እንትትኩስትር ድምዒ ስቓይ ጎረቤታ ሰምዐት

ቀዚሉ _____

መዛዘሚ እቲ ዛንታ፡- እተን ሰበይቲ ተሓኪመን ድሒነን። ድሕሪኡ

ቀዚሉ _____

• ነዚ ዛንታ ምስ ዛዘምኩም ፅማቑ እቲ ሓሳብ ብፅሑፍ ኣቕርቡ።

ሰሙን 19

ዓርሰ ንባብ

ዝሓበራያ ኣፃብዕቲስ



ማርታ ጐረቤታ ዝሃብኣ ሃፍቲ ካሊእ ሃፍቲ ንክወልደላ ክልተ ኣብዑር ዓደገት። ኣብ ገፀር ንዝርከቡ ኣኮኣ ኪሮስ ድማ ሃበቶም። ኣኮኣ ዝሓርሱሉ ጉልበትን መሬትን ነይሩዎም። ኣብዑር ግና ኣይነበሩዎምን። ስለዚ ሓሪሶም ዝረኸቡዎ ፍርያት ንኽልቲኦም ክኸውን ተሰማሚያም። ጓል ሓፍቶም ዝዓደገትሉም ኣብዑር ኮብኩቦም ናብ ዓዶም ወሰድዎም። እኹል ምግቢ እውን ኣዳለዉሎም።

ቀሚሎም ናውቲ ሕርሻ ንምድላው ኣእዋም ናብ ዘለዎ ቦታ ወፈሩ። ዝተፈላለዩ ኣእዋም ብምፅራብን ብምስትኽካልን ነዊት፣ ዕርፊ፣ ኣርዑት፣ ድጉሪ ኣዳለዉ።

ካብዚ ብተወሳኺ ውፅኢት ቆርበት ዝኾኑ ናውቲ ሕርሻ ንምስራሕ ቆርበት ኣልፊያም ኣዳለዉ። ካብ እቲ ዝለፍዐ ቆርበት ድማ ምራን ቀደም፣ ምራን ከርፊስ፣ ምራን ቀራቕሮን ጭጉራፍን ኣዳለዉ። ኣብ መወዳእታ ሓሚንመሚን ቀረቡ። ካብ ሓሚን ዝስርሑ ናውቲ ሕርሻ፣ ማሕረሻ፣ ከርፊስ፣ መባሮ፣ ምሳር ኣዳለዉ። እዚ ኩሉ ገይሮም፣ መሳርያም ኣዋዲዶም ምሕራስ ጀመሩ።



ምድማዕ

ናውቲ ሕርሻ



ሀ. ናውቲ ሕርሻ እንብሉም እንታይን እንታይን እዮም?

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ናውቲ ሕርሻ ካብ ዝበሃሉ ክልተ ፀሓፉ።

2. ባህላዊ ዝበሃል ማሕረስ ብኽመይ ዝካየድ እዩ?

ሐ. ነዚ ዝስዕብ ሕቶ ምላሽ ሃቡ።

• ካብ ዕንፀይቲ፣ ካብ ሓሚንን ቆርበትን ካብ ዝስርሑ ናውቲ ማሕረስ ነንሕድሕዶም ሰለስተ ኣብነታት ፀሓፉ።



ዓርሰ ንባብ

ዝሓበራያ ኣፃብዕቲስ

ሀ. “ዝሓበራያ ኣፃብዕቲስ...” ነዚ ምስላ ከማልእ ዝኽእል ሓሳብ እንታይ እዩ? ካብዚ ኣበሃህላ ነቒልካ ብዛዕባ እቲ ምንባብ እንታይ ምግማት ይከኣል?

ለ. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ማርታ ክልተ ኣብዑር ከመይ ክትዕድግ ክኢላ?

2. ማርታን ኣኮኣን እንታይ ክገብሩ ተሰማሚያም?

ሐ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነቲ ቅኑዕ ሓሳብ “ሓቂ”፣ ነቲ ዘይኮነ ድማ “ጌጋ” እናበልኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ኣቦ ማርታ ኣይተ ኪሮስ ይበሃሉ።

2. ኣቦይ ኪሮስ ናውቲ ማሕረስ ንምድላው ኣእዋም ናብ ዘለዉዎ ቦታ ከይዶም።

3. ኣቦይ ኪሮስ ናውቲ ማሕረስ ኣዳልዮም ናብ ዕዳጋ ከይዶም ሸይጦምዎ።

2ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንባልን

1. ጠሚርኩም ኣንብቡ።።

1. ስለ-ዝ-ሕረስ	2. እንተይ-ፈለየ	3. ዘበን-ኣዊ	4. ነን-ሕድሕድ -ኦም

2. ነዚልኩም ኣንብቡ

1. ነንሕድሕዶም	2. እንተይፈለየ	3. ዘበናዊ	4. ስለዝሕረስ



ዓርሰ ንባብ

ዝሓበራያ ኣፃብዕቲስ

1. "ዝሓበራያ ኣፃብዕቲስ ኣርቃይ የፀንብዓ" ዝብል ምስላ ምስቲ ዝሓለፈ ምንባብ ኣተሓሒዝኩም ብዛዕባ እቲ ሕሉፍ ዛንታ ተዛረቡ።።

2. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ደጋጊምኩም ኣንብቡ።።

(ነዊት፣ ዕርፊ፣ መባሮ፣ ኣርዑት፣ ጭጉራፍ፣ ምራን ከርፈስ፣ ምራን ቀራቕሮ)

3. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብቲ ግቡእ ቦትኦም ኣእትዉዎም።።

• ኣእዋም • ኣልፊያም • ቆርበት • ብምዕራብ • ሓፂንመፂን

ኣይተ ኪሮስ ናውቲ ሕርሻ ንምድላው _____ ናብ ዘለዎ ቦታ ከይዶም።። ኣእዋም _____ ናውቲ ሕርሻ ንምስራሕ ቆርበት _____ ቀረቡ።። ኣብ መወዳእታ _____ ኣምፂኦም ማሕረሻ፣ ከርፈስ ወዘተ. ሰሪሖም ወድኡ።።



ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ናብ ብዙሕ ቁፅሪ ቀይሩ።።

ኣብነት፡- ኦም - ኣእዋም

1. ጤል	4. ፍረ	7. ብዕራይ
2. ግመል	5. ጕረቤት	8. ተኽሊ
3. በጊዕ	6. ቆፅሊ	9. ዘርኢ



ፅሕፈት

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ምስ መለስኩም፣ ነቶም መልስታት ጠሚርኩም ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።።

1. ናውቲ ማሕረስ እንታይ ማለት እዩ?
2. ባህላዊ ናውቲ ማሕረስ እንታይ እንታይ የጠቓልል?
3. ናውቲ ማሕረስ ካብ እንታይ ይስርሑ?

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ናውቲ ሕርሻ

ሀ. "ማሕረስ፣ ብዕራይ፣ ሓፂን መፂን፣ ቆርበት" ዝብሉ ቃላት ብምርኣይ ብዛዕባ "ናውቲ ሕርሻ" ዝብል ምንባብ ተዛተዩ።።

ለ. እናዳመፅኩም ኣብ ትሕቲ "ሀ" ዘለዉ ሓሳባት ኣብ "ለ" ምስ ዘለዉ ኣዛምዱ።።

ሀ		
1. ውራይ ሓረስታይ	2. ብሓራሲት መኪና ምሕራስ	3.ካብ ዕንፀይቲ ዝስራሕ
ለ		
ሀ. ዘበናዊ ማሕረስ	ለ. ማሕረስ	ሐ. ዕርፊ

ሐ. ኣዳሚፅኩም "ዘበናዊን" "ባህላዊን" ማሕረስ ዝምልከት ምይይጥ ኣካይዱ።።

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንባልን

ብመሰረት እቲ ሕቶ ቅኑዕ መልሲ ፀሓፉ።።

1. ጐረቤት ኢልና ጐረባብቲ ንብል።።
2. _____ ኢልና ኣብዑር ንብል።።
3. ፍረ ኢልና _____ ንብል።።
4. _____ ኢልና ኣእዋም ንብል።።
5. ጓል ኢልና _____ ንብል



ዓርሰ ንባብ

ዝሓበራያ ኣፃብዕቲስ

ብመሰረት እቲ ምንባብ ነቶም ባዶ ክብታት ቅኑዕ ብዝኾነ ቃል ኣማልኡ።





ቃላት

እዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብቲ ምንባብን ካብ ምንባብ ወፃኢን ዘለዎም ፍታሕ ፀሓፉ።

1. ኣዳለዉ ፡ ሀ ____ ለ _____	3. ዝጣበቕ ፡ ሀ ____ ለ _____
2. ሓሪሰን ሀ ____ ለ _____	4. ኣልፊያም ሀ. ____ ለ _____
5 ሓፂን ሀ. _____ለ ____	



ፅሕፈት

ነዞም ዝስዕቡ ውጡን ምሉእ ሓሳባት ብግቡኣት ሓሳባትን ስርዓተ ነጥብን እናመላእኽም ፀሓፉዎም።

1. ኣይተ ኪሮስ ኣእዋም ናብ ዘለዎ ቦታ ንምኻድ _____
2. ካብ ሓፂን ዝስርሑ ናውቲ ሕርሻ _____
3. ኣይተ ኪሮስ ካብ ዝለፍዐ ቆርበት _____



ዓርሰ ንባብ

ዓይነታት ኣዝርእትን ወቕቲታትን



ኣይተ ኪሮስ ንል ሓፍቶም ዝሃበቶም ኣብዑር ሒዞም ለይቲ ምስ መዓልቲ እናሓረሱ ምህርቶም ኣዕበዩ። በቲ ዝሓዝዎ እንተይተደረቱ ዝተፈላለየ መሬት ካብ ካልኦት ተወፊሮም ይሓርሱ። ካብቶም ዝተወፈሩዎም ገሊኡ ሑዓ፣ ገሊኡ ዋልካ፣ ገሊኡ ድማ ልሙዕ ሓመድ ዝሓዘ እዩ። ኣብቲ ሑዓ ምሸላን ዕፉንን፣ ኣብቲ ዋልካ(ፀሊም ሓመድ) ስገም፣ ስርናይ፣ ሓንፈፅ፣ ምሸላ፣ ዓተርን ዓተር ባሕሪን ይዘርኡ። ኣብቲ ልሙዕ ሓመድ ድማ ዕፉን፣ ሌኟ፣ ምሸላ፣ ጣፍ ይዘርኡ።

ኣይተ ኪሮስ ነዞም ኣዝርእቲ ወቕቲ ሓሊዮም ይዘርኡዎም። ካብ መጋቢት ክሳብ ግንቦት ምሸላ፣ ሌኟ፣ ምሸላ ባሕሪ፣ ጣፍ ይዘርኡ። ካብ ግንቦት ክሳብ ሓምለ እዋን ክረምቲ ድማ ስርናይ፣ ስገም፣ ሓንፈፅ፣ ዓይኒ ዓተር፣ ጣፍ፣ ዓረስ፣ ኣዳጉራ፣ ዓተር ባሕሪን ደቕኾን ይዘርኡ።

ኣይተ ኪሮስ ዝተፈላለዩ ኣዝርእቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ወቕትታት ይዘርኡ። ዝተፈላለዩ ሓመድ ዝሓዙ ግራውቲ ይጥቀሙ። ብምኻኑ ዕለታዊ ምግቦም ካብ ምሸፋን ሓሊፎም ሃፍታም ሓረስታይ ኮይኖም።



ምድማዕ

“እህህ! በለ ጣፍ ዝሃንከተ”

ሀ. እናዳመዕኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. ኣብዚ ምንባብ ዘለዉ ሰባት እንመን እዮም?
2. ቀዲሙ ዝጠመየ መን እዩ?
3. ጣፍ “ህንኩቶ” ክኸውን ከምዘይክእል ቀዲሙ ዝፈለጠ መን እዩ?

ለ. ኣዳሚዕኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. እቲ ጣፍ ምስተሃንኩተ እንታይ ኮይኑ?
2. ርእሲ እቲ ዕሑፍ “እህህ! በለ ጣፍ ዝሃንከተ” ዝብል ንመን ይገልፅ? ንመኮነን ዶ ንርግኣት?



ዓርሰ ንባብ

ዓይነታት ኣዝርእትን ወቕቲታትን

ሀ. ኣይተ ኪሮስ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓመድ ካብ ዝዘርኡዎም ኣእኻል ክልተ ኣብነታት ፀሓፉ።።

ዓይነታት ሓመድ	ዓይነታት ኣዝርእቲ
ኣብ ሑፃ	
ኣብ ልሙዕ	
ኣብ ዋልካ	

ለ. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. ኣይተ ኪሮስ ብኸመይ ሃፍቲሞም?
2. ካብቶም ኣብዚ ምንባብ ዝተጠቐሱ ዘራእቲ ነቶም እትፈልጥዎም ፈሊኹም ዘርዝሩ።።

2ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ጠሚርኩም ኣንብቡ።።

1. ዓይነት - ኣት	2. ዕለት - ኣዊ	3. ዕታር - ኡ	4. ላዕጠጠ - ቶ

ለ. ነዚልኩም ኣንብቡ።

1. ዓይነታት	2. ዕለታዊ	3. ዕታሮ	4. ላዕጠጠቶ



ዓርሰ ንባብ

ዓይነታት ኣዝርእትን ወቕቲታትን

1. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ደጋጊምኩም ኣንብቡ።

(ዝተወፈሩዎም፣ ዓተር ባሕሪ፣ ሌቓ፣ ኣዕብዮም፣ ደቐቐ፣ ልሙዕ ሓመድ፣ እንተይተደረቱ)

2. በብጉጅለኹም ብዛዕባ "ዓይነታት ኣዝርእትን ወቕቲታትን" ብምዝታይ እቶም ዘራእቲ መዓዝ ከምዝዝርኡ ፀሓፉ።



ቃላት

ኣብ"ሀ" ንዘለዉ ቃላት ኣብ "ለ" ምስ ዘለዉ መፀውዒኦም ኣዛምዱ።

"ሀ"	"ለ"
1. ክረምቲ፣ ሓጋይ፣ ዕድያ	ሀ. ሓመድ
2. ዋልካ፣ ሑፃ፣ ልሙዕ	ለ. እኽሊ
3. ሌቓ፣ ምሸላ፣ ምሸላ ባሕሪ	ሐ. ወቕቲ
4. ዓተር፣ ደቐቐ፣ ዓተር ባሕሪ	መ. ጥረምረ



ዕሕፈት

"ብምኽንያት ታህዋኽ ዘይሰራሕኹዎ ፈተና" ብዝብል መንቀሊ ሓሳብ 5 ሙሉእ ሓሳባት ዝሓዘ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

"እህህ! በለ ጣፍ ዝሃንከተ"

1. ብዛዕባ "እህህ በለ ጣፍ ዝሃንከተ" እትዝክርዎ ቁም ነገር ተዛረቡ።

2. እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ነዚ ዝስዕብ ከይዲ ኣማልኡ። ናዕሪ ጣፍ ሻቕጣ፣ ሓስያ፣ ጥሒና፣

_____፣ _____በሊዓቶ

2. ሳዕቤን ታህዋኽ እንታይ እዩ?

3. ብመሰረት ዝተዉሃበኩም ኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ኣማልኡ።

ሓታቲ፡- ርግኣት ንመኮነን ንምንታይ ሰሪሓ ኣብሊዓቶ?

መላሲ፡- ምኽንያቱ ባዕሉ ከዳልው ስለዘይከኣለ።

ሓታቲ፡- _____ መላሲ ፡- _____

4ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንባልን

1. ጠሚርኩም ፀሓፉ።

ዕለት-ኣዊ	እንተይ-ተደረተ	ሃበ-ት-ኦም

2. ነዚልኩም ፀሓፉ።

ዕለታዊ	እንተይተደረተ	ሃበቶም

ዓርሰ ንባብ

ዓይነታት ኣዝርእትን ወቕቲታትን

1. "ዓይነት ኣዝርእትን ወቕቲታትን" ካብ ዝብል ምንባብ እትዝክሩዎም ኣገደስቲ ቃላት ፀውዑ።

2. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሓረጋት ብኻሊእ ኣበሃህላ ተክኡዎም።

1. ለይቲ ምስ መዓልቲ እናሓረሰ
2. ኑቲ ትኽክለኛ ወቕቲ ብምኽታል
3. በቲ ዝሓዙዎ እንተይተደረቱ

ለ. ኣይተ ኪሮስ ምህርቶም ንኽዕብዩ ዝሰርሑዎ ነገራት ዘርዝሩ።

ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብመሰረት እቲ ምንባብ ካብ "ለ" ናብ "ሀ" ብተመሳሳሊ ኣዛምዱ።

ሀ

1. ሻቕጦም	2. ክቓዝን	3.ኣረየት	4. ላዕጠጠቶ	5. ሃልሃልታ	6. ኣናኺሱ

ለ

ሀ. ብቑጢኑ ለወሰቶጠ	ለ. ነዳዲ	ሐ. ክጉሂ	መ. ማእረረት	ረ. ዘቢጦም	ሰ. ኣሳዊሩ



ፅሕፈት

ግቡኣት ስርዓተ ነጥብታት እናተጠቐምኩም ሓሳባት እዚ ዝስዕብ ፅሑፍ ኣማልኡ።።

ኣይተ ኪሮስ ለይቲ ምስ መዓልቲ እናሓረሱ _____ ኣብ እዋን ክረምቲ _____፣ _____ን _____ ን ይዘርኡ። ብምኽኑ ዕለታዊ ምግቦም ካብ ምሽፋን ሓሊፎም _____።

ሰሙን 21

ዓርሰ ንባብ

ዝዓበኹሉ ከባቢ



ገዛና፣ ብኣንፈት የማንን ፀጋምን ብዱር ዝተሓፅረ እዩ። ኣነን ኣዕርክተይን መውዓሊና ኣብቲ ዱር እዩ። ማይ እንትፀምአና ኣብቲ ውሽጢ ዱር ካብ ዝርከብ ኩሕሊ ዝመስል ማይ ብኢድና እናሓፈስና ንሰቲ። በቲ ማይ እውን ንገፃፀብ። እንተጠመየና ድማ ኣብቲ ዱር ካብ ዝርከቡ ፍረምረ ንምገብ።

ኣብ እዋን መስከረም እቶም ዓበይቲ ኣእዋም ኩሎም ብሓምለዋይ ክዳን ይሽፈኑ። እቶም ኣብ ኣእጋሮም ዝበቕሉ ሳዕረማዕሪን ዕንበባታትን ከዓ ኣዝዮም ስሓብቲ እዮም። ንዓኣቶም ክንርኢን ኣብኡ ክንዘልልን ምሳሕናን ጠዓሞትናን ኢና እንርስዕ። ኣብዚ ግዘ እንትንፍሶ ዕሩይ ኣየር፣ እንስትዮ ዕሩይ ማይ እዩ። ኩሉ ግዘ እንርእዮ ድማ ዕንበባታትን ሓምለዋይ ኣቑዕልቲን እዩ። እዚ ስለዝኾነ ድማ ኩሉ ግዘ ናብቲ ዱር ንምኻድ ንብህግ።

ኣነ ኣብዚ ከባቢ ዓበየ ዕድል ትምህርቲ ረኺበ ካብ ቁሸተይ ረሓቕኩ። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት እንትምለስ ግና ኩሉ ነገር ተለዋዊጡ ፀኒሑኒ ። እቲ ዱር ዝነበረ ንዝተፈላለዩ ሰራሕቲ ዕንፀይቲ እናተቓረፀ ተወዲኡ። እቲ መሬት ፍርቁ ግራት ኮይኑ፤ ፍርቁ ድማ ገዛ ተሰሪሑሉ። እቲ ሓመድ ተጓሕጉሑ ከምዘይነበረ ኮይኑ። ደሮና ከምድላዩ ብንፋስ እናተልዓለ ናብ ዓይኒ ሰብ፣ ናብ ገዛውቲ ይኣቱ። እቲ ዘብህግ ዝነበረ ልሙዕ ቦታ ባዲሙ። ነቲ ዝቕርፁዎ መተካእታ እንተይገበሩ ስለዝወድኡዎ ድማ መልክዕ ከባቢና ጨሪሱ ጠፊኡ።



ምድማዕ

ለበዳ እፀዋት



ሀ. “ለበዳ” እንታይ ማለት እዩ? “ለበዳ እፀዋትከ?”

ለ. እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ዱር እንታይ ማለት እዩ?
2. እፀዋት ኣብ እንታይ ይበቑሉ?

ሐ. ኣዳሚፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. እፀዋት ብኽመይ ይዕቀቡ?
2. ሓመድ ብኽመይ ምዕቃብ ይከኣል?



ዓርሰ ንባብ

ዝዓበኹሉ ክባቢ

ሀ. ኣብ ከመይ ዝበለ ክባቢ ዓቢኹም? (ከተማ፣ ገፀር፣ መኾት፣ ቁሪ፣ ኣእዋም ዘለሥ፣ ዘይብሉ?)

ለ. ኣንቢብኩም ባዶ ቦታ ኣማልኡ።

1. ኣነን ኣዕርኽተይን መውዕሊና _____ እዩ።
2. ማይ እንትፀምአና _____ ንሰቲ። እንትጠምየና ድማ _____ ንምገብ።

ሐ. “ኣነን ኣዕርኽተይን” ወይ ድማ “ኣነን መሓዙተይን” ብዝብል ርእሲ ምስ ኣዕርኽትኹም ዘለኩም ርክብ ብዝምልከት ሓጺር ፅሑፍ ፀሓፉ።

2ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንባልን

ሀ. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

1. ኣለዉ -ዋ	2. ተ-ንሕጉሑ	3. እንባ-ታት	4. እንተ - ረኺቡ

ለ. ነዚልኩም ኣንብቡ።

1. ኣለዉዋ	2. ተንሕጉሑ	3. እንባታት	4. እንተረኺቡ



ዓርሰ ንባብ

ዝዓበኹሉ ከባቢ

1. (ባዲሙ፣ ፍረምረ፣ ዕሩይ ማይ፣ ዕድል ትምህርቲ) ንዝብሉ ቃላት ብምርኣይ ብዛዕባ ዝሓለፈ ምንባብ ተዘራረቡ።

2. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።

   1. ገዛና ብኣንፈት የማንን ዐጋማን ብ _____ ዝተሓፀረ እዩ።
   2. ኣብ እዋን _____ እቶም ዓበይቲ ኣእዋም ብሓምለዋይ ሕብሪ ይሸፈኑ።
   3. ኣብ _____ ዐኒሐ ንገዛይ እንትምለስ ኩሉ ነገር ተለዊጡ ዐኒሑኒ።

3. “ዝዓበኹሉ ከባቢ” ካብ ዝብል ምንባብ ቀንዲ ቀንዲ ሓሳባት ብምውፃእ ጠሚርኩም ፀሓፉ።



ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ናብ ብዙሕ ቁፅሪ ለውጡዎም።

ሀ. ኦም	ለ. እንባ	ሐ. ዱር	መ. ዕፅ	ሰ. ቆፅሊ	ረ. ዓርኪ



ፅሕፈት

ብመምህር ዝንበቡልኩም ቃላትን ሓረጋትን እናዳመፅኩም ፀሓፉ።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ለበዳ እፀዋት

ሀ. “ለበዳ እፀዋት” ካብ ዝብል ምንባብ እትዝክሩዎም ቀንዲ ቀንዲ ሓሳባት ፀሓፉ።

ለ. እናንበብኩም ምላሽ ፀሓፉ።

1. ካብ እፀዋት ቆላ ሓደ ፀሓፉ።
2. ሰባት ንምንታይ እፀዋት የንድዱ?

ሐ. ኣብ ከባቢኹም ካብ ዘለዉ ዓይነታት ኣእዋም ሓሙሽተ ፀሓፉ።

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ኣብ “ሀ” ን ኣብ “ለ” ን ዘለዉ ቃላት ብምጥማር ሓድሽ ቃል መስርቱ።

“ሀ”	1. ምድረ	2. ፍግረ	3. ዳግመ	4. ነባሪ	5. ኣድጊ
“ለ”	ሀ. ገነት	ለ. በረኻ	ሐ. ኣየር	መ. ግረባ	ረ. መሬት

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ነዚልኩም ፀሓፉ።

ኣብነት፡- ቤተሰብ = ቤት + ሰብ

1. ኣፍልቢ	2. ቤተንባብ	3. ዓመተምህረት	4. ኣዶመንበር



ዓርሰ ንባብ

ዝዓበኹሉ ከባቢ

“ዝዓበኹሉ ከባቢ” ኣብ ዝብል ምንባብ፣ እቲ መዘንተዊ እንታይ ይነግረና? ብዛዕባ፣

ሀ. ዝውዕለሉ ቦታን መዋዕልቱን፣ _____

ለ. ዝሰትዮን ዝበልዖን፣ _____

ሐ. ናብቲ ዱር ንምኻድ ዝደልየሉ ምኽንያት፣ _____

መ. ከባቢኡ ካብ ትምህርቲ ምስ ተመለሰ _____

ረ. ምኽንያት ምጥፋእ መልክዕ ከባቢኡ፣ _____



ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ካብ “ለ” ናብ “ሀ” ብተዛራሪ ኣዛምዱ።።

ሀ	1. ጓሕጉሑ	2. ተቐረፀ	3. ዓበይቲ	4. ዱር	5. ባዲሙ	6. ፀምአ
ለ	ሀ. ምድረበዳ	ለ. ለሚዑ	ሐ. ረወየ	መ. ኣናእሽቱይ	ረ. ተተክአ	ሰ.ዓቂቡ



ፅሕፈት

“ዝዓበኹሉ ከባቢ” ካብ ዝብል ምንባብ ሓፈሻዊ ሓሳብ ብምውሳድ ነዚ ዝስዕብ ጅሙር ታሪኽ ሃና ፀሓፉ።።

“ሃና ተምሃሪት ሳልሳይ ክፍሊ እያ። ገዛኣ ብዱር ዝተሸፈነ እንትኸውን ምስ መሓዙታ ኣብቲ ዱር ክትዓዉት ትውዕል። ማይ እንትፀምኣ፡- _____
_____።።

ኣብ ወርሒ መስከረም እቶም ዓበይቲ ኣእዋም _____
_____።።

ሃና ብኽምዚ ዓብያ ዕድል ትምህርቲ ረኺባ ምስከደት _____
_____።።

ዓርሰ ንባብ

ኑዛዜ ወላዲ



ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ሓደ ሓረስታይ ምስ ደቁ ኣብ ሓደ ቁሸት ይነብር ነበረ። ደቁ ስራሕ ዘይፈትው ህኩያት ነበሩ። ግዘኦም ኩሉ ብድቃስ ወይ ብወግዒ የሕልፍዎ ነበሩ።

ሓደ ክረምቲ እቲ ሓረስታይ ሓመመ። ቅድሚ ምሟቱ ንደቁ ሓደ ትምህርቲ ክምህሮም ደለየ። ሓደ ምሸት ፀዊዑ፣ “ደቀይ ከምትርእዩኒ ይሓምምን ይኣርግን ኣለኹ። ኣነ ምስ ሞትኩ ዝሓልየልኩም የለን። ንመነባብሮኹም ዝኾነውን ወርቀይን ንብረተይን ኣብ ግራተይ ኢኹም ትረኽብዎ” በሎም።እቲ በኹሪ ገዛ “ኣበየናይ ወገን እቲ ግራትካ እዩ ዘሎ” ኢሉ ሓተቶ። ንሱ ግና ከይመለሰሉ ኣፅቀጠ። በቲ ዝነበሮ ሕማም ድማ ዓረፈ። እቶም ደቁ ኽዓ ወርቂ ኣቦኦም ክረኽቡ ተሃንጠዉ። ናብቲ ግራት ከይዶም ብዘለዎም ዓቕሚ ኾዓቱዎ፤ እንተኾነ ግና ነቲ ወርቂ ኣይረኸቡዎን።

ሽዑ እቲ በኹሪ ንኣሕዋቱ፡- “ነዛ ግራት ኩላትና ኩዒትናያ፣ ወርቂ ኣቦና ግና ኣይረኸብናዮን፤ ስለዚ ምኹዓትና ዘይተረፈስ እኽሊ ንዝርኣዮ፣ በሎም። ተሰማሚያም ነቲ መሬት ዘርእዎ። እቲ ግራት ብፅቡቕ ኣገባብ ተኺዒቱ ስለዝነበረ ፅቡቕ ፍርያት ሃበ። እቶም ኣሕዋት ነቲ ዝፈረየ እኽሊ ዕዳጋ ወሲዶም ብብዙሕ ወርቂ ለወጡዎ። ሽዑ እቲ ኣቦኦም ዝበሎም “ብዙሕ ወርቂ” እንታይ ምኺኑ ተረድኦም።

(ዕውዕዋይ፣ እዮብ ተኽለ፣ 4-5፣ ክም ዝጥዕም ተገይሩ ዝተወሰደ)

ምድማፅ

ስራሕ





ሀ. “ስራሕ” ንዝብል ርእሲን ነቲ ስእሊን ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።

ለ. እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ንሰብ ሰብ ዘብሎ መንነቲ ጥራይ ኣይኮነን። _____ እውን እዩ።
2. ከም መግለፂ ክብሪ ስራሕ ዝቐረበ ደቂቕ ፍጥረት መን እዩ?
3. ስራሕ ንምምራፅ እንታይ የድሊ?

ሐ. ኣዳሚፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ዓይነታት ስራሕ እንታይን እንታይን እዮም?
2. ሓደ ሰብ ጠንኪሩ ክሰርሕ ዘለዎ መዓዝ እዩ?
3. “ ሰብ ብዘይ ስራሕ ክነብር ኣይኽእልን።” ዝበሃል ንምንታይ እዩ?

ዓርሰ ንባብ

ኑዛዜ ወላዲ

ሀ. “ተናዘዘ፣ ኑዛዜ” ዝብሉ ቃላት እንታይ ማለት ከም ዝኾኑ ምስ መፃምድኹም ተዘራረቡሉም።

ለ. ነቲ ቅኑዕ ሓሳብ “ሓቂ”፣ ነቲ ዘይቅኑዕ ድማ “ጌጋ” እናበልኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ደቂ እቲ ሓረስታይ ፃዕራማት ነበሩ።
2. እቶም ሰባት ከይሓሰቡዎ እኽሊ ዘርኡ።
3. እቲ ሓረስታይ ንደቁ ዘውረሶም ስራሕ ነበረ።
4. እቲ ሓረስታይ ወርቁን ንብረቱን ኣብ ግራቱ ቀቢሩዎ።

ሐ. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. እቶም ሰባት ኑዛዜ ኣቦኦም ኣተግቢሮምዎ ዶ?

2. እቲ ሓረስታይ ንሕቶ በኩሪ ወዱ ምላሽ ዘይሃበ ንምንታይ እዩ?



2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንባልን

1. ዝሰማምዑ ቃላትን ጥብቆታትን ብምጥማር ኣንብቡ።።

ከባቢ	ወደቐ	መለሰ	ኹም
ከይ	ቶ	ዝ	ኣበየ
ሉ	እንተ	ት	

2. ነዚልኩም ኣንበቡ።።

ሀ. ስራሕኹም	ለ. ዝለምዐት	ሐ. ዘይሰርሐሉ	መ. እንተሂቡና

ዓርሰ ንባብ

ኑዛዜ ወላዲ

1. ቀንዲ መልእኽቲ "ኑዛዜ ወላዲ" ዝብል ምንባብ እንታይ ነይሩ?

2. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።።

ሀ. ደቂ እቲ ሓረስታይ ግዘኡም ከመይ የሕልፍዎ ነበሩ?

ለ. "ምኹዓትና ዘይተረፈስ እኽሊ ንዝርኣዮ" ዝበለ መን እዩ?

3. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።።

ሀ. እቲ ሓረስታይ ወላዲ ዘጨንቕ ዝነበረ እንታይ እዩ?

ለ. እቲ ሓረስታይ ንደቁ ብቕጥታ ሓሪስኩም ብልዑ ንምንታይ ዘይበሎም?

ቃላት

ብመሰረት እቲ ምንባብ ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።።

1. ህኩያት	2. ወግዒ	3. ዓረፈ	4. ፍርያት	5. ተሃንጠዉ

ፅሕፈት

"ኑዛዜ ወላዲ" ንዝብል ነበረያ ነበረ እንተይረአኹም ብናትኩም ኣበሃህላ ፀሓፉዎ።።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ስራሕ

ሀ. በቢጉጅለኹም ኮይንኩም “ስራሕ” ካብ ዝብል ምንባብ እትዝክርዎም ክልተ ክልተ ቀንዲ ሓሳባት ብምውላእ ተዛተዩሎም።

ለ. “ስራሕ” ንዝብል ንባብ እናዳመፅኩም ቀንዲ ቀንዲ ሓሳባት እቲ ምንባብ ኣብ ደብተርኩም ፀሓፉ።

ሐ. ኣዳሚፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ዛፀ ንዝወደቐ ፍረ ኣብ ፅጉም ቦታ ብኽመይ የጕዓፅዝ?
2. ካብ ዛፀ ወላኢ ተምሳሌት ስራሕ ክኾኑ ዝኽእሉ ነፍሳት ወይ እንስሳት ኣለዉዶ? መን መን ይበሃሉ?

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንባልን

1. ብመሰረት ዝተውሃበኩም ኣብነት ዝኾም ዝስዕቡ ሕቶታት ምላሽ ሃቡ።

ሀ. ፍረ ኢልና ፍረታት ንብል።
መ. _____ ኢልና ኩላትና ንብል
ለ. _____ ኢልና ህኩያት ንብል።
ረ. _____ ኢልና ደቁ ንብል።
ሐ. ግራት ኢልና _____ ንብል።
ሰ. _____ ኢልና ኣሕዋት ንብል።



ዓርሰ ንባብ

ኑዛዜ ወላዲ

ሀ. እቲ ወላዲ እንታይ ኢሉ ተናዚዙ? ደቁኽ እንታይ ኢሎም ፈቲሖምዎ?
ለ. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. እቲ ሓረስታይ ንደቁ ዘውረሶም ነገር እንታይ እዩ?
2. እቶም ቁልዑ ምስጢር ኑዛዜ ወላዲኦም ዝተረደኦም መዓዝ እዩ?



ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተግራሪ ፍታሕ ድለዩሎም።

1. ህኩያት	2. በኹሪ	3. ትረኽቡዎ	4. ኣፅቀጠ	5. ተሃንጠወ



ፅሕፈት

ዓበይቲ ሰባት ብምሕታት “ስንፍና” ወይ ከኣ “ዛዕሪ” ዝገልፅ ነበረያ ነበረ ፀሓፉ።



ዓርሰ ንባብ

ዝሰርሐ ይኽብር . . .



እንታይ ከም ዝሰርሕ ንምምራፅ ዝጨነቐ ሓደ ሰብኣይ ነበረ። ሓደ እዋን "እዚ ኣቦይ ዘውረሰኒ መሬት እኽለ እንተዘራእኽዎን ንምግቢ ዝኸውን ተኽሊታት እንተተኸልኩሉን ክልተ ነገር እጥቀም። እዚ ንምግባር ድማ ሓደስቲ ሰራሕተኛታት ኣየድልዩንን እዮም። ቅድም እንትብል ዝተቐፀሩ ኣለዉኒ።" በለ።

ነዚ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ዓዲጉ ነቶም ሰራሕተኛታት ኣከቦም። "በዚ መሳርሒ ተጠቒምኩም ኣብቲ መሬተይ ኣዝርእትን ዝብልዑ ተኽሊታትን ትኸሉ እሞ ተንከባኸቡዎ" በሎም። ንዐኦም እዚ ኢሉ፣ ንሱ ኣብ ፈቐዱኡ ቦታታት ክሰትን ክዛወትን ይውዕል። በዚ መንገዲ ንሰለስተ ዓመታት ምስ ፀንሐ፣ ኣይኮነንዶ ዕቑር ሃብቲ ክረክብስ ሰራሕተኛታት ክምግብ እውን ኣይከኣለን።

ብዙሕ ገንዘብ ክረክብ ብዘይ ምኽኣሉ መሬቱ ንኽልተ መቐሉ ፍርቁ ኣወፈሮ። እቲ ዝተወፈረ ሰብኣይ ንሰለስተ ዓመታት ተጠቐመሉ። ሓደ መዓልቲ ንመወፈራይ ረኺቡ ድማ "እዚ ርስትኻ ክትሸጦ ትደሊ እንተኾይንካ በይዛኻ ንዓይ ሽጠለይ" በሎ።

እቲ በዓል መሬት፣ "ኣነ ከፍርየሉ ዘይክኣልኩ ከመይ ንስኻ ኣፍሪኻሉ?" በሎ። ንሱ ከዓ "ንስኻ ኪዱ ስርሑ ትብሎም ምስኦም ግና ኣይትሰርሕን። ኣነ ግና ምስኦም ከይደ እሰርሕ። ንያኦም ኣፋኒየ ኣነ ንድሕሪት እተርፍ። ዝተበላሸወ እንተሎ፣ ዝስተኻኽል ኩሉ ኣስተኻኺለ እየ ንገዛይ ዝኽይድ። በዚ ድማ ውዕኢት ስርሐይ ፅቡቕ ኮይኑ" በሎ።

(ክበደ ሚካኤል፣ ጥንታዊ ምሳሌ፣ ተመሓዳሹ ዝተወሰደ)



ምድማዕ

“ናይ ስራሕ ንእሽተይ የለን”





ሀ. “ናይ ስራሕ ንእሽተይ የለን” ክብል እንከሎ እንታይ ማለት ከም ዝኾነ ምስ መፃምድኹም ብምኺን ተዛተዩ።

ለ. እናዳመዕኩም ነዚ ዝስዕብ ዓንቀፅ ዛዝሙ።

ፅቡቕ ስራሕ እንተሰሪሕና ፅቡቕ _____ ንረክብ፤ በዚ እውን ንኻልኦት ሰባት _____ ንኸውን። ስራሕ፤ ሕማቕ ተግባር ከይንፍፅምን ከይንሓስብን _____። ስለዚ ስራሕ መሰረት

_____ ወዲሰብ እዩ።

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ልክዕ ንዝኾኑ “ሓቂ” ልክዕ ንዘይኾኑ ድማ “ጌጋ” እናበልኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ስራሕ መምህር ካብ ስራሕ ወታደር ይበልፅ።
2. ዝኾነ ይኹን ስራሕ ክነዓቕ የብሉን።
3. ኩሎም ስራሕቲ ተደጋገፍቲን ተሓጋገዝቲን እዮም።



ዓርሰ ንባብ

ዝሰርሐ ይኽብር . . .

ሀ. እናንበብኩም ክስዕብ ብዝኽእል ሓሳብ ዛዝሙ።

. . . ንያኦም እዚ ኢሉ፣ ንሱ ፈቐዱኡ ቦታታት ክሰትን ክዛወትን ይውዕል። በዚ መንገዲ _____

. . . ብዙሕ ገንዘብ ክትርፍ ብዘይ ምኽኣሉ _____

. . . ንስኻ ኪዱ ስርሑ ትብሎም ኣነ ግና _____

. . . በዚ ድማ _____

ለ. ኣንቢብኩም ምላሽ ፀሓፉ።

1. እቲ ሰብኣይ መሬቱ ዘወፈሮ ንምንታይ እዩ?

2. እቲ በዓል መሬት እንትኽስር እቲ ዝተወፈረ ዝሃፍተመሉ ምክንያት እንታይ እዩ?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

ብመሰረት እቲ ጨረር ኣንብቡ።



ዓርሰ ንባብ

ዝሰርሐ ይኽብር . . .

1. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።

ሀ. እቲ በዓል መሬት ንሰራሕተኛታቱ እንታይ ኢሉ ኣዚዙዎም?

ሀ ኣዝርእቲን ተኽሊታትን ትኸሉ ሐ. ነቲ መሬት ኣካርዩዎ

ለ. ነቲ መሬት ሸጡዎ

ለ. እቲ ተወፋራይ መሬት፣ ነቲ መሬት ንኽንደይ ዓመት ሰሪሑሉ?

ሀ. ንሓሙሽተ ለ. ንሰለስተ ሐ. ንፍርቂ ዓመት

ሐ. እቲ በዓል መሬት ኣብ መወዳእታ መሬቱ፡-

ሀ. ሸጦ ለ. ኣወፈሮ ሐ. ሓረሶ

2. "ዝሰርሐ ይኽብር..." ንዝብል ፅሑፍ ኣሕዊርኩም ብቓልኩም ኣቕርቡ።



ቃላት

ኣብ ትሕቲ “ሀ”ን “ለ”ን ንዘለዉ ቃላት ብመሰረት እቲ ምንባብ ብተግራሪ ኣዛምዱ።

ሀ.	1. ጨነቐ	2. ዘርኣ	3. መገልገልቲ	4. መኽሰብ	5. ተወፋራይ

ለ.	ሀ. በቆሰ	ለ. ክሳራ	ሐ. ፈኸሶ	መ. ቦዓል ግራት	ረ. ውሱን	ሰ. ኣሕሉቐ



ፅሕፈት

“ኣብ ገዛይ ዝሰርሑም ስራሕቲ” ዝብል ርእሲ ተጠቒምኩም ኣብ ገዛኹም እትሰርሑዎም ስራሕቲ ካብ 3-5 ምሉእ ሓሳብ ዝሓዘ ዓንቀፅ ፅሓፉ።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

“ናይ ስራሕ ንእሽተይ የለን”

ብመሰረት ዘዳመፅኩምዎ ግጥሚ ነቶም ባዶ ቦታታት ከማልኡ ዝኽእሉ ቃላት ሓንፅፁሎም

ስራሕ ስራሕ ስራሕ ናይ ወዲ ሰብ ---------- (ንብረት፣ ክብረት)

ኣይ ንሳ እንድያ ናይ ህይወት ---------- (መሰረት፣ ሰንሰለት)

ንዝደለዩዋ እናተቐበለት

ሸሻዮም ትህቦም ብሓቂ ---------- (ከይፈርሐት፣ ከየጉደለት)

ሕረስየ ሓረስታይ ሸቅል ሸቃላይ

ንገድ ነጋደይ ኣፅንዕ ---------- (ተምሃራይ፣ ፈራዳይ)

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንባልን

ሀ. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

በይዛ-ኻ	ዘ-ውረስ-ኣኒ	እንተ-ዘሪኡ-ወን	ኣይ-የድሊ-ዮን

ለ. ነዚልኩም ኣንብቡ።

በይዛኻ	ዘውረሰኒ	እንተዘሪኡወን	ኣየድሊዮን



ዓርሰ ንባብ

ዝሰርሐ ይኽብር . . .

“እቲ በዓል መሬት፣ መሬቱ ክወፍሮ ነይሩዎዶ ኣይነበሮን?” ካብ ዝብሉ ነቲ ሓደ ብምድጋፍ መእመኒ ሓሳባት እናጠቐስኩም ተኻትዑ።



ቃላት

ብመሰረት ዘዳመፅኩምዎ ምንባብ ተመሳሳሊ ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።

1. ሸሻይ	2. ሽቃላይ	3. ተዓብለለ	4. መርኣያ	5. ይድርተና



ፅሕፈት

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ስርዓተ ነጥቦም ዝሓለዉ ምሉእ ሓሳባት ህንፁ።

1. ክራይ 2. መሬት 3. ውርሲ 4. ዕቑር ሃፍቲ 5. መኽሰብ

ሰሙን 24



ዓርሰ ንባብ

ወዲቕ ዝተረኽበት ደብዳበ





ናብ ዝኸበርኩም ፍቑራት ደቀይ፣ ከመይ ኣለኹም? ብትምህርትኹም ንፉዓት ብስራሕኹም ምስጉናት ከም ዝኾንኩም እኣምን።

ደቀይ ሰኣን ፍልጦይ እዚ ስራሕ ወዲ፣ እዚ ድማ ስራሕ ጓል እናበልኩ ዘይኮነ እምህረኩም ነይረ። ንሕክምና ዝመፃእኩሉ ዓዲ፣ ስራሕ ጓልን ስራሕ ወዲን ዝበሃል የለን። ብዙሓት ኣወዳት ብሒቕ ክለውሱ፣ ገዛ ከፅርዩን ጥዑም ፀብሒ ክሰርሑን ርእየ። ብዙሓት ኣዋልድ ድማ ማሽናት ከንቀሳቕሳን በቢዓይነቲ ገዛውቲ ክነድቃን ርእየ።

እዚ ዓዲ፣ ሰብ ብስርሑ ዝኽበረሉን ስራሕ ብዖታ ዘይፍለየሉን እዩ። ኣነ ኣብዚ መዒኤ ምስረኣኹ ክንደየናይ እጋገ ምንባረይ ተረዲኡኒ። ብፍላይ መዓዛ ጓለይ፣ ስራሕ ጓል እናበልኩ ኣብ ርእሲ ርእሲ ይፅፅነኪ ነይረ። እዚ ስኣን ፍልጦይ ምኻኑ ተረዲእኺ ይቕረ ትብልለይ ትኾኒ።

ኣብ ገዛ ምስራሕኹም፣ ምስቀላይ ህይወትኩም ምልምማድን መሰረት ምቕማጥን ማለት ምኻኑ ተገንዚበ። ኩሉ ግዘ ሰብ ኣይሰርሐልኩምን ኣይሕብሕበኩምን። ስለዚ ካብ ቁልፅነትኩም ዓቕምኹም ዝፈቕዶ ስራሕ ገዛ ምልማድ ፅቡቕ እዩ። ንዑኡ ኢለ እየ ድማ ኣብ ገዛ ዝዓቕምኹም ክትሰርሑ ወትሩ ዝነግረኩም። ምስ ዓበኹምን ካባይ ምስ ተፈለኹምን ምእንቲ ከይትሸገሩኒን ዓርስኹም ክኢልኩም ክትዓብዩለይን እየ። ካብዚ ዓዲ ፅቡቕ እየ ተማሂረ። በሉ ምስ መፃእኹ ድማ ብዙሕ ክነግረኩም እየ።

ካብ ኣዝየ ዝፈትወኩም ኣዴኹም፣

ንግስቲ



ምድማዕ

ምኽሻን ምግቢ



ሀ. “ምኽሻን” እንታይ ማለት’ዩ? ነዚ ቃል ዝትክኡ ካልኦት ቃላት በብጉጅለኹም ድለዩ።

ለ. እናዳመዕኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ምኽሻን ምግቢ እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣብ ቤት ምግቢ ምብላዕ ከም መማረፂ ንምንታይ ተወሲዱ?
3. ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ምኽሻን ምግቢ ተዋፊሮም ዝርከቡ ተባዕትዮ ድዮም ኣንስትዮ?

ሐ. ኣዳሚዕኩም ምላሽ ሃቡ።

ካብቲ ዘዳመዕክምዎ ምንባብ ዝረኽብክምዎም ሰለስተ ሓደሽቲ ሓሳባት፣ ክልተ ኣገረምቲ ነገራት፣ ዘለኩም ሓደ ሕቶ፣ በብጉጅለኹም ብምድላው ንመማህርትኹም ኣቕርቡሎም።



ዓርሰ ንባብ

ወዲቕ ዝተረኽበት ደብዳበ

ሀ. ናይዚ ምንባብ ናይ መጀመሪያ ምሉእ ሓሳብ ጥራሕ ኣንብቡ። ካብዚ ተላዒልኩም ብምቕላል እቲ ምንባብ ብዛዕባ እንታይ ከምዝዝተ ግምትኩም ተዛረቡ።

ለ. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ምኽንያት መገሻ ፀሓፊት ደብዳበ እንታይ እዩ?
2. ስም ንል ፀሓፊት ደብዳበ መን ይበሃል?
3. እታ ኣደ ካብቲ ዘላቶ ዓዲ እንታይ ፅቡቕ ነገር ተምሂራ?

ሐ. ኣንቢብኩም መልሱ።

1. እታ ኣደ ኣወዳትን ኣንላትን ክሰርሑ ከለዉ ዝረኣየቶም ዓይነታት ስራሕ ዘርዝሩ።
2. እቲ ደብዳበ ዝተፅሓፈሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንባልን

ሀ. ዝሰማማዕ ቃላትን ጥብቆታትን እናጠመርኩም ኣንብቡ።

- -ብ- እና- ም ተ
- በል ረኸበ ስራሕ ነደቐ
- -ኩ -ት -ኹም

ለ. ነዚልኩም ኣንብቡ።

1. ህይወትኩም 2. ምስጉናት 3. ብስራሕኹም 4. ብትምህርትኹም



ዓርሰ ንባብ

ወዲቕ ዝተረኽበት ደብዳበ

1. ቀንዲ መልእክቲ "ወዲቕ ዝተረኸበት ደብዳበ" ዝብል ምንባብ እንታይ እዩ? ዘኪርኩም ተዛረቡ።
2. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።
   1. እታ ኣደ ኣብ እትነብረሉ ዓዲ ዘሎ ህዝቢ ኣብ ስራሕ ዘለዎ ኣረኣእያ እንታይ ይመስል?
   2. ኣብ ገዛ ምስራሕ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
3. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።
   1. እታ ኣደ ንንላ ይቕረታ ዝሓተተታ ንምንታይ እዩ?
   2. እታ ኣደ ቀደም ኣብ ስራሕ ዝነበራ ኣመለካኽታ ከመይ ክቕየር ክኢሉ?

ቃላት

ተሓንፂፁሎም ንዘለዉ ቃላት ብተመሳሰሊ ቃል ተክኡዎም።

1. ሰኣን <u>ፍልጦይ</u> ዘይኮነ እምህረኩም ነይረ።
2. ብትምህርትኹም ንፉዓት፣ ብስራሕኹም <u>ምስጉናት</u> ክትኾኑ እምነ።
3. ኣብዚ ዓዲ ስራሕ፣ ስራሕ ንልን ወድን እናተበሃለ <u>ኣይምቀልን</u>።
4. ኣብ ገዛ ዝዓቕምኹም ክትሰርሑ <u>ወትሩ</u> እየ ዝመኽረኩም።



ፅሕፈት

"ወዲቕ ዝተረኸበት ደብዳበ" ካብ ዝብል ምንባብ ብጣዕሚ ጠቕምቲ እዮም እትብሉዎም ሰለስተ ዝተፈላለዩ ምሉእ ሓሳባት ፅሓፉ።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ምኽሻን ምግቢ

ሀ. “ምኽሻን ምግቢ” ካብ ዝብል ምንባብ እትዝክሩዎም ክልተ ቁም ነገራት ተዛረቡ።።

ለ. እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. ምኽሻን ምግቢ ምስ ካልኦት ሙያታት ዘመሳስሎ እንታይ እዩ?

2. ኣብ ምኽሻን ምግቢ ዝተዋፈሩ ሰባት እንታይ ዓይነት ክዳን ይኽደኑ?

ሐ. “ምኽሻን ምግቢ ዓብዩን ክቡርን ሙያ እዩ” ኣብ ዝብል ጉዳይ መረዳእታ እናሃብኩም ሓሳብኩም ግለፁ።።

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንላልን

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ናብ ንፅል ቁፅሪ ለውጡዎም።።

ኣብነት፡- ብሩኻት = ብሩኽ

1. መሓዙት	2. ንፉዓት	3. ምስጉናት	4. ኣወዳት	5. ገዛውቲ	6. ማሽናት

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ናብ ብዙሕ ቁፅሪ ዘመልክት ቃል ቀይሩዎም።።

1. ስራሕ	2. ጥዑም	3. ቆልዓ	4. ዓዲ	5. ጓል	6. ዓቕሚ



ዓርሰ ንባብ

ወዲቕ ዝተረኽበት ደብዳበ

ሀ. ብዛዕባ “ወዲቕ ዝተረኸበት ደብዳበ” እትዝክሩዎም ክልተ ጠቕምቲ ነገራት ብምዝካር ፀሓፉ።።

ለ. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. ስራሕቲ ውሽጢ ገዛ ምልማድ ንቕላይ ህይወት ድልዱል ሰረት ምቕማጥ እዩ።።

ምኽንያቱ.....

2. ካብዞም ዝስዕቡ ክልተ ሓሳባት ነቲ ሓደ ብምድጋፍ (ነቲ ካልኢ ብምቅዋም) ተኻትዑ።

ሀ ቆልዓ ስራሕ ክሰርሕ ኣለዎ። ለ. ቆልዓ ክሰርሕ የብሉን።



ቃላት

ፍታሕ ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።

1. ስኣን	3. ክንደየናይ	5. ምኞማጥ
2. ርእሲ ርእሲ	4. መሰረት	6. ዓኞሚ

ነዞም ዝስዕቡ ሓረጋት ብኻልኢ ሓረግ ተክኡዎም።

1. ስኣን ፍልጠት
2. ዘይኮነ እምህረኩም ነይረ
3. ክንደየናይ እጋገ ምንባረይ
4. ዓኞምኹም ዝፈኞዶ
5. ካባይ ምስ ተፈለኹም



ፅሕፈት

ብዛዕባ ሓደ ሙያ (ምምሻጥ ፀጉሪ፣ መንድኞ፣ ማእለማ፣ ስፌት ክዳን፣ ወዘተ.) ዝገልፅን ሓሙሽተ ምሉእ ሓሳባት ዝሓዘን ፅሑፍ ኣዳልዉ። እንታይነቲን ብኽመይ ከም ዝስራሕን ዝገልፅ ክኽውን ኣለዎ።

ዓርሰ ንባብ

ፃዕዳ ኣንጭዋ



ሓደ እዋን ኣብ ታሪኽ ኣናፁ ዘይተለመደ ፃዕዳ ኣንጭዋ ተወለደ። እቲ ኣንጭዋ ምስዓበየ ክምርያ ስለዝተደለየ “ንል መን ትሓይሽ?” በሉ። ኣዲኡን ወለደኛን ንዑኡ እትኸውን ቆልዓ ክደልዩ ብዙሕ ደኸሙ። ኣብ መወዳእታ “ንሱ ፃዕዳ ስለዝኾነ ከምኡ ዝበለት ፃዕዳ፣ ንል ፀሓይ ትሓይሽ” ኢሎም ወሰኑ። በዚ መሰረት ሽማግለታት ናብ ፀሓይ ከይዱ፡-

“ንልኪ ንወድና ሕፀ ክንልምን ኢና መጺእና። ንስኺ ንዓለም እተብርሂ ፃዕዳ ኢኺሞ፣ ፃዕዳ ንልኪ ንወድና ንሕፀ ክትፈቕድልና።” በልዋ። ፀሓይ ተቐቢላ “እቲ ዝበልኩምዋቶ ኩሉ ልክዕ እዩ፣ ኣነ እውን ደስ ምበለኒ፣ ግና ኣነ ከብርህ፣ ደበና መጺኣ ዕብጥ ተብለኒ እሞ፣ ፀልማት ይኸውን። ስለዚ ካባይ እትሕይል ደበና እያ እሞ ናብኣ ኪዱ” ኢላ መኸረቶም።

እቶም ሽማግለታት ድማ ናብ ደበና ከይዶም “ንልኪ ንወድና ክተሕፅይልና ፍቓድኪ ክንሓትት ኢና መጺእና” በልዋ። ደበና እውን “ክሓልፍ እንተበልኩ ትዓግተኒ ካባይ እትሕይል እንባ ዝተበሃለት ሰበይቲ ኣላ እሞ ንዓኣ ሕተቱዋ” በለቶም። ናብ እንባ እውን ከዱ። እንባ ከዓ “ካባይ ንላዕሊ እትሕይልን ውሽጢ ውሽጠይ እናንሕጉሐት እተሸግረኒን ኣንጭዋ እያ፤ ስለዚ ምስ ኣንጭዋ እንተተሕፅዩዎ ይሕሸኩም።” በለቶም። እቶም ቤተዘመድ ዘይሮምን ደኺሞምን ኣብ መወዳእታ ምስ ንል ኣንጭዋ ኣመርዓዉዎ።

(ዕውዕዋይ ትግርኛ፣ መምህር ገኪዳን ደስታ፣ ክምዝጥዕም ኣሕዊርካ ዝተወሰደ)



ምድማፅ

ቁሳዊ ባህሊ ትግራይ









ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።።

ቁሳዊ ባህሊ ትግራይ

ምግቢን መስተን	ኣልባሳት	ኣሰራርሓ ጨጉራ	መሳርሒ መዚቃ

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣዳሚፅኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. ብመሰረት እቲ ምንባብ ኣብ መንጎ ቁሳዊን መንፈሳዊን ባህሊታት ዘሎ ኣፈላላይ ተዛረቡ።።

2. ካብ ባህላዊ መጋየዒታት ትግራይ ሰለስተ ፅርሑ።።



ዓርሰ ንባብ

ፃዕዳ ኣንጭዋ

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት እናንበብኩም ዝጐደሉዎም ሓሳባት መሊእኹም ፀሓፉ።።

1. (ዓንቀፅ ሓደ) ኣብ መወዳእታ “ንሱ ፃዕዳ ስለዝኾነ ከምኡ ዝበለት ፃዕዳ፣ _____ በዚ መሰረት _____።።

2. (ዓንቀፅ ክልተ) ኣነ እውን ደስ ምበለኒ፣ ግና ኣነ ከብርህ፣ ደበና መዒኣ

_____።።

3. (ዓንቀፅ ሰለስተ) እምባ ከዓ “ካባይ ንላዕሊ እይትሕይልን ውሽጢ ውሽጠይ እናንሕጐሐት እተሸግረኒ _____

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ፃዕዳ ኣንጭዋ ንንል ፀሓይ ክምርያ ዝደለየሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?
2. ኣብ መወዳእታ ፃዕዳ ኣንጭዋ ንመን ተመርዒዩ?
3. ፀሓይን ደበናን ንንል ኣንጭዋ ደቀን ከመርዕዋ ዘይደለያ ንምንታይ እዩ?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. እናጠመርኩም ኣንብቡ።

ተ-ደለየ	ሕተቱ-ዋ	ንል-ኪ	ምስ-ዓበየ	እንተ-በለ

ለ. ነዚልኩም ኣንብቡ።

ተደለየ	ሕተቱዋ	ንልኪ	ምስዓበየ	እንተበለ



ዓርሰ ንባብ

ፃዕዳ ኣንጭዋ

1. ኣንቢብኩም ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።

   ሀ. እናንሕጉሐት ለ. ትዓግተኒ ሐ. ዕብጥ መ. ክተሕዕዩዋ

2. ፃዕዳ ኣንጭዋ ንዝብል ምንባብ ብ 3-4 ምሉእ ሓሳባት ኣሕዚርኩም ፀሓፉ።



ቃላት

ሀ. ኣብ ጉጅለ "ሀ" ዘለዉ ጥብቆታት ምስ ኣብ ጉጅለ "ለ" ዘለዉ ቃላት ብምጥማር ሓደስቲ ቃላት መስርቱ።

"ሀ"	1. ዘይ-	2. ተ-	3. ምስ-	4. እንተ-	5. ኣይ

"ለ"	ሀ. ሰብ	ለ. ስሓበ	ሐ. ፅሒፉ	መ. በሰለ	ረ. ኮለሰ	ሰ. በልዐ

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተፃራሪ ፍታሕ ድለዩሎም።

1. ቆልዓ
2. ልክዕ
3. ክብርህ
4. ፀልማት
5. እትሕይል
6. ተጨነቐ



ፅሕፈት

ነዞም ስርዓተ ነጥብታት (? ፣ ::) ተጠቒምኩም ብዛዕባ ፃዕዳ ኣንጭዋ ሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ቁሳዊ ባህሊ ትግራይ

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ረአዩ። ብምቕላል ብዛዕባ እቲ ምንባብ ዘለኩም ፍልጦ ተዛረቡ።

(ልሙዳት፣ ተቐባልነት፣ ኣመጋግባ፣ ኣከባብራ በዓል፣ ምግቢታት፣ ኣልባሳት፣ መጋየፂ፣ መንፈሳዊ)

ለ. እናዳመፅኩም ቀንዲ ቀንዲ ሓሳባት ፀሓፉ።

ሐ. ነቶም ቀንዲ ቀንዲ ሓሳባት ብምጥማር ሓሙሽተ ምሉእ ሓሳባት ዝሓዘ መጠቓለሊ ፅሑፍ ፀሓፉ።

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንባልን

ሀ. ጠሚርኩም ፀሓፉ።

ስለ-ዝ-ሾነ	ዘይ-ተ-ለመደ	እና-በል-ኡ	እና-ንሕንሐ-ት

ለ. ነፂልኩም ፀሓፉ።

ዘይተለመደ	እናበሉ	ስለዝሾነ	እናንሕንሐት



ዓርሰ ንባብ

ፃዕዳ ኣንጭዋ

ሀ. "ፃዕዳ ኣንጭዎ" ንዝብል ምንባብ ብሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ኣሕፂርኩም ፀሓፉ።

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ምላሽ ሃቡ።

1. ዓዕዳ ኣንጭዋ ምስ ዓበየ ቤተሰቡ እንታይ ክገብርዎ ደለዩ?
2. ንሕፀ ዓዕዳ ኣንጭዋ ዝተሓተቱ መን መን እዮም?

ቃላት

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት በብጉጅለኦም ፈሊኹም ኣብ ትሕቲ ሰደቓ ኣእትውዎም።

(ፀልማት፣ ኣንጭዋ፣ ደበና፣ ሩባ፣ እንባ፣ ኣዕዋፍ፣ ብርሃን፣ ዛሕሊ፣ ድሙ፣ ሙቐት፣ ጉልጉል፣ ከልቢ)

እንስሳት	ገፀ ምድሪ	ተርእዮታት ተፈጥሮ

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተመሳሳሊ ፍታሕ ድለዩሎም።

1. ዕቡጥ	2. ትዓግቱኒ	3. እናንሕጐሐት	4. ክተሕዕዩዋ

ፅሕፈት

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት መስርቱ።

1. ክዳን
2. ጨጉሪ
3. ሙዚቃ
4. ምግቢ
5. ባህሊ

ሰሙን 26

ዓርሰ ንባብ

ኣየ ፍትሒ!



ሓደ እዋን ንሶት ከፍቶም ክሕልዉ ምስወፈሩ ኣብ በረኻ ምድሪ መሰዮም። ፈሪሖም ኣብ ሓደ ቦታ ኮፍ ምስ በሉ ከፍቶም ኣብ ግራት ሓደ ለባም ሰብኣይ ኣተዋ። ኑቲ ምዕባዱ ቀሪቡ ዝነበረ ስርናይ ድማ በሊዐን ወድኡኡ። በሊዐን ከይኣኽለን ከኣ ኣብቲ ዝተረፈ እኽሊ ዐይመን ኣበላሸዋኡ።

ወዮ በዓል ግራት ንግሆ ናብ ግራቱ እንተመፀ፣ ኩሉ ግራቱ ተበሊዑ ዝተረፈ ድማ ተበላሽዩ ፀንሑ። “ግራተይ ኮይንዎ ዘሎ ረኦዮ ኢሉ ኑቲ ዋና ከፍቲ ናብቲ ግራቱ ወሰዶ። እቲ በዓል ከፍቲ ምስ ረኦዮ ኣገዩ ሓዘነ።

ፅቡቐ ኮነ ሕማቐ ከይተዛረበ ናብ ሽማግለ ከይዱ “ከፍተይ ነዚ ኩሉ ግራት በሊዐንኡ፣ ዝተረፈ ከዓ ኣበላሽዮንኡ እየን፤ ስለዚ ክንድዚ ክፈል እንተበልኩምኒ ተሓጉሰ ክቐበሎ እየ። ”በሉም። ንሶም ከዓ እቲ ክኸፍሉ ዝግብኡ ኩሉ ኣዘዙዎ። ንሱ ድማ ኑቲ ዋና እኽሊ ብቐንዕና” ከምታ ሽማግለ ዝኣዘዙልካ ግራተይ ውሰድ” በሎ። ሽዑ እቲ ብዓል ግራት ቡቲ ፅቡቐ ኣዘራርባን ግርህነትን በዓል ከፍቲ ኣገዩ ተሓጎሰ። ኮይኑ ግና “ኣይኸውንን! ዝወስዶ የብለይን ይትረፈኒ፣ እቶም ሰባት ኣናእኽተይ ስለዝኾኑ እዩ። ካብ ሎሚ ከይድገም ድኣ ፅቢይ ዝበለ ንሳ ግበረለን። ”ሉ ሓንቲ እኳ እንተይወሰደ ከደ።

(ፍቓዱ ገ/ክላሴ፣ ብሂል ወለድና፣ 1982፣ ኦምዝጥዕም ሓፂሩ ዝተወሰደ)



ምድማፅ

ጠቕምትን ጎዳእትን ልምዲታት





ሀ. ብመሰረት እቲ ርእሲ ነዚ ሰደቓ ኣማልኡ።

ኣቕዲመ ዝፈልጦ	ክፈልጦ ዝደልዮ	ሐዚ ዝፈለጥኩዎ

ለ. እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ቁጠባዊ ፀገም ንምቅላል ዝጠቕሙ ልምዲታት ከመይ ዝበሉ እዮም?
2. ስዒቡ እተዳምፅዎ ፅሑፍ ብዛዕባ እንታይ ዘውግዕ ይመስለኩም? ንምንታይ?

ሐ. ኣዳሚፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ነቲ ኣብ እዋን ቅድመ ንባብ ከይተመልአ ዝተረፈ ሰደቓ መሊእኹም ዛዝምዎ።
2. ኣብነታት ጠቕምትን ጎዳእትን ልምዲታት ፀሓፉ።
3. ንስኻትኩም እትፈልጡዎም ኣብቲ ምንባብ ዘይተጠቐሱ ጠቕምትን ጎዳእትን ልምዲታት ፀሓፉ።



ዓርሰ ንባብ

ኣየ ፍትሒ!

ሀ. ነቲ ርእስን ስእልን ኣስተውዕሉ። ብዛዕባ እቲ ምንባብ ዘለኩም ግምት በብጉጅለኹም ተመያየጡ።

ለ. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. እቲ እኽሊ ብኽፍቲ ንክብላዕን ንክበላሸን ምክንያት ዝኾነ መን እዩ?
2. እቲ በዓል ከፍቲ ነቲ ዝተበልዐ ግራት ምስ ረአየ እንታይ በለ?
3. በዓል ግራት ኣዝዩ ዝተሓጎሰ ብምንታይ እዩ?

ሐ. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. እቲ በዓል ግራት ነቲ ዝተፈረደሉ ፍርዲ ኣይቅበልን ዝበለ ንምንታይ እዩ?
2. ፍርዲ እቶም ሽማግለታት እንታይ ነይሩ?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

1. ጠሚርኩም ኣንብቡ።

ንሳ-ኡት	ግራት-ኣይ	ዝ-ኣዘዘ-ልካ	በል-ኩም-ኒ

2. ነፂልኩም ኣንብቡ።

ንሶት	ግራተይ	ዝኣዘዘልካ	በልኩምኒ

ዓርሰ ንባብ
ኣየ ፍትሒ!

1. “ኣየ ፍትሒ” ካብ ዝብል ምንባብ እትገኩዎም ሸሞንተ ቃላት ፀሓፉ።
2. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።
   1. እተን ከፍቲ ናብቲ ግራት ኣትየን እንታይ ገይረን?
   2. እቲ በዓል ግራት ነቲ በዓል ከፍቲ እንታይ ኢሉ መኺሩዎ?
3. “ኣየ ፍትሒ!” ንዝብል ዛንታ ብቓልኩም ተዛረቡ።

ቃላት

ነዞም ዝስዕቡ ሓረጋትን ቃላትን ብፍታሕ ዝመሳሰል ቃል ካብቲ ምንባብ ድለዩ።

1. ሓላዊ ከፍቲ	3. ተሓራሲ መሬት	5. መተዓረቒ
2. ፀልሚቱ	4. መስተውዓሊ	

ፅሕፈት

“ጠቕምትን ጐዳእትን ልምዲታት” ካብ ዝብል ምንባብ 3 ቀንዲ ቀንዲ ሓሳብ ዝሓዙ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ጠቐምትን ጎዳእትን ልምዲታት

ሀ. “ጠቐምትን ጐዳእትን ልምዲታት” ካብ ዝብል ምንባብ እትዝክሩዎም ክልተ ነጥብታት ተዛረቡ።

ለ. እናዳመፅኩም ፍታሕ እዞም ቃላት ፀሓፉ።

1. ምዕባለ 2. ቁጠባዊ 3. ዕቁብ 4. ምድባስ 5. ዓቂብና

ሐ. ኣዳሚፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክመሓላለፉ ዘለዎም ልምዲታት እንታይ እዮም?
2. ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ጎዳኢ ልምዲ ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?
3. ብመሰረት እቲ ምንባብ፣ ባህሊ እንታይ ከም ዝኾነ ተዛረቡ።

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንፃልን

1. ኣብ ቅድሚቶም “እንተይ” ዝብል መንቀሊ ዘለዎም ቃላት ካብቲ ምንባብ ፈሊኹም ፀሓፉ።

ኣብነት፡- እንተይመፀ፣ እንተይሸጠ

2. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ናብ ብዙሕ ቁፅሪ ለውጡዎም።

ኣብነት፡- ጓሳ = ጓሶት

1. ግራት 2. ሰብኣይ 3. ሽማግለ 4. ጓና 5. ንኡስ



ዓርሰ ንባብ

ኣየ ፍትሒ!

ሀ. መልእኽቲ “ኣየ ፍትሒ” ዝብል ምንባብ እንታይ እዩ?

ለ. ነዞም ቀድም ሰዓቦም ዝተዛብዐ ምሉእ ሓሳባት ብምቅናዕ ሓደ ኣንቀፅ ገይርኩም ፀሓፉዎም።

- እተን ክፍቲ ናብ ግራት ኣተዋ።
- በዓል ክፍቲ ናብ ሽማግለታት ከደ።

- በዓል ከፍቲ ኣገዩ ሓዘነ።
- ግራቱ ክህብ ሽማግለታት ወሰኑ።
- እቶም ንሶት ኣብ በረኻ እናሃለዉ መሰዮም።
- ፈሪሖም ኣብ ሓደ ቦታ ኮፍ በሉ።
- በዓል ግራት ንዘተውሃቦ ካሕሳ ኣይቅበልን በለ።



ቃላት

ጠቐምትን ጎዳእትን ልምዲታት ዝገልፁ ቃላት ኣብቲ ዝተውሃበኩም ሰደቓ ፀሓፉ።

ጠቐምቲ ልምዲታት	ጐዳእቲ ልምዲታት



ፅሕፈት

“ኣየ ፍትሒ!” ንዝብል ምንባብ ብናይ ባዕልኹም ኣገላልፃ ኣሕዊርኩም ፀሓፉዎ።



ዓርሰ ንባብ

ኩሉዶ ድርቅና ይመስለክን!





ኣብ ባህሊ ትግራይ መርድእ ዝንገር፣ ዳርጋ ኣብ ወጋሕታ ዓሰርተ ሓደ ሰዓት ኣቢሉ እዩ፤ ስለዝኾነ ኣብ ሓደ ዓዲ፣ ሓንቲ ሰበይቲ ወላዲተን ይሞታኣን እሞ ናይቲ ክባቢ ሰባት ንሰንበት ንጉሆ ከርድኡወን ተጀፀሩ።

ኣንስትን ሰብኡትን እቲ ክባቢ ተኣኪቦም ናብተን ዝርድኣ ሰበይቲ ኸዱ። እተን ኣንስቲ “እንበይተይ ቤተ-ክርስትያን ንኺድ!” ኢለን ማዕያኣን እናኳሕኩሓ ተዳመፅኣን። ድሕሪ ብዙሕ ምኹሕኳሕ “መን ኢኻ?” በላ እተን ሰበይቲ። እተን ኣንስቲ ድማ “ቤተ-ክርስትያን ንኺድ እሞ እንዳ ኣይተ እከለ እውን ምብባሕ ስለዘሎ ብኡኡ ጌርና ክንከይድ” በልኣን። እተን ሰበይቲ ግና ክኸዳ ኣይደለያን። ስለዚ “ኣትን ኣሓተይ ንዓይ ዝደሊ ሰብ መሬት ምስ ወግሐ እዩ ዝመፅእ። ስለዚ ምስ ወግሐ ምፃ” በልኣን። “በይዛኽን እመናና፣ ንሕና ኢና ክፈታና። ቁሪ ወዲኡና” በልኣን። እተን ሰበይቲ ግና “ኣትን ሰባት ዘረባይ ሓንቲ እያ፣ ስለዚ ክኸፍተልክን ኢልክን ኣይትፀበያ!” በላ ብሕርቃን። እተን ኣንስቲ እውን ኣዝየን ስለዝሓረቓ “ኣትን እንበይተና ኩሉ ዶ ድርቅና ይመስለክን? እኖኽን ሞይተን ክነርድኣክን ኢና መፂእና ነይርና” ኢለንኣን ዕዝር በላ። ወዮ ብኽብሪ ክንገራ ዝግብኣን ሰበይቲ ኣባዲ ኣብ ዘይብሉ ዕውው ገዛ ኮይነን “እነየ መዓረየ!” እናበላ ኣብ ብኽያት ወዓላ ይበሃል።

(ዕውዕዋይ ትግርኛ፣ መምህር ገ/ኪዳን ደስታ፣ ክምዝጥዕም ኣሕዊርካ ዝተወሰደ)



ምድማፅ

ቀልዓ ብንኡሱ...

ሀ. እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. እቶም ክልተ ዓበይቲ ሰብኡት መንን መንን እዮም?
2. ኣቦይ ፍቓዱ ናብ እንዳ ኣቦይ በየነ ዝመፁሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

ለ. ኣዳሚፅኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. እቶም ንሕፀ ዝተሓተቱ እንዳመን እንዳመን እዮም?
2. ፅቡቕ ስነ-ምግባር ተባሂሎም ካብ ዝተዘርዘሩ ነቶም ሰለስተ ፀሓፉ።።
3. “ቀልዓ ብንኡሱ . . .” ዝብል ምስላ ኣብቲ ምንባብ ካብ ዘለዉ ሰባት ንመን ዝምልከት ይመስለኩም?



ዓርሰ ንባብ

ኩሉ ዶ ድርቅና ይመስለክን!

ሀ. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. ኣብ ትግራይ መርድእ ዝንገረሉ ግዘ መዓዝ እዩ?
2. ሰብኡትን ኣንስትን እቲ ከባቢ ተኣኪቦም ናብተን ሰበይቲ ዝኸዱሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?
3. እተን ሰበይቲ ማዕየአን ምኽፋት ምስ ኣበይአን እተን ኣንስቲ እንታይ ገይረን?

ለ. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።።

- እተን ሰበይቲ በኸያ። ንምንታይ? ሞት ኣዲአን ስለዝተነገረ
- እተን ኣንስቲ ሓረቓ። ንምንታይ? _____
- እተን ሰበይቲ ማዕየአን ክኸፍታ ኣይደለያን። ንምንታይ? _____
- እተን ኣንስቲ ነተን ሰበይቲ “ናብ ቤተክርስትያን ንኺድ” ኢለን ንክኸፍትአን ኪሕኩሓ። ንምንታይ _____

2ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንፃልን

1. ጠሚርኩም ኣንብቡ።።

• እኖ-ኽን	• ማዕየ-አን	• እና-ኪሕኩሓ	• ምስ-ወግሐ

2. ነዚልኩም ኣንብቡ።

• እናኳሕኩሐ	• ምስወግሐ	• እኖኽን	• ማዕዖአን	• ስለዝሓረቓ



ዓርሰ ንባብ

ኩሉ ዶ ድርቅና ይመስለክን!

1. ብመሰረት እቲ ምንባብ ልክዕ ንዘኾኑ "ሓቂ" ልክዕ ንዘይኾኑ ድማ "ጌጋ" እናበልኩም መልሲ ሃቡ።

ሀ. እቶም ጎረባብቲ ንተን ሰበይቲ ዝኳሕኩሑወን ቤተክርስትያን ንክኸዳ እዩ።

ለ. ... እተን ሰበይቲ ማዕዖአን ምኽፋት ዝኣበያ ስለዝፈርሓ እየን።

ሐ. እተን ጎረባብቲ ነተን ሰበይቲ "ኣዴኽን ሞይተን" ዝበልአን፣ ማዕዖ ስለዘይከፈታለን እየን።

2. ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ኣማልኡ።

1. ድሕሪ ብዙሕ ምኩሕኳሕ _____

2. እተን ሰበይቲ ግና "ዘረባይ ሓንቲ እያ" ስለዚ _____

3. ወዮ ብኽብሪ ክንገራ ዝግብአን ሰበይቲ _____



ቃላት

ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነቶም ዝተሓንፀፀሎም ቃላት ፍታሕ ሕረዩሎም።

1. ኣባዲ ኣብ ዘይብሉ ዕውው ገዛ ብኽይ ወዓላ።

ሀ. ረባሽ ለ. ጠባሪ ሐ. መኽሪ

2. ናይቲ ከባቢ ሰባት ክርድኡወን ንሰንበት ንጉሆ ተጀፀሩ።

ሀ. ክነግሩወን ለ. ክሕግዙወን ሐ. ክህቡወን

3. ኣትን እንበይተና ኩሉዶ ድርቅና ይመስለክን?

ሀ. ንቁዕ ለ. ህልኽ ሐ. ድፍረት

4. ኣብ ባህሊ ትግራይ መርድእ ኣብ ኣጋ ወጋሕታ ይንገር።

ሀ. ልምዲ ለ. እምነት ሐ. ዘተ



ፅሕፈት

"ቆልዓ ብኽመይ ክስተኻኽል ኣለዎ?" ብዝብል ርእሲ ሓፂር ፅሑፍ ፀሓፉ።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ቆልዓ ብንኡሱ...

ሀ. እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. ኣቦይ በየነ ንሄኖክ "ዓበይቲ ዘረብኦም ምስ ወድኡ ሓሳብካ ክትገልፅ ትኽእል ኢኻ" ዝበልዎ እንታይ ስለዝገበረ እዩ?
2. ሄኖክ ንምንታይ ይቕረታ ሓቲቱ?

ለ. ነቲ ዘዳመፅኩምዎ ምንባብ ብሓሙሽተ ምሉእ ሓሳባት ኣሕዚርኩም ፀሓፉ።።

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ጠሚርኩም ፀሓፉ።።

1. -ኽን ፣ -ኦን ዝብሉ ጥብቆታት እኖ፣ ማዕዶ፣ ክዳን ምስ ዝብሉ ቃላት ብምጥማር ሰለስተ ቃላት ፀሓፉ።።
2. እና-፣ ምስ- ዝብሉ ጥብቆታት ወግሐ፣ ኳሕኩሐ ምስ ዝብሉ ቃላት ብምጥማር ሰለስተ ቃላት ፀሓፉ።።

ለ. ነፂልኩም ፀሓፉ።።

እኖኽን	ማዕዶኦን	እናኳሕኩሐ	ምስወግሐ	ክዳነን



ዓርሰ ንባብ

ኩሉ ዶ ድርቅና ይመስለክን!

1. ዕዝር፣ መርድኣ፣ ንጉሆ፣ ኳሕኩሓ፣ ስለዝሓረቕ፣ ብኽያት፣ ኣባዲ ዝብሉ ቃላት ብኣቕልቦ ረኣዩ። ቀፂልኩም ብዛዕባ ትሕዝቶ እቲ ሕሉፍ ምንባብ ዘኪርኩም ተዛተዩ።
2. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ምላሽ ሃቡ።።
   1. ማዕዶ ተኺኩሑ። ሕቶ፡- ናይ መን? _____
   2. ምስ ወግሐ ተመሊስክን ምፃ ኢለንኣን። ሕቶ፡- ንመን? _____
   3. ቑሪ ወዲኡና በይዛኽን ክፈታና ኢለንኣን። መን? _____



ቃላት

ተመሳሳሊ ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።

1. ወጋሕታ	2.ኪሕኩሓ	3.ዘረባ	4.ሓረቓ	5.ክብሪ



ፅሕፈት

ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ካብቲ ምንባብ እናረአኹም ቅኑዕ ስርዓተ ነጥቢ ኣቐምጡ።

ሀ. እተን ኣንስቲ እንበይተይ_____ንዓናይ ቤተ _____ ክርስትያን ንኺድ_____ ኢለን ማዕፆአን እናኪሕኩሓ ተዳመሳአን _____

ለ. እተን ሰበይቲ ድሕሪ ብዙሕ ምሽሕኺሕ _____ መን ኢኻ _____ በላ_____

ሐ. _____ ኣትን እንበይተና ኩሉዶ ድርቅና ይመስለክን _____ እኖኽን ሞይተን ክነርድአክን ኢና መፂእና ነይርና _____ ኢለንአን ዕዝር በላ _____

ሰሙን 28

ዓርሰ ንባብ

ስዋአን ብጡጠን



ቀደም ከምዚ ሎሚ ንርእዮ ዘለና ገንዘብ ዝበሃል ኣይነበረን። ሰባት ሓደ ኣቕሓ ንምዕዳግ ብኻሊእ ኣቕሓ ብምልዋጥ እቲ ናይ ምዕዳግ ተግባር የካይዱ ነበሩ።

ሓደ ግዘ፣ ሓንቲ ሰበይቲ ኣብ ቀፅሪ ገዝአን ጡጥ ሰጢሐን ኣብ ውሽጢ ገዝአን ኮይነን ስዋ ይሸጣ ነበራ ይበሃል። ስዋ ኣገዩ ዘድለዮም ሰብኣይ በቲ ቀፅሪ ገዝአን ክሓልፉ እንተለዉ፣ ሃንደበት ነቲ ዝተሰጥሐ ጡጥ ረኣዩዎ። ሽዑ ካብቲ ጡጥ ዝተወሰነ ኣልዒሎም ኣብ ነፀላኦም ቋፀሩ። ሰተት ኢሎም ናብቲ ውሽጢ ኣትዮም ድማ "ጡጥ እኒሀኒ ዝደለኹዎ ግና ስዋ እዮ እሞ ብለውጢ ጡጥ ስዋ ይሃባኒ" በሉወን። እተን ሰበይቲ ከዓ "እሺ ኮፍ ይበሉ" ኢለን ስዋ ቀዲሐን ሃብኦም እሞ ጡጠን ተቐበላ። ንሶም ድማ ስዋኦም ሰትዮም ተሰናቢቶምወን ወፁ።

ኣብ መንገዲ እናኸዱ ሓደ ዓርኮም ረኸብዎም። "እንታይ ደኣ እዮም ስዋ ስዋ ዝጨንዉ ዘለዉ?" ኢሎም ሓተቱዎም። "እወ ሐዚ ሰትየ መዒአ" ኢሎም መለሱ። ዓርኮም ርእሶም ሒዞም "እንታይ ለዊጦም ድኣ ስዋ ረኸቡ?" ቀሚሎም ሓተቱ። "ኣብ መረብአን ተሰጢሑ ዝነበረ ጡጥ ኣልዒለ፣ ናተይ ኣምሲለ ብስዋአን ለዊጠየን" በሉዎም። እቶም ዓርኮም ርእሶም ሒዞም ብስንባደ "ስዋአን ብጡጠን!" በሉ።

(ኣስረስ ተሰማ፣ ኣንብቡኒ፣ 1993)

ምድማፅ

ባህላዊ ንግዲ



ሀ. እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ተግባር ምሻጥን ምዕዳግን እንታይ ይበሃል?
2. ኣብ ባህላዊ ዕዳጋ እንታይን እንታይን ንረክብ?
3. ኣብ ባህላዊ ዕዳጋ መራኸቢ መዓልትን ቦታን ዝውስን መን እዩ?

ለ. ኣዳሚፅኩም ምላሽ ሃቡ?

1. ባህላዊ ዕዳጋ እንታይ ማለት እዩ?
2. ክልተ ረብሓታት ባህላዊ ንግዲ ግለፁ።

ዓርሰ ንባብ

ስዋአን ብጡጠን

ሀ. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ቀደም ዕዳጋ ከመይ ይካየድ ነይሩ?
2. እቶም መንገደኛ፣ ስዋ ከመይ ክሰትዩ ክኢሎም?

ለ. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ኣብዚ ሐዚ እዋን ዕዳጋ ከመይ ይካየድ?
2. ዓርኩም ዝኾም በዓል ጡጥ “ስዋአን ብጡጠን!” ኢሎም ዝሰንበዱ ንምንታይ እዩ?

2ይ መዓልቲ

ምጥማርን ምንፃልን

1. ብመሰረት እቲ ኣብነት ጥብቆታት ብምውሳኽን ብምጥማርን ኣንብቡ።

ኣብነት፣



2. ብመሰረት እቲ ኣብነት ሓደ ሓደ ጥብቆ እናጉደልኩም ኣንብቡ።

ዝተሰጥሐ	እንተተዓደገ	ዝተፀዓነ
ተሰጥሐ		
ሰጥሐ		



ዓርሰ ንባብ

ስዋእን ብጡጠን

1. “ስዋእን ብጡጠን” ካብ ዝብል ምንባብ እትዝክሩዎም 6 ቃላት ፀውዑ።

2. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ቀደም ሰባት _____ ሓደ ነገር ንምግዛእ ተግባር ዕዳጋ የካይዱ ነበሩ።
2. ሓንቲ ሰበይቲ ኣብ _____ ጡጥ ሰጢሐን ነበራ።
3. እቶም መንገደኛ “ጡጥ እኒሀኒ ዝደለኽዎ ግና ስዋ እዩሞ ብ _____ ስዋ ይሃባኒ” በሉ።

3 እዚ ምንባብ ብዛዕባ ስነምግባርን ዕዳጋን እንታይ ይምህረና?

ቃላት

መምህር ካብ ጉጅለኹም ንሓዱኹም ሓደ ቃል ሕሹኽ ኢሉም ይንገሩኹም። እቲ ቃል ዝተነገሮ ተምሃራይ ብምልክት ንዝተረፉ ደቂ ጉጅለኹም የርእየኩም። ንስኻትኩም ድማ እቲ ብምልክት ዝተነገረኩም ቃል ገምቱ። ብኡ ንብኡ ድማ ምሉእ ሓሳብ መስርቱ።

ፅሕፈት

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብምጥቃም “ዕዳጋ ቀደምን ሎሚን” ንዝብል ሓሳብ ዝገልፅ ካብ 3-4 ምሉእ ሓሳባት ዝሓዘ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

(ቀደም፣ ገንዘብ፣ ምዕዳግ፣ ለውጢ፣ ሎሚ፣ ምሸጥ)

3ይ መዓልቲ



ምድማዕ

ባህላዊ ንግዲ

ሀ. ነዞም ምሉእ ሓሳባት እናዳመዕኩም ቅኑዕ ሓሳብ ንዝሓዘ “ሓቂ”፣ ቅኑዕ ንዘይኮነ ድማ “ጌጋ” በሉ።

1. ኣብ ኣናእሽተይ ድንኳናት ዝግበር ርክብ ምግዛእን ምሻጥን ባህላዊ ዕዳጋ ይበሃል።

2. ባህላዊ ንግዲ፣ ፀገማት ዝፍትሑሉ መድረኽ እዩ።

ለ. ባህላዊ ንግዲን ዘመናዊ ንግዲን እናወዳደርኩም ፀሓፉ።

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንባልን

1. ኣነ፣ “ይ” ብዝብል ጥብቆ ዝጅምር ቃል ካብቲ ምንባብ እደሊ ኣለኹ። እቲ ቃል እንታይ እዩ?

2. ኣነ፣ “ኦም” ብዝብል ጥብቆ ዝውድእ ቃል ካብቲ ምንባብ እደሊ ኣለኹ። እቲ ቃል እንታይ እዩ?



ዓርሰ ንባብ

ስዋአን ብጡጠን

“ስዋአን ብጡጠን” ካብ ዝብል ምንባብ በብውልቀኹም ሓድሓደ ሕቶ ኣዳልዉ። ናይ ጉጅለኹም ሕቶታት ብምጥማር ንኻልኦት ጉጅለታት ሕተቱ።



ቃላት

በብጉጅለኹም ኮይንኩም ፍታሕ ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።

1. ተግባር	2. ቀፅሪ	3. ሃንደበት	4. ቋፀሩ	5. ውሽጢ



ፅሕፈት

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት መስርቱ።

1. ቀፅሪ 2. ሃንደበት 3. ውሽጢ 4. ቋፀሩ 5. ጡጥ

ሰሙን 29

ዓርሰ ንባብ

ባሪኹ ይሃብካ

ሓደ ዓይነ ስውር ሰብኣይ ወዶም በቐሎም ሸይጡ ንኽመፅእ ንዕዳጋ ሰደዱዎ። እቲ ወዶም “ብኽንደይ እየ ክሸጣ?” ኢሉ ሓተቶም። ንሶም ከኣ “ብሩኽ ገንዘብ ይግበረልካ! ኢሉ ዝህበካ ሰብ እንተረኺብካ እተን ዝረኸብካየን ሒዝካ ምፃእ!” ኢሎም ሰደዱዎ።



እቲ ወዲ ንዕዳጋ ወሪዱ ነታ በቐሊ ዝዕድጉ ብዙሓት ሰባት ረኸበ። ግናኸ “ብሩኽ ገንዘብ ይግበረልካ” ዝብሎ ኣይረኸበን።

ምሉእ መዓልቲ ኣብ ዕዳጋ ውዒሉ ቀቢፁ ንገዝኡ እንትምለስ፣ ዕንፀይቲ ዝሓዘ ሰብኣይ ረኸበ። “እዛ በቐሊ ትሸየጥ ድያ?” ኢሉ ሓተቶ። “እወ” ምስበሎ “በል

እዘን ዕንፀይቲ ብሩኻት ይግበረልካ ምስ እዛ በቐልኻ ለውጠኒ” በሎ። ንሱ ድማ “ብሩኻት” ዝብል ቃል ምስ ሰምዐ ለወጦ።

ኣቦኡ “እንታይ ድኣ ዕንፀይቲ ሒዝካ መፂእኻ?” በልዎ። “ንዝባረኽልካ ሃብ ዶ ኣይበልካኒን?” ኢሉ መለሰሎም። “እወ” ኢሎም ተገሪሞም፣ መስዩ ስለዝቐረሩ “በል ካብቱ ዘምፃእኻዮ ዕንፀይቲ ገይርካ ሓዊ ኣንድድ” ኢሎም ክስሕኑ ቀሪቦም ኮፍ በሉ።

ትኪ እቲ ሓዊ ናብ ዓይኖም ኣተወ። ብኡ ገይሩ ዓዊሩ ዝነበረ ክልተ ዓይኖም ተኸፍተ፣ ረኣዩ ከዓ። ትኪ እቲ ዕንፀይቲ፣ ዓይነ-ስዉራት ከድሕን ዝኽእል ምኂኑ ተኣሚኑ ብዙሓት ዓይነ ስዉራት ገንዘብ እናኸፈሉ እናሓወዩ ከዱ። እቶም ሰብኣይ ድማ ሃብታም ኮኑ ይበሃል።

(ብሂል መለድና፣ ፍቓዱ ገብላሌ፣ 1982፣ ክምዝጥዕም ኣሕዚርካ ዝተወሰደ)



ምድማፅ

ኣቀባብላ ዓማዊል



ሀ. እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ጫማ ንኽግዝአላ ዝሓተተት መን እያ?
2. ኣደን ጓልን "ከቢሩ" ምስ በልኦ እቲ ወዲ እንታይ ኢሉወን?
3. ዋጋ እቲ 38 ቁፅሪ ጫማ ክንደይ እዩ?

ለ. ኣዳሚፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ኣብዚ ምንባብ ክንደይ ሰባት ኣለዉ?
2. ኣደን ጓልን ጫማ፣ ካበይ ዓዲገን?
3. ኣቀራርባ ነጋዶ ከመይ ክኸውን ይግባእ ትብሉ?



ዓርሰ ንባብ

ባሪኹ ይሃብካ

ሀ. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. በቐሊ ንመሸጣ ዝለኣኹ ሰብኣይ መን እዮም?
2. እቲ ወዲ ነታ በቐሊ ብምንታይ ለዊጡዋ?
3. እቶም ዓይነ-ስዉር ንምንታይ ኣብ ጥቓ ሓዊ ኮፍ ኢሎም?

ለ. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. እቶም ዓይነ ስዉር ብኸመይ ሃፍቲሞም?
2. እቲ ወዲ "ነታ በቐሊ ብክንደይ ክሸጣ?" ኢሉ ምስ ሓተቶም ኣቦኡ እንታይ ኢሎም መሊሶምሉ?
3. እቶም ዓይነ-ስዉር ዝነበሩ ሰብኣይ ብኸመይ ድሒኖም?

2ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንባልን

ሀ. “እንተ”፣ “ዝ” ብዝብሉ ጥብቆታት ዝጅምሩ “-ም”፣ “-ካ” ብዝብሉ ጥብቆታት ድማ ዝውድኡ ቃላት ካብቲ ምንባብ ለሊኹም ብምዕሓፍ ኣንብቡ።።

ለ. ኣብ “ሀ” ንዝፀሓፍኩምዎም ቃላት ነዚልኩም ብምዕሓፍ ኣንብቡ።።



ዓርሰ ንባብ

ባሪኹ ይሃብካ

እናንበብኩም ነቶም ውጡናት ሓሳባት ዛዝሙ።።

- ንወዶም ዕዳጋ ሰደድዎ _____ በቐሊ ብዕንፀይቲ ለወጠ። ስለዝቐረቦም _____። ናይቲ ዕንፀይቲ ትኪ _____። ብዙሓት ዓይነ ስውራት ገንዘብ እናኸፈሉ በቲ ትኪ ተፈወሱ። ኣብ መወዳእታ እቶም ሰብኣይ _____።



ቃላት

ኣብ “ሀ” ንዝተዘርዘሩ ሓረጋትን ምሉእ ሓሳባትን ኣብ “ለ” ምስ ዝተዘርዘሩ ቃላት ኣዛምዱ።።

ሀ	ለ
_____1. ሰደዱዎ	ሀ. የፀብቐልካ
_____2. ቀቢፁ ተመልሰ	ለ. ኣንድድ
_____3. ሰብኣይ ረኸቦ	ሐ. ለኣኹዎ
_____4. ብሩኽ ይግበረልካ	መ. ሰኣነ
_____5. ሓዊ እጮድ	ረ. ኣጓነፎ



ፅሕፈት

“ኣቀባብላ ዓማዊል” ካብ ዝብል ምንባብ ቀንዲ ቀንዲ ሓሳባት ብምውፃእ ሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።።

3ይ መዓልቲ



ምድማፅ

ኣቀባብላ ዓማዊል

ነቲ ምንባብ መሰረት ገይርኩም ነዚ ዝስዕብ ምልልስ ብመልክዕ ተዋስኦ ኣቕርቡዎ።

ዓል፡- ጫማ ዓድግለይ እባ!

ኣደ፡- ክንደይ እዩ እዚ ጫማ

ሸያጢ፡- 350 ቅርሺ

ኣደ፡- ኣይከበረን!?

ሸያጢ፡- እንተደሊኽን ግደፍኦ!

ዓል፡- ዋእ ከምኡ ዶ ይበሃልዩ? ንዕናይ ናብ ካሊእ

ኣደ፡- ከመይ ውዒልኪ እዛ ዓለይ? ጫማ ዶ እኒኣኪ?

ሸያጢ፡- እተዋ! ኣለኒ ብ150 ቅርሺ ውሰዳ

ኣደ፡- በሊ ሃቢ። የቐንየልና። ብሩኽ መዓልቲ።

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ግቡእ ጥብቆ ብምሕራይ ጠሚርኩም ፀሓፉ።

1. _____(እንተ፣ ዝ፣ ከይ) ረኺብካ ሒዝካ ምፃእ።
2. ንወዶም ናብ ዕዳጋ ሰደዱ ___ (ካ፣ዎ፣ና)።
3. ገንዘብ _____(ከይ፣ እና፣ ስለ) ከፈሉ ተፈዊሶም ከዱ።
4. እቲ ወዶም “ብኽንደይ ክሸጣ?” ኢሉ ሓተቶ _____ (ን፣ም፣ዎ)።
5. በቐሊ ዝዕድጉ ብዙሓት ሰብ _____ ረኽበ። (ቶም፣ ኡይ፣ ኣት)

ለ. ኣብ “ሀ” ጠሚርኩም ንዝፀሓፍኩምዎም ቃላት ነሚልኩም ፀሓፉ።

ኣብነት፡- እንተረኺብካ (እንተ-ረኺብካ)



ዓርሰ ንባብ

ባሪኹ ይሃብካ



1. ነዚ ስእሊ ብምርኣይ ብዛዕባ እቲ ሕሉፍ ምንባብ ዘክሩ።
2. “ባሪኹ ይሃብካ” ንዝብል ምንባብ ብኣርባዕተ ምሉእ ሓሳባት ኣሕዚርኩም ፀሓፉ።
3. “ባሪኹ ይሃብካ” ንዝብል ፅሑፍ ብምንባብ ነቶም ሰባት ተኪእኹም ሓዚር ተዋስኦ ስርሑ።



ቃላት

ኣብ “ሀ” ንዝተዘርዘሩ ሓረጋትን ቃላትን ኣብ “ለ” ምስ ዝተዘርዘሩ ቃላት ብተመሳሳሊ ፍታሕ ኣዛምዱዎም።

“ሀ”				
1. ዓይኖም ተኽፈተ	2. ተፈዊሶም	3. ንዕዲጋ ወረዱ	4. ዝረኽብካዮ	5. ለውጠኒ
“ለ”				
ሀ. ዘጋጠመካ	ለ. ከይዱ	ሐ. ቀይረኒ	መ. ሓውዮም	ረ. ረአዩ



ፅሕፈት

ኣብዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ግቡእ ስርዓተ ነጥቢ ተጠቐሙ።።

1. እዛ በቐሊ ዋጋኣ ክንደይ እዩ _____ (፣ ፡ ?)
2. ካብ ዕዳጋ መዓር _____ ጠስሚ _____ ደርሆን እንቁላሊሕን ዓዲጉ። (፣ ? ።)
3. ዕንፀይቲ ዝሓዘ ሰብኣይ ኣብ መንገዱ ረኸበ _____ (፡ ? ።)
4. ኣብ ዕዳጋ ኮሚደረ _____ ሽጉርቲ _____ ድንሽን ጉዕን ይርከብ። (? ፣ ።)
5. እንታይ ድኣ ዕንፀይቲ ሒዝካ መፂእኻ _____ (። ? ፣)

ሰሙን 30



ዓርሰ ንባብ

መሸጣ ኣትክልቲ



ኣብ ከባቢና ኣዝያ ፍልጥቲ መሸጢት ኣሕምልቲን ፍረምረን ኣላ። እዛ ድንኳን ብዙሓት ዓማዊል ኣለዉዋ። ረቡዕን ዓርቢን ሓደሽቲ ኣትክልቲ ይራገፉ። በዚ ምኽንያት ኣብዘን መዓልትታት ብዙሓት ሰባት እናተሻመዩ ይዕድጉ።

ኣብዛ ድንኳን ልዕሊ እቶም ኣትክልቲ፣ ነቶም ዓማዊል ዝስሕቦም ትሕትናን ኣቀራርባን እቶም ሸየጥቲ እዩ።

እዞም ዝስዕቡ ሰደቓታት በዝሒ ኣብ ረቡዕን ዓርቢን ዝሸየጡ ኣትክልቲ ብኪሎ ዘመልክቱ እዮም።

ረቡዕ

በዝሒ በኪሎ									
ዓይነት ኣትክልቲ	10	15	20	25	30	35	40	45	50
ሰላጣ				X					
ቆስጣ									X
ኮሚደረ						X			
ኣራንሺ								X	
ወይኒ			X						
ፓፓዬ					X				

ዓርቢ

በዝሒ በኪሎ									
ዓይነት ኣትክልቲ	10	15	20	25	30	35	40	45	50
ሰላጣ					X				
ቆስጣ								X	
ኮሚደረ							X		
ኣራንሺ									X
ወይኒ				X					
ፓፓዬ						X			



ምድማዕ

መልሲ ካብ ዕዳጋ



ሀ. እናዳመዕኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. እተን ሰበይቲ ዝብኢ ዘጋጠመን ካበይ ናበይ እንትኸዳ እዩ?
2. እተን ሰበይቲ ነቲ ዝብኢ እንታይ ገይረንኡ? ንምንታይ?

ለ. ኣዳሚዕኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. እቲ ዝብኢ ኣብ መንገዲ ንምንታይ ደቂሱ?
2. “መልሲ ካብ ዕዳጋ” ንዝብል ምንባብ ኣሕዊርኩም ኣዘንትዉ?



ዓርሰ ንባብ

መሸጣ ኣትክልቲ

ሀ. እናንበብኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. ኣብቲ ሰደቓ ዘለዉ ቁዕርታት እንታይ ይሕብሩ?
2. ኣብቲ ዕዳጋ ንመሸጣ ዝቐረቡ ኣሕምልቲ እንታይ እንታይ እዮም?
3. ኣብቲ ዕዳጋ ንመሸጣ ዝቐረቡ ፍረምረ እንታይ እንታይ እዮም?

ለ. ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።።

1. ኣብ ዕለተ ረቡዕ ብበዝሒ ዝተሸጠ ኣትክልቲ እንታይ እዩ?
2. ኣብ ዕለተ ዓርቢ ውሑድ ዝተሸጠ ኣትክልቲ እንታይ እዩ?
3. ኣብ ዕለተ ረቡዕ ብኪሎ ብዙሕ ዝተሸጡ ኣሕምልቲ ድዮም ወይስ ፍረምረ?

2ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ዕምዲ ቃል መስርቱ።

ኣብነት፡- ጥረ ---------- = ጥረምረ

1. ቆፅሊ	2. ሓፂን	3. ፍረ	4. ጨርቂ	5. ጨና

ለ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ቀይሩ።

1. ሳዕረማዕሪ= ሳዕሪ	3. ወዲ ወዶ
2. ሱራሙር	4. ንልንሎ



ዓርሰ ንባብ

መሸጣ ኣትክልቲ

ኣንቢብኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ኣብ ዕለተ ዓርቢ ውሑድ ዝተሸጠ ኣትክልቲ እንታይ እዩ?
2. ብዙሕ ኪሎ ኣትክልቲ ዝተሸጠ ረቡዕ ድዩ ዓርቢ?
3. ብዙሕ ኪሎ ፍረምረ ዝተሸጠ መዓዝ እዩ?



ቃላት

ፍታሕ ዝስዕቡ ቃላት፣ ምሉእ ሓሳባት ብምህናፅ ኣርእዩ።

1. ኣማዕድየን	3. ሕነ	5. ውነ
2. ሰኹሰኹ	4. ዕርብርብ	6. ዓሚል

ዕሕፈት

ኣብ ታሕቲ ኣብ ዘሎ ሰደቓ እቶም ኣትክልቲ ዝተሸጥሉ ኪሎ ፀሓፉ። ኣብ እግሪ እቲ ሰደቓ መግለፂ ፀሓፉ።

	ሰላጣ	ቆስጣ	ኮሚደረ	ኣራንሺ	ወይኒ	ፓፓዬ
ረቡዕ						
ዓርቢ						

ሰደቓ ፡ ----------

3ይ መዓልቲ

ምድማዕ

መልሲ ካብ ዕዳጋ



ሀ. እናዳመፅኩም ምላሽ ሃቡ።

1. ትሕዝቶ ዓንቀፅ ሓደ ብሓፂር ግለፁ።
2. ትሕዝቶ ዓንቀፅ ክልተ ብሓፂር ግለፁ።
3. ትሕዝቶ ዓንቀፅ ሰለስተ ብሓፂር ግለፁ።

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ቀድም ሰዓብ ኣትሕዙዎም

1. ነቲ ዝብኢ ብዕላል ምስተንከፈኦ ጣጥ ኣቢሉ ዕርብርብ ጠፍኣ።
2. ፀኒሐን ውንአን ፈለጣ።
3. ኣማዕድየን እንትጥምታ ኮፍ ዝበለ ዝመስል እንስሳ ረአያ።
4. ሓንቲ ሰበይቲ ካብ ዕዳጋ ንገዝአን ይምለሳ ነይረን።
5. ቅርብ እናበላ እንትኽዳ እቲ እንስሳ ዝብኢ ምኺኑ ኣረጋገፃ።
6. ወየን ሰበይቲ ኣዚሩወን ወደቓ።

4ይ መዓልቲ



ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ብዙሕ ቁፅሪ ዘመልክቱ ቃላት ናብ ንዕል ቁፅሪ ለውጡ።

1. ኣሕምልቲ	3.መዓልቲታት	5.ዓማዊል
2. ፍረምረ	4. ሸየጥቲ	6. ሰደቓታት

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ንዕል ቃላት ናብ ብዙሕ ቁፅሪ ለውጡ።

1. ሓዱሽ	2. ፍልጥቲ	3. ድንኳን	4. ተኽሊ



ዓርሰ ንባብ

መሸጣ ኣትክልቲ

ኣንቢብኩም መልሱ።

1. ዕዳጋ ረቡዕን ዓርቢን ካብቶም ካልኦት መዓልቲታት ፍልይ ዘብሎ እንታይ እዩ?
2. ኣብዘን ክልተ መዓልቲ ዕዳጋ በዝሒ ዝተሸጡ ኣትክልቲ ብኪሎ ክንደይ እዩ?

ቃላት

ኣስማት ዝስዕቡ ስእሊታት ፀሓፉ።



ፅሕፈት

“ኣዝየ ዝፈራሕኽሉ መዓልቲ” ብዝብል ርእሲ ሓሙሽተ ምሉእ ሓሳባት ዝሓዘ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

ማህደረ ቃላት

ሃሳስ	ዓሻ፣ ለባም ዘይኮነ
ህድሞ	ብመንድኞ ዝተሰርሐ ኮይኑ ላዕሉ ግና ብዕንፀይቲ፣ ብቐዕሊን ብጭቃን ዝተደብደበ ገዛ
ለምሲ	መሓውር ዘድክም፣ ዘመንምን ወይ ካብ ስራሕ ወፃእ ዝገብር ሕማም
ለፊው	ቆርበት፤ ለስሊሱ ንዝተፈላለዩ ስራሕቲ /መዕዓን፣ ማእሲ፣ ማሕዘል/ ድሉው ኮይኑ ማለት እዩ።
መረባ	ኣብ ቀዕሪ ገዛ ዝርከብ ባዶ ወይ ተኽሊ ዝተተኽለሉ ቦታ
መንበስበስታ	ማእኸል ርእሲ ኮይኑ ብፍላይ ኣብ ህፃናት ትምብህ ትምብህ እናበለ ዝረአ
መዕጥቐ	ሰባት መኪና እንትዝውሩ ንባዕሎም፣ ንንብረቶምን ንካልኦት ሰባትን ካብ ሓደጋ ንምድሓን ዝዕጠቐዎ እዩ።
ምጉሕጓሕ	ምፍሓር፣ ውሽጢ ውሽጡ ምብዝባዝ
ምድባስ	ሕዙናት ሓዘኖም ምእንቲ ክርስዑ ምዕንናዕ፣ ምስጋል
ሳሱላ	ደቀንስትዮ ኣእዳወንን ኣእጋረን ኣፀሊመን ንምምልኻዕ ዝጥቀማሉ ሱር ተኽሊ
ስቐሬን	ኣብላዕለዋይ ክፋል እዝኒ ዝስኪዕ፣ እንካብ ወርቂ፣ ብሩር ወይ ነሓሲ ዝስራሕ መመላኽዒ እዩ።
ብላይ	ዝኣረገ ኣቕሓ ወይ ከዓ ክዳን
ተላበድቲ	ከም ባርዕ ሓዊ ኣብ ሓፂር ግዘ ካብ ሰብ ናብሰብ ዝመሓለፉ ሕማማት
ተፀንበረ	ሓደ ሰብ እንስሳ ወይ ግኡዝ ምስካሊእ ንእኡ ዝመስል ተሓወሰ
ትልሚ	በብዕለቱ፣ በብሰሙኑ፣ ክፍፀሙ ዝግበኦም ተግባራት፣ ኣፈፃፅማኦምን ፈፃሚኦምን ዘመልክት ሕንፃፅ መዕናዕቲ ወይ እዮ
ሽክና	ዓምሓም ምስፈረየ ነቱ ፍረ ኣንቂዕካን ኣስተኻኺልካን መስተዪ ማይን ስዋን ኮይኑ ዘገልግል እዩ
ሾርባ	ካብ ዝተጥሓኑ ኣትክልቲን ፍረምረን ዝዳሎን ኣብሲልካ ብትኩሱ ዝስተን

ናቹጣ	ንእሽተይ ግራት ወይ ውሑዳት ሰባት ዝነብሩሉ፤ ካብ ጣቢያ ዝነኣሰ ቁሸት
እንቅዓ	ካብ ኣርባዕተ ምለሊኽ ንላዕሊ ክሕዝ ዘኽእልን ካብ ስፌት ዝስራሕን መስፈሪ ወይ መዝርኢ እዩ
ኩርሽ	ኣብያተትምህርቲ መልእኽቲ ኣብሰሌዳ ንምዕሓፍ ዝጥቀሙሉ ኮይኑ ፃዕዳ ወይ ካሊእ ሕብሪ ክህልዎ ይኽእል
ውርውራይ	ኣብ ከተማ ኣጋራት ንኽሰግሩሉ ዝተሰርሐን ብፃዕዳ ቀለም ዝተሸለመን መንገዲ ዕርጊያ እዩ።
ዕቡይ	ንወለዱ ኮነ ንካልኦት ሰባት ዘየኽብር፤ ዘይኣነ በሃላይ፣ ሰብ ዝንዕቕ ሰብእዩ።
ዝብጦ	ካብ ብሩር ዝስራሕ ዓይነት ቀለበት እዩ። ሓድሓደ ኣደታት ኣብክሳደን እውን ይኣስርኦ እየን።
ደቒቕ	ካብ ዓይኒዓተር ድቕቕ ዝበለ ንፀብሒ /ክክዕ/ ዝኸውን እኽሊ
ድንኩል	ጠሊ ዘለዎ ግራት እንትሕረስ ብማሕረሻ ተገሚሱ ዝወዕእ ገዚፍ ቅርፂ ዝሓዘ ሓመድ እዩ
ገለበዳ	ኣብ ዞባ ማእኸል፣ ከባቢ ገረዓልታ ዝርከብ ቦታ
ጓሳ	ናይ ስድርኡ፣ ወይ ናይ ካልኦት ሰባት ከፍቲ ዝሕሉ ሰብ
ጥርቀለም	መዳብ ወይ ካብ መዳብ ዝተሰርሐ መጋየፂ